ቅያታት
ሸርሎክ ሆልምስ

ድርሰት ሰር ኣርተር ዶይል
ትርጉም ሳሮን ዳንኤል

መእተዊ

እዛ ቅያታት ሸርሎክ ሆልምስ ዝሰመኽዋ ፈላሚት ናይ ትርጉም ስርሐይ ካብቲ ዓለምለኻዊ ህቡብነት ዝተጓናጸፈ ጸሓፋይ ሰር ኣርቱር ዶይል ዝተጠርነፈ ኣርባዕተ ንጽል ዛንታታት ዝተተርጎመት እያ። እዛ መጽሓፍ ኣዛናጋሚትን መሃሪትን ኰይና ብፍላይ ንተማሃሮ ኣንበብቲ ናይ ምንባብ ልምዲ ከማዕብሉ እትሕግዝን፡ ነቲ መበቆላዊ ጽሑፍ ማለት “Adventure of Sherlock Holmes” ተወኪሶም ድማ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ዓቅሞም ዘማዕብሉሉ ባይታ ትፈጥር። እቲ ቀንዲ ጠባይ ናይዘን ዛንታታት ዝኹነ ሸርሎክ ሆልምስ ዓበይቲ ግድላት ክፈትሕ ዝኽእልን ልዑል ናይ ምስትውዓል ዓቅሚ ዘለዎን እዩ። ጠባይ ሸርሎክ ብኣንበብቲ ዘለዎ ተፈታውነቱ ካብ ዝተላዕለ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዓቢ ሓወልቲ ተሃኒጽዎ ይርከብ። እቲ ምትሃታዊ ዝመስል ብልሑን ናይ ጸሓፊ ኣቀራርባን ኣብ ተመሰጦ የጥሕለካ። ኣነ’ውን ብዓቕመይ ነዚ ብሉጽ ጽሑፍ ኣብ ሃገርና ብሓደ ካብ ቋንቋታትና ክስተማቐር፡ መቀረቱ ከይቀየርኩ ከቕርቦ ፈቲነ ኣለኹ እሞ ንቐደም።

ጸውዒት ሞት

ምስ ኣቶ ሸርሎክ ሆልምስ ንሸሞንተ ዓመታት ዝኣክል ሰሪሐ ኣለኹ። ወረቓቕተይ ገናጺለ ኽርኢ እንከለኹ፡ ልዕሊ 70 ናይ ገበን መርመራ ግድላት ከም ዘጸሓፍኩ ኽግንዘብ ከኣልኩ። ገሊኡም ኣሰቀቕቲ ገበናት ክኾኑ ኸለው፡ ገሊኡም መስሓቓት፡ ብዙሓት'ውን ኣገረምቲ ነይሮም። ግን ከኣ ኾሎም ደስ ዘብሉ ቐያታት። ሸርሎክ ንስለ ምኽዕባት ገንዘብ ኢሉ ኣይኩነን ዝሰርሕ። ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ሰሓቢ ዛዕባ እንተ ረኺቡ፡ ነቲ ስራሕ ይቐበሎ። ኣቓልቦኡ ዝስሕብ ፍጻሜ እንተ ዘይረኺቡ ግን፡ ነቲ ስራሕ ኣይቀርቦን እዩ።

ወረቓቕተይ ገናጺለ ልዕሊ እታ ናይ ብዓልቲ ነጠብጣብ ቀናት ቀያ፡ ኣደናቕን ኣገራምን ዝኾነ ጉዳይ ክዝክር ኣይከኣልኩን። ክሳዕ ብህይወት ዘላ ነቲ ምስጢር ክንዕቅበላ ቓል ኣቲናላ ነይርና፣ ሕጂ ግን ነቲ ዛንታ ኸዘንቱዎ ኽኢለ ኣለኹ። ምኽንያቱ እታ ብዓልቲ ጉዳይ ዝነበረት ሰበይቲ ዝሓለፈ ወርሒ ስለ ዝዓረፈት።

እዋኑ ኣብ ቀዳሞት መዓልታት ናይ ወርሒ ሚያዝያ 1883 እዩ ዝነበረ። ሓደ ንግሆ ኻብ ድቃሰይ ምስ ተባራበርኩ እቲ ዝበዝሐ ግዜ ኣራፊዱ ዝትንስእ ሸርሎክ፡ ምሉእ ክዳውንቱ ለቢሱ ኣብ ጉድኒ ዓራቱይ ኮፍ ኢሉ ረኺብኩዎ። ኮነታቱ ግር ኢሉኒ ናብ ሰዓቱይ ተመልከትኩ፣ ገና ሰዓት ሸውዓተን ርብዕን እዩ ዝነበረ። ሸርሎክ ተዳህየ፡ "ይቕሬታ ዋትሰን ብንግሆኡ ኣተንሲኤካ፡ ግን ስራሕ ኣሎና፡" በለኒ።

"ኣብዚ ሰዓታት ንግሆ፧" ስንብድ ኢለ ኣድመጽኩ።

"እወ፡ ሓንቲ ኽትረኽቢኒ ኢላ ዝመጽኣት ጉርዞ ኣብ ታሕቲ ትጽበየና ኣላ። ወ/ሮ ሃድሰን ከም ዝሓበረትኒ እንተ ኾይኑ እታ ጉርዞ ብዓቢ ሀንጥዩነት እያ ትጽበይና ዘላ። ዝገርመካ ዋትሰን ሓንቲ ጉርዞ ኣብዚ ሰዓት'ዚ ናብዘን ናብትን ትብል እንተ ኣላ፡ ገለ ሸግር ረኺባ ኣላ ማለት እዩ። ማዕጾ ብሓይሊ ኳሕኾሓ

እያ ካብ ድቃስ ኣበራብራትና። ወ/ሮ ሃድሰን ምስ ተድሃየትኒ ኸኣ ንዓኻ ኸተንስኣካ መጺአ። ኣብዚ ጉዳይ ካብ መጀመርታ ክትሳተፍ ትደልይ ትኸውን ኢኻ ዝብል ግምት ስለ ዘሎኒ እየ መጺኤካ።"

"ብርግጽ፡ ፈጺሙ ክሓልፈኒ'ውን ኣይደልይን እየ፡" ብምባል ክዳውንተይ ብቕልጡፍ ተኸዲነ። ድሕሪ ሐደት ደቓይቕ ናብቲ ዝነበረቶ ክፍሊ ኣምራሕኩ። ሓንቲ ጸለም ክዳን ዝተኸድነት ጉርዞ ኾፍ ኢላ ክትጽበየና ጸንሐት። ገጻ ዝሸፍን ጉልባብ ተኸዲና ነበረት። ናብቲ ክፍሊ ክንኣቱ እንከለና ደው ኢላ ተቐበለትና።

"ከመይ ሓዲርኪ፧" ጀመረ ሆልምስ። "ስመይ ሸርሎክ ሆልምስ እብሃል። እዚ ኸኣ ዓርከይ እየ። ዶ/ር ዋትሰን ይብሃል። ካብኡ ዘሓብኦ ስለ ዘይብለይ ነጻ ኽይንኪ ክትዛረብና ትኽእሊ ኢኺ። ወ/ሮ ሃድሰን ሓዊ ኣጉሂራ ስለ ዘላ ናብኡ ቐርብ ኢልኪ ኾፍ በሊ፡ ውውይ ቡን ከምጸልኪ'የ። ተንቀጥቀጢ ኣለኺ፡ ቁሪርኪ ኢኺ መስለኒ፧"

"ኣይቁረርኩን፡" ቅልጥፍ ኢላ መለሰት እታ ጉርዞ።

"እንታይ ደኣ እሞ ኽንኪ፧" ሓተታ።

"ፈሪሐ እየ። ኣዝየ ፈሪሐ፡" መለሰት። ክትዛረብ ከላ ኑቲ ገጻ ሸፊናትሉ ዝጸንሐት ጉልባብ ቀልዓቶ። ፍርሒ ኣብ ኣዒንታ ይንበብ ነበረ። ናይ ዝህደን ዘሎ እንስሳ ዝመስል ፍርሒ ኣብ ገጻ ተሳኢሉ ነበረ። ትርኢታ ጓል 30 ዓመት እያ ትመስል። ጸጉራ ግን ስብየት ዘር ኣቢሉ ሻሸ ይመስል። ድኹምን ዝተሓለለን ምስሊ ነበራ። ሸርሎክ ድማ ኣተኩሩ ይጥምታ ነበረ።

“ኣይትፍርሒ፡ ኵሉ ደሓን ክኸውን እዩ። ብርግጽ ክንሕግዘኪ ኢና። ብባቡር ኢኺ ኸኣ መጺእኪ፡” ካብ ምትኳር ከይበኽረ ተድሃየ።

“ዋእ፡ ትፈልጠኒ ዲኻ፧” በለት ተገሪማ።

“ኖኖ፡ ኣይፈልጠክን’የ። መምለሲ ትኬት ኣብ ጓንቲኺ ስለ ዝረኣኹ እየ። ኣንጊህኪ ተበጊስኪ ኽትኩኒ ኣለኪ። ቅድሚ ናብ ባቡር ምስቃልኪ’ውን ንንውሕ ዝበለ መንገዲ ብጭቃ ዝመልኦ ጐደና ተጓዒዝኪ ነይርኪ፡” ሓቀይ ምሸ ብዘስምዕ ኣመለኻኽታ ተዓዘባ። እታ ጐርዞ እሞ ብምግራም ዝኣክል ተሃኒና ትጥምቶ ነበረት።

“ዝኹነ ፍሉይ ምስጢር የብሉን፡” ምግራማ ርእዩ ፍሸኽ በለ። “ጸጋመይቲ ኢድ ናይ ጃኬትኪ ሸውዳ ናይ ጭቃ ነጠብጣብ ኣለዋኣ። እተን ነጠብጣብ ከኣ ዘይነቐጻ ሓደሽቲ እየን። ዓረብያታት ኵሉ ግዜ ናብኡ ገጸን እየን ጭቃ ዝነጽጋ።”

“ልክዕ ኣለኻ! ቅድሚ ሰዓት ሸዱሸተ እየ ኻብ ገዛ ወጺኡ። ብንግሆኡ ቐዳመይቲ ባቡር ተሳፊረ ድማ ናብዚ መጺኡ። ነዚ ዘለኹዎ ኸኑታት ልዕሊ’ዚ ኽጻወሮ ኣይክእልን እየ። ዝኹነ ሓገዝ እንተ ዘይረኺበ ክጽለል ጥራይ እየ ዝኽእል። ዋላ ሓደ ሰብ የብለይን። ምኳን ሓደ’ኳ ኣሎኒ። ግን ክሕግዘኒ ዝኽእል ኣይኰነን። ብዛዕባኻ ሰሚዐ እየ መጺኡ ኣቶ ሸርሎክ ሆልምስ። ወ/ሮ ፍሪንቶሽ ትብሃል መሓዛይ ሓኪዝካያ ነይርካ። ኣድራሻኻ’ውን ንሳ እያ ሂባትኒ። ንዓይከ ኽትሕግዘኒ ትኽእልዶ፧ ሓቂ ዘረባ ሕጂ ክኸፍለካ ኣይክእልን እየ። ግን ድሕሪ ወርሒ ምስ ተመርዓኹ ገንዘበይ ናብ ኢደይ ከእቱዎ ስለ ዝኹንኩ፡ ክኸፍለካ ቓል ይኹነኒ፡” በለቶ ዓይኑ ዓይኑ እናጠመተት።

ሆልምስ ብዘይ ዘረባ ናብ ጠረቤዛኡ ኸደ። ሓንቲ ንእሽቶ ጸላም መጽሓፍ ኣውጺኡ ድማ መዝገቡ ኽገናጽል ጀመረ። "ፍሪንቶሽ፡ ኣሃ ዘኪረያ ኣለኹ።" ብምባል ናባይ ዋምት ኣቢሉ፡ "እዚ ቐድሚ ምሳኻ ምፍላጠይ እየ ዋትሰን።" በለኒ። ቀጺሉ፡ "ዝከኣለኒ ኽሕግዘኪ እየ። ብዛዕባ ገንዘብ ድማ ኣይትሸገሪ። ስርሐይ ስለ ዝፈትዎ እየ ዝሰርሕ። ተወሳኺ ወጻኢታት እንተ ኣሎኒ ኸኣ፡ ኣብ ዝጠዓመኪ ኽትከፍልዮ ትኽእሊ ኢኺ። ሕጂ ኽንሕግዘኪ መታን ዛንታኺ ንገርና።"

"እዋእ፡ ንዘኸነ ሰብ ክርድኡ ኸቢድ እዩ። ኣነ ኣብ ሓደጋ እየ ዘለኹ። ኣብ ሓደጋ ኸም ዘለኹ'ውን እፈልጥ እየ። ግን ዋላ ሕጹየይ ክኣምነኒ ኣይከኣለን፡" ዘረባ ኣቋረጸት።

"ቀጽሊ፡" ኣተባብዓ።

"ስመይ ሄለን ሱዮነር እየ ዝበሃል። ብሄለን ሮይሎት'ውን ይጽዋዕ እየ። ምስ ሰብኣይ ኣደይ እየ ዝነብር፡ ዶ/ር ሮይሎት። እንዳ ሮይሎት ናይ ቀደም እንግሊዛውያን ሰድራ እዮም።"

ሆልምስ ርእሱ ብእወታ ብምንቕናቅ፡ "ኣጸቢቐ ዝፈልጦ ሸም እዩ፡" በለ።

"እቶም ሰድራ ኻብቶም ሃብታማት ናይ ዓዲ እንግሊዝ እዮም ነይሮም። ድሕሪ ዝተወሰነ ዓመታት ግን ሃብቶም እናኣንቁልቁለ፡ ዳርጋ ናብ ድኽነት ገጾም ተገማጊሞም። ብዘይካ ሐደት መሬትን 200 ዓመት ዝዕድመኡ መንበሪ ገዛን ካልእ ዝተረፎም የለን። ኣቦኡ ንሰብኣይ ኣደይ ኣብቲ ቤት ብድኽነት ይነብር ነይሩ። ሰብኣይ ኣደይ ከኣ ሐደት ገንዘብ ተለቂሑ ተማሂሩ ዶክተር ኩይኑ። ኣብ ሃገረ ህንዲ ድማ ጽቡቕ ናይ ስራሕ ዕድል ረኺቡ። እዚ ኹይኑ ኸብቅዕ ሰብኣይ ኣደይ፡ ኣዝዩ ሕማቕ ባህርያት

ኣሎዎ። ኣብቲ ዝኸፈቶ ስራሕ ንሓደ ኻብ ሰራሕተኛታቱ ኽሳዕ ክመውት ዝደሊ ምስ ቀጥቀጦ፡ ብዝፈጸሞ ተግባር ተኸሲሱ ናብ ሕጊ ቐሪቡ፣ ንገለ ዓመታት ክእሰር ድማ ተፈርደ። እዚ ሓራቕን ተቐያምን ሰብኣይ ናይ ማእሰርቲ ግዝያት ምስ ዛዘመ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ተመልሰ።" ንከታተላ ኸም ዘለና ንምርግጋጽ፡ ዘረባኣ ደው ኣቢላ ተመልከተትና።

ድሕሪ ሓጺር ቁላሕታ፡ "ዶ/ር ሮይሎት ምስ ኣደይ ኣብ ህንዲ እዩ ተፋሊጡን ተመርዕዩን። እዚ ዝኸውን ዘሎ እቲ ኣብ ሰራዊት እንግሊዝ ናይ ሜጀር ጀነራል ማዕረግ ዝነበሮ ወላዲና ሱቶነር ምስ ሞተ እዩ። ኣደይ ንዶ/ር ሮይሎት ኣብ ዝተመርዓወትሉ ግዜ ኣነን ጁልያ ሓፍተይን ደቂ ኽልተ ዓመት መናቱ ኢና ነይርና። ኣደይ ደሓን ዝኾነ እቶት እዩ ነይሩዋ። ኣብ ዓመት እንተወሓደ ሓደ ሽሕ ፓውንድ ትረክብ ነይራ። ኮሉ ገንዘባ ግን ናብ ኢድ ዶ/ር ሮይሎት እዩ ዝኣቱ። ከም ግቡእ ኣነን ጁልያ ሓፍተይን ካብቲ ገንዘብ ገለ መጠን ኣብ ግዜ መርዓና ኽንረክብ እዩ ዝግብኣና። ብዝኾነ፡ መላእ ስድራቤትና ናብ ዓዲ እንግሊዝ ተመለስና። ናብ ዓዲ እንግሊዝ ድሕሪ ምምላስና፡ ኣደይ ነዊሕ ከይጸንሐት ብሓደጋ ባቡር ሞተት። እዚ ቐድሚ ሸሞንተ ዓመት ኣቢሉ እዩ ነይሩ። ድሕሪ ሞት ኣደይ፡ ሰብኣይ ኣደና፡ ንዓይን ንጁልያ ሓፍተይን ሒዙ ኻብ ኩተማ ለንደን ብምውጻእ፡ ናብቲ ኣረጊት ህንጻ ቤት ኣቦኡ ወሰደና። ቡቲ ኣደና ዝገደፈትልና ገንዘብ ድማ ክንነባበር ጀመርና። ዝኹነ ሸግር ወይ ዘየሐጉስ ነገር'ውን ኣይነበረናን።" ነዊሕ ብምዝራባ፡ ትንፋሳ ቕርጽጭርጽ በለ። ንኽትዕርፍ'ውን ሰኻ በለት። ኣነን ሸርሎክን ኣንፊት ዛንታኣ ናበይ ገጹ'ዩ ንምርድኣ ኣቶኩርና ንጥምታ ነበርና። ህንጡይነትና ርእዩ፡ "ኣብዚ እዋን እዚ ግን ሰብኣይ ኣደይ ጠባዩ ክቕይር ጀመረ።" ብምባል ዘረባኣ ጀመረት። "ዝኾነ ዓርኪ ዘይብሉ፡ ምስ ጎረባብቲ ዘይራኸብ፡ ኣብቲ ገዛ

ጥራይ ተዓጽዩ ኽውዕል ጀመረ። እንተ ወጺኡን ምስ ሰባት እንተ ተራኺቡን ድማ ግድን ይበኣለን ይናገርን። ስድራቤት ዶ/ር ሮይሎት ኮሎም ጠባዮም ረቂቕ እኳ እንተ ኾነ ኣይከሙ ሰብኣይ ኣደይን። ብሰንኪ ባእሲ ኽልተ ግዜ ናብ ቤት ፍርዲ ተኸሲሱ ቕሪቡ እዩ። ኣብታ ንነብረላ ኸተማ ብዘለዉ ነበርቲ ቕጻሊ ምስ ተፈርሐ እዩ። ናይ ንጉዓት ሓይሊ ዝውንን ነዊሕን ገዚፍን ቍመና ዘሎዎ ሰብኣይ ኣደይ፡ እንተ ደኣ ሓሪቑ እንታይ ክገብር ይኽእል ዝግመት ኣይኰነን። ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ሓደ ሓጓዳይ ተባኢሱ፡ ናብ ቀላይ ደርብዩዎ። እዚ ምስ ኩነ ኣነ ነቲ ዘጋጠመ ጉዳይ ብሰላም ክዓርፍ ኮሉ ዘሎኒ ኣጥፊኡ። ብዘይካ እቶም ሐደት፡ ብጉጅለታት ዝንቀሳቐሱ ውልቀሰባት (ጂፕሲ) ዝኾነ ኻልእ ዓርክን ቀራብን የብሉን። ንዕኦም ኣብ መንበሪ ቤትና ክቕመጡ የፍቀደሎም። ስሕት ኢሉ'ውን ንሰሙናት ዝኣክል ምስኦም ይገይሸ። ሰብኣይ ኣደይ እንሰሳታት ዘገዳም ይፈቱ እዩ። ልክዕ ከም እንሰሳ ዘቤት ገይሩ ዝከናኸኖም ነብርን ህበይን ኣሎውዎ። እቶም እንሰሳታት ኣብ ቀጽሪ ቤትና ኸም ድላዮም እዮም ዝንቀሳቐሱ፡ ልክዕ ከም ዋናኦም ድማ ንሰብ እናኣሰንበዱ ይነብሩ።" ደጊማ ንዕርፈቲ ደው በለት። ቀጺላ፡ "ኣነን ጁልያ ሓፍተይን መቸም ሕጉሳት ከም ዘይነበርና ርዱእ'ዩ። ስራሕ ገዛ'ውን እንተ ኾነ ኸኴ ባዕልና ኢና ነካይዶ። ምኽንያቱ ዝኾነ ተቐጺሩ ዝሰርሕ ሰራሕተኛ ምስ ኮነታት ቤትና ክቕጽል ድሌት ኣይነበሮንን። ጁልያ ሓፍተይ ገና ጓል ሰላሳ ዓመት እንከላ'ያ ሞይታ። ጸጉሪ ርእሳ ግን ናይ ጓል ሰላሳ ዓመት ዝመስል ኣይነበረን። ልክዕ ከምዚ ናተይ ሕጂ ዝኾኖ ዘሎ፡ ጠቕሊሉ እዩ ጻዕዳ ተቐይሩ ነይሩ።" ሞት ሓፍታ ምስ ነገረትና ዝን በለት።

"ሓፍትኺ ሞይታ'ያ፧" ሸርሎክ ሓተታ።

"እወ ቕድሚ ኽልተ ዓመት ሞይታ። ሓደ ኻብቲ ናብዚ መምጽእየይ ምኽንያት'ውን ንሱ እዩ።

እንታይ ድዩ መሲሉካ፡ ኣነን ሓፍተይን ካብ ቤትና ወጺእና ሰባት ክንላለ ብዙሕ ዕድል ኣይነበረናን። ንሓትነና ግን ሳሕቲ ንበጽሓ ነይርና። ልክዕ ቅድሚ ኽልተ ዓመት፡ ኣብ ቅንያት ልደት ሓፍተይ ንሓትነይ ክትበጽሓ ኢላ ምስ ከደት፡ ምስ ኣብቲ ገዛ ዝተላለየቶ ወተሃደር ክሳዕ ምሕጻይ በጺሓ። ሰብኣይ ኣደይ ነዚ ጉዳይ ጆልያ ሓፍተይ ምስ ተምልሰት እዩ ሰሚዑዎ። ዝኹነ ተቓውሞ'ውን ኣየስምዐን። እንተ ኹነ ግን ክልተ ሰሙን ቅድሚ መርዓ ሓፍተይ ሓደ ኣሰቃቒ ፍጻሜ ኣብ ቤትና ኣጋጠመ።"

ክሳዕ እዚ ሽርሎክ ኣብ ሰድያኡ ተቐሚጡ ኣዒንቱ ዓሚቱ እዩ ኽሰምዕ ጸኒሑ። ሕጂ ግን ኣዒንቱ ኽፊቱ፡ ንሄለን ብምሉእ ኣቓልቦ ጠመታ።

"በሊ ገለ ኽየጉደልኪ ንገርኒ፡" ተምሳጡ ኣብ ገጹ እናተንጸባረቐ ተዛረባ።

"ቀሊል እዩ፣ ምኽንያቱ ብህይወት ክሳዕ ዘለኹ ኽርስየ እንተ ደለኹ'ውን ክርስየ ኣይክእልን እየ። ከምቲ ዝነገርኩኻ እቲ እንኮብረሉ ገዛ ኣዝዩ ዓቢን ኣረጊትን'ዩ። ስለዚ ኣብ ሓደ ኽፋሉ ኢና ንቕመጥ። መደቀሲ ኽፍልታትና ኣብ ታሕተዋይ ደርቢ ተር ኢለን ይርከባ። ቀዳመይቲ ኽፍሊ ናይ ዶ/ር ሮይሎት፡ ስዒባ ናይ ጆልያ ሓፍተይ፡ መወዳእታ ኽኣ ናተይ። ነዘን ክፍልታት መደቀሲ ዘራኽብ ማዕጾ የለን። ማዓጾ ናይ ሰለስቲኣን ግን ናብ ሓደ ኾረድዮ ይኽፈት። ክሳዕ ኣብዚ ንጹር ድዩ፧" ኣበራርያ ጠመተትና።

"ብልክዕ!" መለስና።

"መሳኹቲ መደቀሲ ኽፍልታትና ናብ ካንሸሎ እዮም ዝኽፈቱ። ሸዓ ምሸት ዶ/ር ሮይሎት ቀልጢፉ'ዩ ናብ መደቀሲ ኽፍሉ ሓሊፉ። ከም ዘይደቀሰ ተረዲኡና ነይሩ።

ምኽንያቱ ትኪ ናይቲ ዒግ ዝብል ፍርያት ህንዲ ዝኹነ ሸጋራኡ ናብ መደቀሲ ኽፍሊ ጆልያ ሓፍተይ ኣትዩ ኣሸጊሩዎ። ካብቲ ሽታ ንምርሓቕ ድማ ናብ መደቀሲ ኽፍለይ መጺኡ፡ ብዛዕባ እቲ ቐሪቡ ዝነበረ መርዓኣ ነዊሕ ኣዕለልና። ሰዓት ዓሰርተ ሓደ ምስ ኹነ ናብ መደቀሲ ኽፍላ ኽትከይድ ተበገስኩ። ኣብቲ ማዕጾ ምስ በጽሐት ናባይ ገጻ ተጠውያ 'ክሓተኪ እንዶ ሂለን፡ ሎሚ ቐነ ለይቲ ለይቲ ገለ ፋጻ ዝጥዕም ድምጺ ኣይሰማዕክን፧' በለትኒ። ብፍጹም መለስኩላ። 'ብድቐስኪ ኩተፋጽዩ ትኽእሊ'ኳ ኣይመስለንን፧' በለትኒ። እዚ'ሞ ፍሉጥ እዩ፡ ግን ስለምንታይ ሓቲትክኒ፧ 'ምኽንያቱ ኣብዘን ዝሓለፈ ለይትታት፡ ትሕት ዝበለ ግን ከኣ ንጹር ድምጺ ፋጻ ኽሰምዕ ቀንየ። ኣብቲ ሰዓት ስለስተ ኣቢሉ እዩ ዝሰማዕ። ኣዕሚቐ ስለ ዘይድቐስ ብቐሊሉ ኽበራብረኒ ቐንዩ። ካበይ ከም ዝመጽእ ክርደኣኒ ኣይከኣለን። ምናልባት ካብታ ኣብ ጐነይ ዘላ ኽፍሊ ወይ ካብ ካንሸሎ ከይከውን፡ ሰሚዕክዮ ትኹነ ኢኺ ዝብል ግምት ነይርኒ፧' በለትኒ። ብዙሕ ከይተገድስኩ፡ ኣነስ ኣይሰማዕኩን፡ ግን ምናልባት እቶም ጂፕሲስ እዮም ዝኹኑ፡ በልክዋ።

'ይኹኑ። ግን ካብ ካንሸሎ እንተ ዝኸውንሲ ንስኺ'ውን ምሰማዕኪዮዶ ሓቀይ፧' ግር ብዝበለ ስምዒት ሓተትኒ። እወ፡ ግን ኣነ እኮ ድቃስ ውሕጥ እዩ ዘብለኒ፡ ከማኺ ኣይኩንኩን። 'ደሓን፡ ብዙሕ ዘገድስ ኣይኩነን፧' ፍሽኽ ኢላ ማዕጾ ዓጽያ ከደት። መደቀሲኣ ምስ ኣተወት ብመፍትሕ ክትዓጽዎ እንከላ ሰማዕኩዎ።

"ኮሉ ግዜ ዲኽን ለይቲ ኽፍሊኽን ትዓጽዋኦ ነይርክን፧" ሓተተ ሸርሎክ።

"እወ ኮሉ ግዜ።"

“ስለምንታይ፧”

“ብዛዕባ እቶም ሰብኣይ ኣደይ ዘዕብዮም እንስሳታት ነጊረካ እንድየ። ከይዓጸናዮ ኽንድቅስ ውሕስነት ኣይስመዓናን እዩ።” ብምባል ኣተኩራ ጠመተቶ።

“ተረዲኤኪ፡ ቀጽሊ።”

“ኣብታ ለይቲ ኽድቅስ ኣይከኣልኩን። ገለ ነገር ዘጋጥም ኩይኑ እየ ዝሰመዓኒ ነይሩ። ኣሸጋሪት ምሸት እያ። ብርቱዕ ንፋስ የፋጹ፡ ሓያል ዝናብ ድማ ምስቲ መስኮት ብሓይሊ ይጋጭ ነበረ። ሃንደበት ግን ካብ ድምጺ ናይቲ ህቡባላ ዝብርትዕ ምውጫጭ ናይ ጓል ተሰምዐ። ድምጺ ናይ ጆልያ ሓፍተይ ምኻኑ ብቕጽበት ተገንዘብኩ። ካብ ዓራተይ ነጢረ ናብቲ ኾረድዮ ብገኑያ ኸድኩ። ማዕጾይ ክኸፍት ከለኹ ትሑት ናይ ፋጻ ድምጺ ሰማዕኩ። ብድሕሪኡ ገለ ዓጠም ዝብል ድምጺ፡ ልክዕ ከምዚ ብዙሕ ሓጻውን ዝወደቐ ሰማዕኩ። ብገኑያ ናብ ናይ ሓፍተይ ክፍሊ በጻሕኩ። እቲ ማዕጾ ቐስ ኢሉ ክኸፈት ጸንሓኒ። ብብርሃን ናይታ ኣብ ኮረድዮ ዘላ ፋኑስ ተሓጊዘ፡ ሓፍተይ ካብ መደቀሲኣ ኽትወጽእ ረኣኹዋ። ኣብ ገጻ ብርቱዕ ናይ ፍርሒ ስምዒት ይንበብ። ኣእዳዋ ንቐድሚት ይመጣጠር ኣካላታ ኸኣ ልክዕ ከም ዝሰኽረት ንቐድሚትን ድሕሪትን ይወዛወዝ ነበረ። ክድግፋ ኢለ ጉይየ ሓቖፍኩዋ። እንተ ኾነ ኣብራኻ ጠሊምዋ ናብ መሬት ጻሕ ኢላ ወደቐት። ብቓንዛ ኣብቲ ዝወደቐቶ ኽትፈሓስ ጀመረት። ሓንሳብ እኳ መን ምኻነይ ዝጋገየትኒ መሲሉኒ ነይሩ። ክድግፋ ኢለ ድንን ምስ በልኩ ግን ዓው ኢላ “ሄለን! ሄለን! እቲ ሽራጥ እዩ! እቲ ትንኳዕ ትንኳዕ ዘሎዎ ሽራጥ፡” በለትኒ። ወሲኻ ኽትዛረብ ደልያ እናተሰሓገት ናብ

መደቀሲ ዶ/ር ሮይሎት ኣመልከተት። ቃል'ውን ትኹን ከይወሰኽት ግን ንምስትንፋስ ክትሸገር ጀመረት። ብጉያ ንሰብኣይ ኣደይ ጸዋዕኩዎ። ንሱ'ውን ቀልጢፉ ብምምጻእ ጉሮሮኣ እንተ ኸፈተላ ኣፋ ኸፊቱ መስተ ኣስትዩ ሓገዘቲ ጸውዐ። ጹልያ ሓፍተይ ግን ከይጸንሐት ሞይታ። እዚ እቲ ኽርስያ ዘይክእል ሃንደበታዊ ኣማውታ ጹልያ ሓፍተይ እዩ።" ብሓዘን ንብዓት ጸረር ኣበለት። ኮሎ ሕጂ ይፍጸም ከም ዘሎ ቐጅል ኢሉ ስለ ዝተርኣያ ኣዒንታ ንውሕድ ደቓይቕ ሰም ኣበለተን።

"ሓንሳብ እስከ፡ ብዛዕባ እቲ ፋጻን ገልጠምጠም ዝብል ድምጺን ርግጸኛ ዲኺ፧" ሓተተ ሸርሎክ ካብ ዝኽራ ኾሉፍ ኣቢሉ።

"ኣብ ቤት ፍርዲ'ውን ከምኡ ኢሎም ሓቲቶምኒ ነይሮም። ከም ዝሰማዕኩዎ ርግጸኛ እየ። ግን ከኣ ሸዑ ምሸት ብርቱዕ ህቦብላ ስለ ዝነበረ ጌጋ ሰሚዐ ኸይከውን እጠራጠር፡" መለሰት ሄለን።

"ሓፍትኺ ኽዳን ለቢሳዶ ነይራ፧" ንምንታይ ዘይተረድኣኒ ሕቶ ሸርሎክ ሓተታ።

"እወ ናይ ለይቲ ኽዳና ተኸዲና ነይራ። ኣብ የማናይ ኢዳ ዝተሸርጠጠት ክርቢት፣ ኣብ ጸጋማያ ኸኣ ባኮ ናይ ክርቢት ሒዛ ነይራ።"

"እዚ ኽርቢት ወሊዓ ኸባቢኣ ተመልኪታ ምንባራ ዘርኢ ኣገዳሲ ሓበሬታ እዩ። ቤት ፍርዲኸ እንታይ ኢሎም፧"

"ዝከኣሎም እኳ እንተ ገበሩ፡ ጹልያ ብኸመይ ከም ዝሞተት ግን ክፈልጡ ኣይከኣሉን። እቲ ማዕጾ ብውሽጢ ዕጹው ምንባሩ ኣረጋጊጸም እዮም።

መስኩት'ውን ብግዳም ብሓጺን ዝተኸለለን ብመጋረጃ ዝተዓጽወን እዩ። መናድቐ ተመርሚሮም ዋላ ሓንቲ ዘሰክፍ ኣይተረኽቦምን። ኣብ ባይታ ናይቲ ኽፍሊ'ውን ዝኹነ ፍሉይ ለውጢ ኣይተራእየን። እቲ ኽፍሊ ገፊሕ መውጽኢ ትኪ እኳ እንተ ሃለዎ ብሓጺናዊ መከላኸሊ ዝተሓጽረ እዩ። ሓፍተይ ብርግጽ በይና እያ ነይራ። ኣብ ኣካላታ ኸኣ ዝኹነ ስምብራት ኣይተረኽባን።"

"መርዚኸ፧"

"ሓካይም'ውን መርዚ ኸይህሉ ብምጥርጣር መርመራታት ኣካይዶም ነይሮም። ንሳቶም'ውን ዝኹነ ምልክት ኣይረኸቡን።"

"ንስኺኸ እንታይ ቀቲልዋ ትብሊ፧" ነቲ ሕቶ ናብኣ ኣዘሮ። ንገለ ኻልኢት ዝተዛረበ ኣይነበረን።

"ብፍርሒ እያ ሞይታ እያ ዝብል፡" ድሕሪ ሓጺር ዕረፍቲ ኣውጽኣተን። ቀጺላ፡ "እንታይ ኣፍሪሑዋ ግን ክፈልጥ ኣይከኣልኩን፡" ምድንጋራ ኣብ ገጻን ደሃያን እናተንጸባረቐ መለሰት።

"እቶም ጂፕሲኸ ኣብ ገዛኹም ነይሮምዶ፧" ሕቶ ቐጸለ።

"እወ፡ ገለ ኻብኦም'ኳ ዳርጋ ኸኦሉ ግዜ ኣብኡ ኣለዉ።"

"ብዛዕባ እቲ ሽራጥ ዝበለቶኸ እንታይ ማለት እዩ ትብሊ፧ እቲ ትንኳዕ ትንኳዕ ሽራጥ፧"

“ሓደ ሓደ ግዜ ተጸሊላ ነይራ ትኸውን እየ ዝብል። ምናልባት’ውን ብዛዕባ እኩባት ሰባት ትዛረብ ነይራ ትኸውን፣ ምናልባት ብዛዕባ እቶም ጂፕሲስ። ገለ ኻብኣቶም ነጠብጣብ ዘሎዎ መንዲል ኣብ ርእሶም ይገብሩ እዮም። ምናልባት ከምኡ ማለታ ኸይከውን፡” መለሰት።

ሸርሎክ ርእሱ ብኣሉታ ነቕነቐ። ከም ዘይዓገበ ተረደኣኒ። “ዛንታኺ ቐጽሊ፡” ድማ በላ።

“እዚ ኸኮሉ ቐድሚ ኽልተ ዓመት እዩ። ክሳዕ’ዚ ቐረባ እዋን ኣመና ጽምዋ ነይሩኒ። ቀድሚ ወርሒ ኣቢለ ግን ተሓጽየ። ሰብኣይ ኣደይ ብዛዕባ እቲ ንሓጋይ ዝተቐጽረ መርዓይ ዝኸነ ሕማቕ ኣይተዛረበን። ቀድሚ ኽልተ መዓልቲ’ውን ገለ ሰብኡት ኣብ ገዛና ህንጻዊ ምትዕርራይ ክገብሩ መጺኦም ኣለዉ። በዚ ምኽንያት ኣነ ናብታ ናይ ሓፍተይ ዝነበረት ክፍሊ ኽግዕዝ ተገዲደ ኣለኹ። ኣብታ ትድቅሰላ ዝነበረት ዓራት’ውን እየ ዝድቅስ ዘለኹ። ትማሊ ምሸት ግን ነቲ ቐድሚ ሞታ ትሰምየ ዝነበረት ናይ ፋጻ ድምጺ ሰሚዐ። ካብ ዓራተይ ነጢረ ፋኑስ ወሊዐ፣ ግን ዋለሓደ ኣይነበረን። ብዙሕ ፈሪሐ ስለ ዝነበረኩ ተመሊሰ ኽድቅስ ኣይከኣልኩን። ውግሕ ምስ በለ፣ ክዳውነተይ ተኸዲነ እነሀለኹ ናባኻ መጺኡ፡” ናይ ፍርሒ እንቅዓ ኣስተንፈሰት።

“ለባም ውሳነ’ዩ፡” በለ ሸርሎክ። ቀጺሉ፣ “ግን ኮሉ ትፈልጥዮ ነጊርክኒ ዲኺ፧”

“እወ፣ ኮሉ እየ ነጊረካ፡” ቅልጥፍ ኢላ መለሰት።

“ኣይነገርክንን ሄለን፡ ንሰብኣይ ኣደኺ ትሓብእሉ ኣለኺ።”

“እንታይ፧ እንታይ ማለትካ’ዩ፧” ሰንበደት።

ሸርሎክ ናብ ሄለን ቀሪቡ እጅግ ናይ ክዳና ሰብሰቦ። ኣብ ኣእዳዋ ሓሙሽተ ደም ዝሰረበ በሰላታት ነበራ። ናይ ሓሙሽተ ኣጻብዕቲ ኢድ ምልክት እዩ።

“ተጐዲእኪ ነይርኪ ኢኺ፡” በላ ሸርሎክ።

እታ ጐርዞ ገጻ ጠውያ ኣእዳዋ ሸፈነት። “ኣዝዩ ተሪር ሰብኣይ እዩ። ክሳብ ክንዲ ምንታይ ሓያል ምኳኑ ዝርድኦ ኣይመስለንን፡” በለት።
ንገለ ደቓይቕ ኮሉና ጸጥ በልና። ሸርሎክ ስቕ ኢሉ ናብቲ ሓዊ ይጥምት ነበረ። “እዚ ኽብድ ዝበለ ጉዳይ’ዩ፡” ኣድመጸ። “ቀድሚ ዝኹነ ምጅማረይ ክፈልጦም ዘለኒ ብዙሓት ነገራት ኣለው። ክንቅልጥፍ ኣለና። ሰብኣይ ኣደኺ ኸይፈለጠ ነተን ክፍልታትክን ሎሚ ኽንርእየን ይከኣል ድዩ፧” ሓተተ።

“ብሰራሕ ናብ ለንደን ከይዱ ኣሎ። ምሉእ መዓልቲ ዝምለስ ኣይመስለንን። ሓንቲ ዓባይ ሰበይቲ ሰራሕተኛ ገዛ ኣላትና፣ ግን ክሰዳ እኽእል እየ፡” መለሰት።

“ጸቡቕ! ክትከይድ ፍቓደኛ ዲኻ ዋትሰን፧” ጠመተኡ ናባይ ብምግባር ሓተተኒ።

“ፍቓደኛን ድሉውን እምበር!” ከይተማታእኩ መለስኩ።

"በቃ ኣነን ዋትሰንን ክንከይድ ኢና። ንስኺኻ እንታይ ክትገብሪ ኢኺ ሄለን፧"

"ኣብዚ ኸተማ ገለ ገለ ዘሎኒ ስራሕ ወዲኣ በታ ናይ ፋዱስ ባቡር ተመሊሰ ኣብ ገዛ ኽጽበየኩም እየ።"

"ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ኽንመጽኣኪ ኢና። ኣነ'ውን ዝስራሕ ኣሎኒ። ምሳና ኽትቁርሲ ዲኺ፧" ዕድመ ዘይመስል ደረቕ ሕቶ ወርወረላ።

"ኖኖ፡ ክኸይድ እየ። ስለ ዝተዛረብኩኻ ፍኹስ ኢሉኒ ኣሎ። ናይ ምሸት የራኽበና፡" ብምባል ኑቲ ጸሊም መሸፈኒ ዘርጊሓ ገጻ ኸደነት፡ ገዲፋትና ድማ ወጽኣት።

"ዋትሰን፡ ከመይ'ዩ ትብሎ እዚ ጉዳይ፧" ሓተት ሸርሎክ።

"ከቢድ ጉዳይ'ዩ ሸርሎክ።"

"ኣዝዩ ኸቢድ ከኣ እምበር!"

"ግን ከኣሲ እቲ መናድኞ፡ ባይታ፡ ኮታ ኹሉስ ጥዑይ እዩ ነይሩ። ብማዕጾ፡ ብመስኮት ይኹን ቡቲ መውጽኢ ትኪ ኽኣቱ ዝኽእል ሰብ ኣይነበረን። ሓፍታ ናይ ብሓቂ በይና ነይራ ኽትከውን ኣለዋ፡" ተዛረበ።

"እሞ እቲ ናይ ለይቲ ፋጻኽ፧ እቲ ኽትመውት ከላ ዝተዛረቡዎ ዘረባኽ፧" ኣድራጋ ሕቶ ሰደደኩሉ።

“ንግዚኡ ዋላሓንቲ መግለጺ ኽረኽበሉ ኣይከኣልኩን!” ምድንጋሩ ኣብ ድሃዩ ይፍልጥ። “እቲ ንፈልጦ እዚ’ዩ። ኣብታ ለይቲ ሓደ ሰብ ፋጽዩ እዩ። ጂፕሲስ ኣብቲ ገዛ ነይሮም። ኣዕሩኽ ሰብኣይ ኣደኣ ኸኣ እዮም። ሄለን እንተ ተመርዕያ እቲ ሰብኣይ ኣደኣ ገንዘብ ክጐድሎ’ዩ። መዋቲት እናመተት ብዛዕባ ገለ ሽራጥ ተዛረባ። ሄለን ገልጠም ዝብል ድምጺ ሰሚዓ ነይራ። እቲ ድምጺ ኻብቲ ናይ መስኮት መከላኸሊ ሓጻውን ዝመጽአ ክኸውን ይኽእል’ዩ።” ዘይተመልኡን ዘይተገልጹን ሓሳባት ተዛረበ።

“እቶም ጂፕሲስ ግን እንታይ እዮም ገይሮም፧” ከደናግረኒ ዝጸንሐ ሓሳብ ሓተትኩዎ።

“እዚ ገይና ኽገልጸልካ ኣይክእልን እየ። ብልክዕ እንታይ ከም ዝገበሩ ኣይፈለጥኩን። ስለዚ ኢና ኸኣ ሎሚ ምሸት ናብቲ ገዛ ኽንከይድ ዘለና። እንታይ ከም ዘጋጠመ ኸኣ ብልክዕ ክንፈልጥ ኢና። መን .....” ሸርሎክ ሃንደበት ኣቋረጸ። እቲ ማዕጾ ብሓይሊ ተኸፍተ። ሓደ ኣመና ገዚፍን ነዊሕን ሰብኣይ ኣብ ኣፍደገ ደው ኢሉ ነበረ። ካብ ምንውሑ ዝተላዕለ ባርኔጣኡ ነቲ ላዕለዋይ ልዳት ማዕጾ ተንክፎ። ነቲ ናይ ማዕጾ መሕለፊ ምሉእ ብምሉእ ዓጊቱዎ ደው በለ። ዓቢ ብጫ ዝሕብሩ ዝተጨማደደ ገጽ ነበሮ። ኣዒንቱ ኸም ነበልባል ተቓጸሊን ነበራ። እታ ዓባይ ዕጻፍ ዘሎዋ ኣፍንጫኡ ኸኣ ንናይ ዓቢ ንስሪ ተምስል ነበረት።

“መንኩም እዩ ሸርሎክ ሆልምስ፧” ብሃዳዲ ድምጺ ሓተተ።

“ኣነ እየ ሸርሎክ።” ትሕት ኢሉ መለሰ ዓርከይ። “ንስኻ’ከ መን ኢኻ፧” ወሰኸ።

“እነ ዶ/ር ሮይሎት እየ።”

“እሞ ዶ/ር፡ ኮፍ ደኣ ዘይትብል፤” በለ ሸርሎክ ብህድኣት።

“ኣይብልን እየ። ጓለይ ኣብዚ መጺኣ ነይራ ሓቀይ፤ ተኸታቲለያ ነይረ። እንታይ ክትብለኩም ጸኒሓ፤” በተን ቀተልቲ ኣዒንቱ እናበራረየ ተመልከተና።

“ሎሚ ቕሪ ኣሎ ሓቀይ፤” ሓጨጨ ሸርሎክ።

“እንታይ ነጊራትኩም፤” ጨደረ ሮይሎት።

“ጾንሕ ኢሉ ግን ይመውቕ ይኸውን እዩ፡” ቀጸለ ሸርሎክ።

“ኣይትነግሩንን ኢኹም ማለት ድዩ፤” መሊሱ ጨደረ ዶ/ር ሮይሎት። ኣእዳዉ ዓሚኹ እናወጣወጠ ንቕድሚት ብምቕራብ፡ “እፈልጠካ እኳ እየ ኣታ ተመን! ብዛዕባኻ ሰሚዐ ኣለኹ፡ ኣታ ወጣም ሸርሎክ ሆልምስ!” ሸርሎክ ፍሸኽ በለ።

“ሸርሎክ እቲ ወጣም!” ኣትሪሩ ኣድመጸ። ፍሸኽታ ሸርሎክ መሊሱ ደመቐ።

“ሸርሎክ ተለኣኣኺ ፖሊስ!”

ሸርሎክ ርእሱ ኣንቃዕሪሩ ሰሓቐ ዶርግሑ። “ኣመና መስሓቕ ኢኻ። ክትወጽእ ከለኻ ኑቲ ማዕጾ ዕጸዎ ኢኻ።”

“ኣብ ዝደለኹዎ ግዜ እየ ዝኽይድ። ንስኻ ኣብ ስርሐይ ወጠምጠም ሕደግ። ንለይ ኣብዚ ኸም ዝነበረት ተኸታቲለ ርእየያ እየ። ኩተሕርቐ ዘይብልካ ሰብ ምኳነይ ከርእየካ እየ፡” ነቲ ኸቢድ መጽሓር ሓዊ ኣልዒሉ በተን ደባናት ኣእዳዉ ዓጸፎ። “ብዝተኻእለካ ኻብ ጭባጦ ኣእዳወይ ከም ተምልጥ ግበር፡” ነታ ዝጠወያ መጽሓር ሓዊ ናብቲ ሓዊ ደርብዩ ወጽኡ። ሓያል ነድሩ ኣብ ኣሳጉማኡ ይንጸባረቕ ነበረ።

“ሕውስ ሰብኣይ ምሽ፧” በለ ሸርሎክ እናሰሓቐ። ነታ ዝተጠወየት መጽሓር ሓዊ ሓጺን ኣልዒሉ ናብ ትኽ ዝበለ ቕርጻ ብኣእዳዉ መለሳ። “እዚ ነቲ ጉዳይ መሊሱ እዩ ዘመቅሮ። ነታ ንሉ ደኣ ኸይመዓታ እምበር። በል ዋትሰን ንዓ ንቕረስ። ቅድሚ ምኻድና ገለ ዘረጋግጾ ነገራት ኣለኒ።”

***** ***** *****

ሸርሎክ ኣጋ ሰዓት ሓደ ድሕሪ ቐትሪ ቕጽርታት ዝመልአ ወረቓቕቲ ሒዙ ተመልሰ። “ናይታ ዝመተት ኣደኣን ናይ ውርሲ ለበዋ ርእየዮ ነይረ። ብዛዕባ ኣታዊታት ናይ ብርኪታት ብዙሕ መጽናዕቲ ገይረ። እታ ሰበይቲ ኽትመውት እንከላ ንዓመት ኣለታት 1100 ፓውንድ ኣታዊታት ነይሩዋ። ኣብዚ ሕጂ ግዜ ድማ ክሳብ 750 ፓውንድ እዩ ዝበጽሕ። ደቃ እንተ ተመርዕየን ነፍሲወከፈን ክሳብ 250 ፓውንድ ንዓመት ምወሰዳ። ክልተኤን እንተ ዝምርዓዋ ንሮይሎት ዋላሓንቲ ኣታዊ ኣይምተረፈን። ሓንቲ እንተ ተምርዕያ ኸኣ ብዙሕ ይጐድሎ። ከም ዝመስለኒ ግዜይ ብኸንቱ ኣየጥፋእኩዎን። ክምርዓዋ ንኸይደሊ እኹል ምኽንያት እዩ ዘሎዎ። ሕጂ ንኺድ ዋትሰን እዚ ኽብድ ዝበለ እዩ። ዶ/ር ሮይሎት ከኣ ተገዲስናሉ ኸም ዘለና ፈሊጡ ኣሎ። ወዲእካ እንተ ኼንካ ዓረብያ ጸውዓልና፣ ሸጉጥካ ኸኣ ተማልኣያ። ሓጻውን ንዝዓጽፍ ሰብኣይ ብሸጉጥ ጥራይ ኢኻ ኸተስምየ ትኽእል። ሸጉጥን ብራሽ ናይ ስኒን ጥራይ እዩ ዘድልየና፣” ንኽርድኣኒ ዕድለ ኸይሃበ ጉዕዞ ጀመረ።

ድሕሪ ሓጺር ጉዕዞ ባቡር፣ ናብታ ንእሽተይ ናይታ ዓዲ መዓርፎ ባቡር በጻሕና። ካብኡ ናብ እንዳ ዶ/ር ሮይሎት ዘብጽሓና ሓደ ኣውቲስታ ረኸብና። ሸርሎክ ኣእዳዉ ዓጺፉ ኣብ ቅድሚት ኮፍ ኢሉ ነበረ። ቆብዑ ንታሕቲ ኽሳብ ኣዒንቱ ወሪዱ ነበረ። ሃንደበት ንላዕሊ ጠመተ። ኣብ መንኩበይ ተንኪፉ ናብቲ ናይ እቲ ዓዲ ግራውቲ ኣመልከተለይ።

“ኣብቲ ርኢ!” በለኒ። ሓደ ጽዑቕ ኣግራብ ዘሎዎ ጎቦ ረኣኹ። ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ናይቲ ጎቦ ዝተዶኮነ ሓምኹሽታይ ዚንጎ ዘለዎ ኣረጊት ህንጻ ተዓዘብኩ።

“እቲኣ ድያ፣” ሓተተ ሸርሎክ።

“እወ፡ ንሳ እያ እንዳ ዶ/ር ሮይሎት፡” በለና እቲ ኣውቲስታ።

“እወ ሓቅኻ፡ ገለ ናይ ምትዕርራይ ስርሓት ይካየደላ ስለ ዘሎ ንሳ ኽትከውን ኣለዋ። ናብኣ ኢና፡” በለ ሸርሎክ።

“እቲ ዝረኣየኩም ዘሎ ማእከል ዓዲ እዩ፣” ንጸጋሙ እናኣመልከተ ሓበረና እቲ ኣውቲስታ።

“ናብቲ ገዛ እንተ ደሊኹም ኣብዚ ምውራድ ይሕሸኩም። ነዚ መንደቕ ሓሊፍኩም በታ መንገዲ ትኽ ኢልኩም ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም፡ ንሳ ትሓጽረልኩም። በታ እታ ጓል ትኸደላ ዘላ መንገዲ እዩ።”

“እታ ጓል ከኣ ሄለን እያ፡” በለ ካብ ርሑቕ ዘለለያ ሸርሎክ።

“ኣብዚ ምውራድ ይሕሸና፡” ብምባል ነቲ ኣውቲስታ ሕሳቡ ኸፊልና ወረድና። ነቲ መንደቕ ክንሓኵር ከለና ሄለን ኣርከበትና። “ከመይ ትውዕሊ ወ/ት ሄለን፡ ከም መብጽዓና መጺእና ኣለና፡” በለ ሸርሎክ።

ሄለን ርእያትና ብዙሕ ተሓጕሰት፣ ምዉቕ ሰላምታ ድማ ለገሰትልና።

“ክጽበየኩም እንድየ ጸኒሐ። ዶ/ር ሮይሎት ዓዲ ኣትዩ ኣሎ። ክሳዕ ዝመሲ ግን ንገዛ ዝምለስ ኣይመስለንን፡” ኸባቢኣ ንምዕዛብ ቑሊሕ ምሊሕ እናበለት ተዛረበት።

“ረኺብናዮ እንዲና፣” መለሰ ሸርሎክ። ኣሕጽር ኣቢሉ እቲ ዘጋጠመ ኸኮሉ ነገራ። ሄለን ብስንባደ ዝኣክል ከም ማርሞ ጸዕደወት። “እወይ! ተኻታቲሉኒ ማለት ድዩ፧” በለት ብስንባደ።

“ማለት’ዩ፣” መለሰላ ሸርሎክ።

“ኣመና መታለሊ ስለ ዝኹነ መዓስ እየ ኣብ ውሑስ ኵነታት ዘለኹ ኽፈልጥ ኣይክእልን እየ። ምስ ተምልሰ ደኣ እንታይ ክብል’ዩ፧”

“ኣጥቢቐና ኽንከታተሎ ስለ ዝኹንና ኽጥንቀቐ ጥራይ እዩ ዝኽእል። ሎሚ ምሸት ኣብ መደቀሲኺ ተዓጺኺ ኣምስዩ። ብዙሕ እንተ ሓሪቑ ናብ ሓትነኺ ኽንወስደኪ ኢና። ሕጂ ኽንቅልጥፍ ስለ ዘለና እተን መደቀሲ ኽፍልታት ኣርእዩና።”

እቲ ገዛ ብሓሙኽሽታይ ዝሕብሩ ኣእማን ዝተሰርሐ እዩ። እቲ ማእከላይ ክፋል ናይቲ ገዛ ዝነውሐ ነበረ። ኣሰራርሓ ናይቲ ኽልተኡ ጐድናዊ ኽፋል ከኣ ልክዕ ከም ዝተዓጽፈ መንገብገብ። እቲ ሓደ ጐድኑ ዝተሰባበሩ መሳኹዮትን ብገለ ኽፋሉ ንውሽጢ ዝኣተወ ናሕሲ ነበሮ። እቲ ኻልኣይ ጐድኒ ኻብቲ ኻልእ ዝሕድስ ነበረ። መጋረጃ ዘሎዎ መሳኹዮትን መውጽኢ ትክን ረኣና። እቲ ገዛ ይተዓራረ ኸም ዝነበረ ርዱእ’ዩ። እንተ ኹነ ሸዑ ሰብ ዝበሃል ኣይረኣናን። ሸርሎክ በቲ ድሕሪ ኻንሸሎ ቐስ ኢሉ እናተዓዘበ ዘወርወር በለ። ኑቲ መሳኹቲ’ውን ብጥንቃቐ መርመሮ።

“ከም ዝመስለኒ፣ እዚኣ እታ ትድቅሰላ ዝነበርኪ ኽፍሊኺ’ያ። እታ ማእከለይቲ ናይ ሓፍትኺ፣ እታ ኣብ ጫፍ ምስቲ ዓቢ ገዛ ትራኸብ

ከኣ ናይ ሰብኣይ ኣደኺ፡ ሓቀይ፧" ቅድሚ ሕጂ ኸም ዝፈልጦ ዝርዝር ኣበሎ።

"ልክዕ ኣለኻ፡ ሕጂ ግን ኣብታ ማእከለይቲ ኽፍሊ እየ ዘድቅስ።"

"ክሳዕ እቶም ሰራሕተኛታት ዝውድኡ ማለት'ዩ። ብልክዕ እንታይ የተዓራርዩ ኣለው ግን ክርደኣኒ ኣይከኣለን።"

"ኣነ'ውን ኣገዳስነት ዘሎዎም ኣይመስለንን። ንዓይ ናብታ ናይ ሓፍተይ ዝነበረት ክፍሊ ንምግዓዝ ዝተኣልመ ውዲት ጥራይ'ዩ ኢለ እየ ዝኣምን።"

"ተረዲኣኪ። እዚ ኾረድዮ ነዚ ኽፍልታት ሓሊፉ ይቕጽል'ዩ ሓቀይ፤ ናብኡ መእተዊ ክኸኑ ዝኽእሉ መሳኸኺ ኣለውዎ፧"

"ኣለው። ግን ኣመና ንኣሽቱ ብምኻናም ዝኹነ ሰብ ክሓልፎም ኣይክእልን እዩ።"

"ማዕጾኺ ድማ ትዓጽውዮ ኢኺ። በዚ ወገን ሰብ ክኣቱ ኣይክእልን ማለት'ዩ። በሊ ኣቲኺ ነቲ መሳኸኺቲን መሸፈኒኡን ዓጻጽውዮ፡" መምርሒ ሃባ ሸርሎክ።

ሸርሎክ ቡቲ ካንሸሎ ኹይኑ ነቲ መስኮት ብዝተኻእሎ ክኸፍቶ ፈተነ። ዋላ ብልሒ ናይ ካራ እኳ ኸሕልፍ ዝኽእል ጨዳድ ኣይነበረን። ነቲ መጕልሒ መነጽር ኣውጺኡ ነቲ መለጋገቢ ፍኒስትራ ፈተሾ። ብሓጺን ዝተሰርሑ ኣብቲ ውሽጢ መንደቕ ዝተጣበቑ ነበሩ።

“በዚ’ውን ሰብ ክኣቱ ኣይክእልን’ዩ። በል ንዓ ንእቶ ኣብ ውሽጢ ኸኣ ከመይ እዩ ንፈትሽ፡” መሪሕኒ ጉዕዞ ጀመረ።

ሓንቲ ንእሽተይ ማዕጾ ኸፊትካ ናብታ ሰለስተ መደቀሲ ኽፍልታት ዘለውኣ ኮረድዮ ትበጽሕ። ናብታ ሕጂ ሄለን ትድቅሰላ ዘላ ማእከለይቲ ኽፍሊ ኣምራሕና። ትሕት ዝበለ ናሕሲን ዓቢ መእጉዲ ሓዊን ነበራ። ብሓደ ሸርናዕ ተመዛዚት ኮመዲና፡ በቲ ኻልእ ኮርናዕ ከኣ ንእሽተይ ዓራት፡ ብጸጋማይ ወገን ናይቲ መስኮት ድማ ኸብሒ መመላኽዒ ነበራ። ክልተ ኾፍ መበሊ ሰድያን ሓንቲ መንጸፍን ከኣ ኣካል እቲ ቤት’የን። እቲ ቤት ብሓመዳዊ ዝሕብሩ ዕንጸይቲ ዝተሰርሐ ኾይኑ ኣማኢት ዓመታት ዝገበረ’ዩ። ሸርሎክ ሰድያ ስሒቡ ኣብ ሓደ ሸርናዕ ኮፍ በለ። ቃል ከየውጽአ ኣዒንቱ ናብ ኮሉ ሸርናዓት እታ ኽፍሊ ብቑስታ ኣዘዋወረን። ልክዕ ንሃድን ከባቢኡ ዝቁጻጸር ኣራዊት’ዩ ዝመስል።

“እታ ቓጭል እንታይ እዩ ጥቕማ፧” ናብ ሓንቲ ረጓድ ናይ ቃጭል ገመድ እናኣመልከተ ሓተተ። ብጕድኒ እታ ዓራት ዘሎ መንደቕ ተንጠልጢላ፡ ጫፋ ኸኣ ኣብቲ መተርኣሰ በጺሑ ነበረ።

“ናብታ ናይ ሰራሕተኛ ኽፍሊ እያ ተቓጭል፡” ብዙሕ ግዲ ኸይገበረት መለሰት።

“ሓዳስ ከኣ እያ ትመስል፧”

“እወ፡ ሒደት ዓመታት እያ ገይራ ዘላ።”

“ንሓፍትኺ ስለ ዘድለየታ ድያ ተገይራ፧”

“ኖኖ፡ ተጠቒማትላ’ኳ ኣይትፈልጥን። ንደልዮ ነገር እንተ’ሎ ባዕልና ኢና ነምጽእ፡ ንሰራሕተኛ ኣይንልእኽን ኢና።”

“ስለምንታይ መስሓቢ ቓጭል ኣብዚ ኽንጥልጠል ተደልዩ ኽርደኣኒ ኣይከኣለን። ኣይትሓዙለይ፡ ነዚ ምድሪ ቤት ክርእዮ ደልየ ኣለኹ።” ብምባል ናብቲ ባይታ ገጹ ተወርወረ። ንቕድሚትን ድሕሪትን እናኣንፋሓኹ፡ ብመጉልሒ መነጽር ክርእዮ ጀመረ። ንነፍሲ ወከፍ ጨዳድ ናይቲ መሬት ብደቂቕ ተመልከቶ። ነቲ ስርሓት ዕንጸይቲ’ውን ከምኡ ፈተሾ። ኣብ መወዳእታኡ ናብቲ ዓራት ኣምርሐ። ነቲ መንደቕ ላዕልን ታሕትን ጠመቶ፡ ብምቕጻል ነታ ናይ ቓጭል ገመድ ክፍትና ሰሓባ። “እሂ ደኣ ንመልክዕ ጥራይ ድያ፧” በለ ብምግራም ድምጺ ምስ ሰኣነላ።

“ኣይተቓጭልን ኣላ፧”

“ኣይተቓጭልን እየ። ምስቲ መራኸቢ ገመድ’ውን ኣይተራኸበትን። ኦውው እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብዚ እሞ ተመልከቱ። ምስታ ኣብ ልዕሊ እታ ንእሽተይ ንፋስ መእተዊ ነኺል ዝተተኽለት ዓንቃሪቦ እያ ተላጊባ ዘላ፡” ገለ ነገር ከም ዝጠርጠረ ገመትኩ። እንታይ ግን ክበርሃለይ ኣይከኣለን።

“እዋእ ዘደንቕ እዩ! ቅድሚ ሕጂ ኣስተብሂለሉ ኣይፈልጥን’የ፡” በለት ሄለን ብምግራም።

“ኣዝዩ ዘገርም’ዩ!” በለ ሸርሎክ ነታ ገመድ እናሰሓባ። “እቶም ሃነጽቲ ንምንታይ ካብ ናብ ኮረድዮ ናብታ ቀጻሊት ክፍሲ መእተዊ ንፋስ ምስራሕ ኣድልይዎም፧” ሕቶ ወርወረ።

“እዛ መእተዊ ንፋስ ሒደት ዓመታት እያ ገይራ ዘላ። ግን እቶም ሃነጽቲ እዚ ገዛ ኣይኰኑን ሰሪሑሞ፡” ሄለን ወሰኸት።

“ምስዛ ገመድ ቃጭል ብሓንሳብ ድየን ተተኺለን፧”

“እወ፡ ገለ ገለ ንኣሽቱ ለውጥታት ጥራይ እዮም ገይሮምም።”

“ኣመና ዘገርሙ ለውጥታት እዮም። ዘየቃጭል ናይ ቃጭል ገመድ፡ ንፋስ ዘየእቱ መእተዊ ንፋስ.... በሊ ሄለን ነታ ሓንቲ ኽፍሊ ኸኣ ኽንምልከታ፡” በለ ሆልምስ ናብታ ኻልኣይቲ ኽፍሊ እናኣምረሐ።

ናይ ዶ/ር ሮይሎት መደቀሲ ኽፍሊ ዕብይ ዝበለ እዩ። ኣብታ መደቀሲት ክፍሊ ንእሽተይ ወተሃደራዊት ዓራት፡ ንእሽተይ ኩብሒ መጽሓፍቲ፡ ሶፋ፡ ናይ ዕንጸይቲ ሰድያ፡ ከባብ ጣውላን ሓንቲ ዓባይ ናይ ሓጺን ሳንዱቕን ነበረ። ሸርሎክ ዝኸነ ኸይተዛረበ ነታ ኽፍሊን ትሕዝቶኣን እናተዘዋወረ ተመልከታ።

“ኣብዚ እንታይ ኣሎ፧” ሓተት ናብታ ናይ ሓጺን ሳንዱቕ እናኣመልከተ።

“ናይ ሰብኣይ ኣደይ ናይ ሰራሕ ሰነዳት’ዩ።”

“ውሽጣ ርኢኽያ ትፈልጢ፧”

“ሓደ መዓልቲ ቕድሚ ነዊሕ ዓመታት ርእየያ ነይረ። ወረቓቕቲ መሊኣ ኸም ዝነበረት እዝክር።”

“ኣብ ውሽጢ ድሙ የላን፧”

“ኖኖ፡ ስለምንታይ ደኣ ክምኡ ኢልካ፧” ሓተት ሄለን ድንግር ብዝበለ ስምዒት።

“እዋእ! ነዚ እባ ተመልከቱ፡” በለ ኣብ ልዕሊ እታ ሳንዱቕ ዝነበረት ብያቲ ናይ ጸባ ኣልዒሉ እናኣርኣዮም።

“መቸም ድሙ የብልናን። ግን ካልኦት እንስሳታት እኮ ኣለው፡” በለት ሕቶኡ ኽምለስ ብምትሰፋው።

“ሓቅኺ፡ ነብሪ’ውን ዓቢ ድሙ’ዩ። ግን ንነብሪ ብያቲ ናይ ጸባ ኸተጽግቦ ኣይትኽእልን እያ። ሕጂ ግን ሓደ ኽፈልጦ ዝደለኹ ነገር ኣሎ፡” በለ ሸርሎክ ኣብ ቅድሚ እታ ናይ ዕንጸይቲ ሰድያ ተንበርኪኹ ብጥንቃቐ እናመርመራ።

“እንሃለት! ኣገዳሲ ነገር ኣብዚ እንሃልካ!” በለ ሸርሎክ ሓንቲ ንእሽቶ መእሰሪ ከልቢ ገመድ እናመልከተ። እታ መእሰሪ ኣብቲ ጫፍ ዓራት ናይ ዶ/ር ሮይሎት ተንጠልጢላ ነበረት። ኣብ ጫፋ ኸኣ ኽቢ ተኣሲሩዋ ነበረ።

“እዚኣ እንታይ እያ ምበልካ ዋትሰን፧” መልሲ እናተጸበየ ናባይ ሕቶ ወርወረ።

“መእሰሪ ኸልቢ እንደኣላ። ግን ንምንታይ ኣብ ጫፋ ኽቢ ኣሎዋ ኣይተረደኣንን፡” መለስኩ ብዝተደናገረ ኣንደበት።

“ዘተሓሳስብ’ዩ ሓቀይ፤ እንታይ ይበሃል ኩይኑ። እዛ ዓለም ሓደገኛ እያ ዋትሰን ዓርከይ። ሓደ በሊሕ ሰብ ናብ ገበነኛ እንተ ተቐይሩ ኸኣ ዝገደደ። ዝኣክል ዝረኣና መስለኒ። ናብቲ ኻንሸሎ ንኺድ፡” በለኒ።

ሸርሎክ ከምኡ ዓይነት ምሉእ ኣተኵሮ ኽገብር ቅድሚ ሸዑ ርእየዮ ኣይፈልጥን። ኣብቲ ኻንሸሎ ውሑድ ግዜ ተመላለስና፣ ኣነን ሄለንን ዝረኣናዮ ኣይነበረን።

“ኣስተውዒልኪ ስምዕኒ ሄለን፡” በለ ሸርሎክ፡ “ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ ልክዕ ከምቲ ዝብለኪ ኽትገብሪ ኣለኪ።”

“ሕራይ ኣቶ ሸርሎክ።”

“ህይወትኪ ዝምርኩሰሉ ጉዳይ እዩ፡” ይትረፍ ንዓኣ ንዓይ እኳ ዘርዓደኒ ሓሳብ ኣምጸአ።

“ልክዕ ከምቲ ትብለኒ ኽገብር እየ፡” መለሰት ሄለን።

“ሎሚ ለይቲ ኣነን ዋትሰንን ኣብ ክፍልኺ ኽንህሉ ኣለና፡” ኣነን ሄለን ብምግራም ጠመትናዮ።

“እወ፡ ግድን ክንህሉ ኣለና። እቲ ንገብሮ እዚ እዩ። እታ ኣብቲ ርሑቅ ትርኣየና ዘላ ሆቴል ናይዚ ዓዲ ድያ፤” ነታ ሆቴል እናመልከተ ሓተተ።

“እወ።”

“ጽቡቕ፡ መስኮትኪ ኣብኡ ኼንካ ኽርአ ይከኣል ድዩ፤”

“እወ፡ ብቐሊሉ እምበር።”

“ሰብኣይ ኣደኺ ምስ ተመልሰ፡ ርእሰይ ሓሚመ ኢልኪ ናብ ክፍልኺ ኺዲ። ክሳዕ ዝድቅስ ተጸቢኺ ነቲ መጋረጃ መስኮትኪ ኽፈትዮ። ፋኑስኪ ኸኣ ኣብ ጥቓ እቲ መስኮት ግበሪያ። ዘድልየኪ ሒዝኪ ኸኣ ናብታ ናይ ቀደም መደቀሲት ክፍልኺ ሕለፊ። ሎሚ ምሸት ኣብኡ ኽትድቀሲ ትኽእሊ ኢኺ ምሸ፧” ሕቶን መምርሕን ብማዕረ ኣመሓላለፈ።

“እዋእ፡ እወ።”

“በቃ ዝተረፈ ንዓና ሕደግዮ።”

“ግን እንታይ ኢኹም ክትገብሩ፧” ሻቕሎታ ኣብ ሕቶኣ እናተንጸባረቐ ሓተት።

“ምሉእ ለይቲ ኣብ ክፍልኺ ኳንና ምስጢር እቲ ፋጻ ኽንፈልዋ ኢና።”

“ሕጂ’ውን ፈሊጥካ ኣለኻ መስለኒ ኣቶ ሸርሎክ።” ርግጸኛ ዝመስል ሓሳብ ኣቕረበት።

“ምናልባት እፈልዋ ይኸውን።”

“እሞ ሓፍተይ ከመይ ኢላ ኸም ዝሞተት ንገረኒ።” ዝርብጻ ሓሳብ ተዛረበት።

“ቅድሚ ምዝራብይ መረጋገጺ ኽሕዝ ኣለኒ።”

“በል ሕራይ ብፍርሒ ድያኽ ሞይታ፧”

“ኖኖ፡ ኣይመስለንን፡” ቅልጥፍ ኢሉ መለሰ። ቀጺሉ፡ “ሄለን ሕጂ ኽንከይድ። ዶ/ር ሮይሎት እንተ ርእዩና ኸኦሉ ኽፈሽል እዩ። ቻው በርትዒ። ልክዕ ከምቲ ዝበልኩኺ ኸኣ ግበሪ። ኣጆኺ፡ ድሕሪ ቕሩብ ካብ ሓደጋ ናጻ ኽትኩኒ ኢኺ።”

ንሄለን ተፋኒና፡ ኣነን ሸርሎክን ኣብታ ንእሽተይ ሆቴል ክፍሊ ሓዝና። ኣብ ላዕለዋይ ደርቢ ስለ ዝነበርና፡ ብመስኮት ናይታ ኽፍልና፡ ንእንዳ ዶ/ር ሮይሎት ገዛ ብቕሊሉ ኽንርእያ ንኽእል ነበርና። ዓይኒ ኽሕዝ ምስ ጀመረ ዶ/ር ሮይሎት በቲ መንገዲ ኽሓልፍ ረኣናዮ። ድሕሪ ገለ ደቓይቕ ከኣ ኣብ ሓንቲ ኻብተን ክፍልታት ናይቲ ገዛ ብርሃን ረኣና።

“ዋትሰን፡ ሎሚ ለይቲ ምሳይ እንተዘይከድካ ይሓይሽ መስለኒ፣ ዓቢ ሓደጋ እዩ ዘሎዎ፡” ዘርዕድ ሓሳብ ኣምጸአ።

“ምሳኻ እንተኸይደ ሓገዝ ይኹነካ ድዮ፧” ትብዕ ፍርሕ ብዘበለ ኣንደበት ተዛረብኩ።

“እዋእ፡ እወ።”

“ስለዚ ግድን ምሳኻ ክኸይድ ኣለኒ፡” ቍርጺ ሓሳበይ ኣፍለጥኩዎ።

“የቐንየለይ ዝዓርከይ።”

“ሓደጋ ኽትብል ከኣ ጸኒሕካ፡ ገለ ኣነ ዘይረኣኹዎ ርኢኻ ኣለኻ ማለት ድዩ፧” እቲ ሕርኽርኽ ክብለኒ ዝጸንሐ ሕዮ ኣቑረብኩሉ።

“ልክዕ እቲ ዝረኣኻዮ እየ ርእየ። ገለ ነገራት ግን ምናልባት ንዓይ ፍልይ ዝበለ ትርጉም ሂቦምኒ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።”

“ብጀካ እታ ናይ ቃጭል ገመድ ፍሉይ ነገር ኣይረኣኹን። እዚ ኽኣ ምስቲ ጉዳይ ብኽመይ ይተኣሳሰር ብዙሕ ኣይተረደኣንን።”

“እቲ መእተዊ ንፋስክ ርኢኻዮዶ፧”

“እወ፡ ግን እሞ ንሱ ብኽመይ እዩ ፍሉይ፧ ኣንጭዋ ዘይተሕልፍ ንእሽተይ እኳ እያ።”

“ቅድሚ ናብቲ ገዛ ምኻድና መእተዊ ንፋስ ከም ንረክብ ፈሊጠ ነይረ።”

“እዋእ፡ ሸርሎክ፡ በጃኻ ኢለካ! ናይ ብሓቂ፧” በልኩዎ ዘረባኡ ምእማን ከቢዱኒ።

“እወ ናይ ብሓቂ። ትዝክር ሄለን ሓፍታ ጨና ናይ ሽጋራ ይጨንዋ ከም ዝነበረ ኽተዕልለና፧” ብምባል ጠመተኒ። ወሲኹ፡ “ኣብ መንጎ እተን ክፍልታት ቀዳድ ከም ዝህሉ ርግጸኛ ነይረ። ንእሽተይ ከኣ ክኽውን ነይሩዎ እንተዘይኩይኑ ፖሊስ ክፍትሹ ኽለዉ ምረኽቡዎ። ነዚ ሓሳብ ምስ ኣሳላሰልኩ ኽኣ መእተዊ ንፋስ ከም ንረክብ ተረዲኡ” በለኒ።

"እሞ መእተዊ ንፋስ ምህላዉ እንታይ ሸግር ኣሎዎ ድዩ፧" ነቲ ዘይነጸረለይ ሓሳብ ብሕቶ ኣቕረብኩሉ።

"ሕስብ እሞ ኣብሎ፡ መእተዊ ንፋስ ተሰሪሑ፡ ገመድ ናይ ቃሜል ድማ ተንጠልጢሉ። እታ ኣብኡ ትድቅስ ጓል ከኣ ሞይታ።"
ኣላጊበ ኽርድኦ ብዘይ ምኽኣለይ፡ "ዋላሓንቲ ምትሕሓዝ የብሉን፡" በልኩዎ።

"ዓራታ ዝኾነ ፍሉይ ነገር ኣይርኣኻሉን፧"

"ኣይርኣኹሉን።"

"ምስቲ መሬት ዝተጣበቐ እዩ። ቀድሚ ሕጂ ኸምኡ ርኢኻ ትፈልጥ፧" ኣዒንቱ ኣፍጢጡ ሓተተኒ።

"ኣይፈልጥን፡" ሓጺር መልሲ ሃብኩዎ።

"ዓራታ ኸተንቀሳቕስ ኣይትኽእልን እያ ነይራ። እዚ ኸኣ ጥቓ እታ መእተዊት ንፋሰን እታ ገመድ ቃሜልን ክትህሉ ነይሩዋ ማለት እዩ።"

"እውይ ሸርሎክ! እንታይ ክትብል ጸኒሕካ ድኣ ሕጂ እንድዩ ተረዲኡኒ። ሓደ ሕማቕ ገበን ደው ከነብል እንዲና ደኣ ኣብ ግዜኡ ተረኺብና ዘለና!" ገጸይ ብፍሽኽታ ኸሊዐ ጨደርኩ።

"እወ እምብዛ ሕማቕ እምበር። ሓደ ድፍረትን ፍልጠትን ዝተዓጥቀ ዶክተር፡ ሕማቕ መንገዲ እንተ መሪጹ ዝኸፍአ ገበነኛ እዩ ዝኸውን። እዚ ሰብኣይ ከኣ ጐራሕ እዩ። ልዕሊኡ ኽንጐርሕ ጥራይ እዩ ዘለና።

ሎሚ ምሸት ከባድ ምሸት እያ ኽትከውን። ሓንሳብ እናተዘናጋዕና ብዛዕባ ኻልእና ንሕሰብ።" ብምባል ክዛነ ጀመረ።

ናይ ዶ/ር ሮይሎት መብራህቲ ኽባቢ ሰዓት ትሸዓተ ጠፍአት። ኣብቲ ገዛ ምሉእ ጸልማት ኰነ። ክልተ ሰዓት ቀሰይ ኢለን ሓለፋ። ሃንደበት ልክዕ ሰዓት ዓሰርተው ሓደ ምስ ኰነ ድሙቕ ብርሃን ናብ ደገ ገጹ በርህ።

"እዚኣ ምልክትና እያ። ካብቲ ማእከላይ መስኮት'ያ ትብርህ ዘላ።" በለ ሸርሎክ ብታህዋኽ።

ክንወጽእ ከለና ሸርሎክ ኑቲ ተቕባሊ ጋሻ ናይቲ ሆቴል፡ ናብ እንዳ ዓርክና ኽንበጽሕ ንኽይድ ምህላውናን ክንሓድር'ውን ከም ንኽእል ሓበሮ።

ብድሕሪ'ዚ ኑቲ ጸልማት መንገዲ ተተሓሓዝናየ። ዝሑል ንፋስ ኣብ ገጽና እናነፈሰ ናብታ መብራህቲ ገጽና ተጓዓዝና።

ኑቲ ኣረጊት ናይ ኣእማን መንደቕ ሓኹርና ናብቲ ኣግራብ ገጽና ገስገስና። ኑቲ ካንሸሎ ሰጊርና ናብታ መስኮት ክንሓኵር ክንዳሎ ኾለና ሓደ ድምጺ ሰማዕና። ካብ ድሕሪ እቲ ሳዕሪ ሓደ ግናይ ቁልዓ ዝመስል ፍጥረት ነጠረ። ኣብቲ ሳዕሪ እናተገማጠለ ይወድቕ ነበረ። ነጢሩ ናብቲ ጸልማት ብምጕያይ ተሰወረ።

"ርኢኻዮዶ፧" ሓተትኩ ብሕሹኾኦታ። ሸርሎክ ኢዱ ኽም ሓጺን ኣትሪሩ ኢደይ ጨበጠኒ። ጸኒሑ ግን ፍኾስ ብዝበለ ስሓቕ፡ "እቲ ጋውና'ዩ።" ክብል ኣድመጸ።

ጋን ኩነኒ። ነቶም ፍሉያት እንስሳታት ናይ ዶ/ር ሮይሎት ፈጺመ ረሲዐዮም ነበርኩ። ነብሪ'ውን ነይሩ'የ። እናጨደረ ኣብ መንኩብና ኽዓልብ ተራእዩኒ ብፍርሒ ኣንፈጥፈጥኩ። ግን ሓንሳብ ስለ ዝኣተናዮ ምምላስ ዝበሃል የለን። ጫማና ኣውጺና ናብ ናይ ሄለን መደቀሲ ኽፍሲ ሓኼርና። ኣብኡ ምስ ኣተና ቕሩብ ርግኣት ተሰምዓኒ። ሸርሎክ ነቲ መጋረጃ ቐስ ገይሩ ዓጸዎ። ነታ ሓባሪትና ኼይና ዝጸንሐት ፋኑስ ኣብ ጣውላ ኣቐሚጡ ነታ ኽፍሲ ብትኸረት ተዓዘባ። ሓድሽ ነገር ኣይነበረን። ናብ እዝነይ ቀርብ ኢሉ፡ "ዝኼነ ድምጺ ኸይትገብር ተጠንቀቕ፣" በለኒ ብሕሹኸታ። ርእሰይ ብምንቅናቕ ከም ዝሰማዕክዎ ኣረጋገጽኩሉ።

"መብራህቲ ኸኣ ኽንውልዕ የብልናን። ቡቲ መእተዊ ንፋስ ገይሩ ኽርእየና ይኽእል እዩ።" ርእሰይ መሊሰ ነቐነቕኩ።

"ኣይትደቅስ ከኣ፡ ህይወትካ ኸይትኸስራ። ሸጉጥካ'ውን ኣዳሉዋ። ኣነ ኣብዚ ዓራት ኮፍ ክብል እየ፡ ንስኻ ኣብቲ ሴድያ ኮፍ በል፡" ፍርሒ ዝፍጥር መምርሒ ሃበኒ።

ሸጉጠይ ኣውጺኣ ኣብቲ ጣውላ ኣዳለኹዋ። ሸርሎክ ሓንቲ ቐጣን ነዋሕ ምርኩስ ተማሊኡ ነበረ። ባኮ ክርቢትን ሸምዓን እታ ዝተማልኣ በትርን ኣብ ጥቓኡ ኣቐሚጡ፡ ነታ ፋኑስ ኣጥፊኡ ተዳለወ።

እታ ለይቲ ፈጺመ ኽርስዓ ኣይክእልን እየ። ዝኼነ ዝሰማዕ ድምጺ ኣይነበረን። እቲ መጋረጃ ብርሃን ከም ዘይእትው ኼይኑ ተሸፈነ። ሰሕት ኢለን ጨራሩ የድምጻ፡ ሓንሳብ ከኣ ከም ናይ ድሙ ዝጥዕም ነዊሕ ድምጺ ሰማዕና። ነቲ ነብሪ ዘኪረ ኣንፈጥፈጥኩ። እታ ኣብ ማእከል ዓዲ ዝነበረት ዓባይ ሰዓት ብደወል ግዜ ሓበረት። ፍርቂ ለይቲ ኼነ። ጸኒሑ ሰዓት ሓደ፡ ሰዓት ክልተ፡ መወዳእትኡ. . . ሰዓት ሰለስተ።

ቀሩብ ጸኒሑ ሽታ ናይ ዝነድድ ዘይትን ዝረሰነ ሓጺንን መጽአና። ኣብታ ኽፍሊ ዝርከብ ሰብ ፋኑስ ወሊዑ ምኻኑ'ዩ። ድምጺ፡ ድሒሩ ኸኣ ጸዋታ ተፈራረቐ። እቲ ሽታ እናበርትዐ ኸደ። ኣብ ከምዚ ኹነታት ንፍርቂ ሰዓት ዘኸውን ብዘይዘኹነ ለውጢ ኾፍ በልና።

ሃንደበት ግን ካልእ ድምጺ ሰማዕኩ። ናይ ሕሹኹሹኹ ድምጺ። ከምዚ ኻብ ዝፈልሐ በራድ ዝወጽእ ሃፋ ይመስል። ልክዕ ምስ ሰማዕናዮ ሸርሎክ ካብቲ ኾፍ ኢሉ ዝነበረ ዓራት በተግ ኢሉ ተንስኣ። ክርቢት ወሊዑ ነታ ናይ ቃጭል ገመድ በታ ነዋሕ በትሪ ክሃርማ ጀመረ።

"ትርእዮዶ ኣለኻ ዋትሰን፧" ጨደረ። "ርኢኻዮዶ፧" ደጊሙ ጨደረ።

ድንግርግር በለኒ። ሓቂ ኽዛረብ ዋላሓንቲ ኣይረኣኹን። ሸርሎክ ነታ ኽርቢት ምስ ወልዓ ትሑት ናይ ፋጻ ድምጺ ሰማዕኩ። ናብ ምንታይ ወስ ይብል ምንባሩ ዋላ ኣይረድኣኒ፡ ገጹ ብስንባድ ጻዕድዩ ኣዒንቱ ኸኣ ፈጢጠን ከም ዝነበራ ኣስተውዓልኩ።

ጸኒሑ ነቲ ገመድ ምህራም ኣቋሪጹ ቐው ኢሉ ናብቲ መእተዊ ንፋስ ጠመተ። ሃንደበት ዓው ዝበለ ኣውያት ተሰምዐ። እቲ ድምጺ መመሊሱ እናበርትዐ ኸደ። ድሒርና ኸም ዝሰማዐናዮ ገለ ነበርቲ ናይታ ዓዲ ብብርትዐ ናይቲ ኣውያት ካብ ድቃሶም ተበራቢሮም እዮም። ውሽጠይ ገለ ዛሕለ ተሰሚዑኒ ኣንቀጥቀጥኩ። ናብ ሸርሎክ ግልጽ እንተበልኩ ናባይ ክጥምት ጸንሓኒ።

"እንታይ ማለት እዩ እዚ ኾሉ፧" ሓተትኩ ብተርባጽ።

"ተፈጸመ ማለት እዩ። ብኸምኡ እንተ ተፈጸመ ኸኣ ይሓይሸ መሰለኒ። ሸጉጥካ ኣልዕል። ናብ መደቀሲ ዶ/ር ሮይሎት ንኺድ፡" ብምባል ነታፋኑስ

ብምባል ነታ ፋኑስ ወሊዑ ናብታ መደቀሲ ገጽና ኣምራሕና። ክልተ ግዜ ኻሕኩሕና መልሲ ሰኣንና። ሸርሎክ ማዕጾ ኸፊቱ መርሓኒ። ኣነ ኸኣ ሸጉጠይ ሒዘ ደድሕሪኡ ሰዓብኩዎ። ኣገራሚ ትርኢት'ዩ። ኣብቲ ጣውላ ሓንቲ ፋኑስ ናብቲ ተኸፊቱ ዝነበረ ሳንዱቕ ሓጺን ተብርህ፡ ኣብ ጎድኒ እታ ጣውላ ኸኣ ዶ/ር ሮይሎት ኣብታ ናይ ዕንጨይቲ ሰድያኡ ኾፍ ኢሉ ተመልከትና። ነዊሕ ሓሙኽሽታይ ክዳን ለይቲ ለቢሱ፡ ጫማ ዘይነበሮ ኣእጋሩ ኣብ መሬት ተዘርጊሐን፡ መንከሱ ንቕድሚት ተደፊኡ። ኣዒንቱ ኸኣ ፈጠጥ ኢለን ናብ ቦሎፎን ይጥምታ። ሓመዳዊ ነጠብጣብ ዘሎዎ ብጫ መንዲል ኣብ ግምባሩ ተኣሲሩ ነበረ። ዶ/ር ሮይሎት ሓንሳብ'ውን እንተ ኾነ ኣይተንቀሳቐሰን።

"እቲ መእሰሪ! እቲ ነጠብጣብ ዘለዎ መእሰሪ!" በለ ሸርሎክ ብምግራም።

ኣጸቢቑ ኽርኢ ብምሕሳብ ንቕድሚት ቀረብኩ። እታ ፍልይቲ መእሰሪ ኽትንቀሳቐስ ጀመረት። ሃንደበት ካብ ርእሲ እቲ ዶክተር ኣልማዛዊ ቕርጺ ዘለዎ ናይ ሓደ ኽፉእ ተመን ርእሲ ተቐልቀለ።

"ኣፍዑት'ዩ፡ ኣርዓዲ ተመን!" ጨርሐ ሸርሎክ። "ኣብ ህንዲ እቲ ቑንዲ ቐታሊ ዓይነት ተመን እዩ። ዶ/ር ሮይሎት ምስ ተነኽሰ ድሕሪ ዓሰርተ ኻልኢታት ኣቢሉ ሞይቱ ኣሎ። ነዚ ሓደገኛ ተመን ናብ ሳንዱቑ ኣእቲና ንሄለን ካብዚ ገዛ ነውጻያ፡" ንኽሓስብ ዕድል ከይሃበ ኣዘዘኒ።

ነቲ መትሓዚ ኸልቢ ኻብ ሰለፍ ናይቲ ዝሞተ ዶክተር ኣልዓሎ። ነታ ኽቢ ኣብ ርእሲ ናይቲ ተመን ድሕሪ ምእታው ቀጥ ኣቢሉ ሸንቀቓ። ነቲ ዝተሓንቀ ተመን ብጥንቃቐ ድሕሪ ምልዓል ናብቲ ሳንዱቕ ደርብዩ ነቲ ማዕጾ ገም ኣቢሉ ዓጸዎ።

እዚኣ እያ እምበኣር ዛንታ እታ ብዓልቲ ነጠብጣብ ቅናት። ንሄለን ኮሉ እቲ ዘጋጠመ ድሕሪ ምዝንታው ናብ እንዳ ሓትነኣ ሰደድናያ። ነቲ ኣጋጣሚ ኽዕዘቡ ዝተጸውዑ ፖሊስ ዶ/ር ሮይሎት ምስ ዘዕብዮ ተመን እናተዘናግዐ ኸሎ ኸም ዝተነኽሰ ደምደሙ። ንጽባሒቱ ኣነን ሸርሎክ ሆልምስን ናብ ለንደን ንምምላስ ጉዕዞ ተተሓሓዝናዮ።

"ኣብ መጀመርያ እኮ ተደናጊረ'የ ነይረ ዋትሰን። እታ መዋቲት ሽራዋ ዝብል መግለጺ ስለ ዝተጠቐመት እቶም ኣብቲ ኻንሽሎ ዘቐመጡ ጂፕሲ መሲሎምኒ ነይሮም። ንሳቶም ሽራዋ ዘሎዎ መንዲል ይኽደኑ'ዮም። ድሒረ ኸም ዝተዓዘብኩዎ ግን ቡቲ መስኮት ይኹን ማዕጾ ኽኣቱ ዘኽእል ሰብ የለን። ነታ መእተዊት ንፋሰን ገመድ ቃጭልን ምስ ርኣኹ ድማ ጽቡቐ ገይሩ ኽርድኣኒ ጀሚሩ። እታ ገመድ ጥቕሚ ዘይብላ እያ። እታ ዓራት ከኣ ምስ መሬት ዝተጣበቐት። ጠንቂ ሞት ሓፍቲ ሄለን ተመን ምኻኑ ሸዐ ተረድኣኒ። እቲ ዶክተር ፍሉያት እንስሳታት ነይሮሞ'ዮም። ተመን'ውን ይህሉዎ ይኸውን ኢለ ሓሲበ። እታ ጓል ምስ ሞተት መርዚ ተመን'ዩ ኢሉ ዝግምት ይኾነ ነተን ንኣሽቱ ንካስ ዘስተብህል ኣይነበረን። ሸዐ ብዛዕባ እቲ ናይ ፋጻ ድምጺ ሓሰብኩ። እቲ ዶክተር ነቲ ተመን ክመልሶ ነይሩዎ። ስለዚ ኸኣ መሃሮ። ድምጺ ፋጻ ሰሚዑ ምስ ተመልሰ ጸባ ይህቦ ነይሩ። ነቲ ተመን ናብታ መእተዊ ንፋስ የቕርቦ'ሞ እቲ ተመን ከኣ በታ ናይ ቃጭል ገመድ እናኣንፋሕኹ ናብቲ ዓራት ይበጽሕ። ሓደ ርጉጽ ነገር እንተ ነይሩ እቲ ተመን ደንጉዩ ቀልጢፉ ክነክስ ምኻኑ'ዩ።" ይርድኣኒ ኸም ዘሎ ንኸረጋግጽ ዘረባኡ ደው ኣቢሉ ጠመተኒ። ቁላሕታኡ ኣቋሪጹ ወግዒ ክቕጽለለይ ጀመረ።

"እዚ ኾኑ ናብ መደቀሲኡ ቕድሚ ምእታውና ተረዲእኒ ነይሩ። እታ ኣብ መደቀሲኡ ዘላ ሴድያ ጽቡቐ ገይረ ምስ ኣስተውዓልኩላ ፍሕጭርጫር መሊኣ ረኣኽዋ። እዚ ዝኾነ ነታ መእተዊት ንፋስ ንምርካብ ብዙሕ ግዜ

ፍሕጭርጫር መሊኣ ረኣኽዋ። እዚ ዝኾነ ነታ መእተዊት ንፋስ ንምርካብ ብዙሕ ግዜ ደው ይብለላ ስለ ዝነበረ'ዩ። ነቲ ሳንዱቅ ሓጺን፡ መትሓዚ ኽልብን ጸባን ምስ ርኣኹ ግን ርግጸኛ ኾይነ። እቲ ሄለን ዝሰምዓቶ ገልጠምጠም ዝብል ድምጺ እቲ ሳንዱቕ ክዕጾ ኽሎ ዝህቦ ዝነበረ እዩ። እቲ ተመን ድምጺ ኽንብር ምስ ጀመረ ኽኣ ብበትረይ ሃሪመዮ።"

"ናብታ መእተዊት ንፋስ መታን ክምለስ፧" ኮልፍ ኣቢለ ሓተትክዎ።

"እወ። ምስ ሃረምኩዎ እቲ ተመን ብቕጠዐ'ዩ ተመሊሱ። ምስ ተመልሰ ኽኣ ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝጸንሐ ዋናኡ ነኺሱዎ። ስለዚ ጠንቂ ሞት ናይ ዶ/ር ሮይሎት ኣነ እየ ኽበሃል ይከኣል እዩ። ግን ዋትሰን፣ ከምኡ ብምግባረይ ዝስእኖ ድቃስ የብለይን፡" ብምባል ፍሸኽ ኢሉ ጠመተኒ።

ማሕበር ቀያሕቲ ጸጉሪ ርእሲ

ኣብዛ ዝሓለፈት ቀውዒ ሓደ መዓልቲ ንዓርከይ ኣቶ ሸርሎክ ሆልምስ ክበጽሖ ኸድኩ። ኣብ ቤቱ ምስ በጻሕኩ ሸርሎክ ምስ ሓደ ቐይሕ ዝጸጉሩ ገዚፍ ሰብኣይ ክዛራረብ ጸንሓኒ።

“ይቕሬታ ሸርሎክ፡ ሰብ ከም ዘለካ ኣይፈለጥኩን.....” እናበልኩ ኽምለስ ተበገስኩ። ሸርሎክ ግን ብፍጥነት ኢደይ ጨቢጡ ናብቲ ኽፍሊ ጐቲቱ ብምእታው፡ “ዝኸበርካ ዋትሰን ዓርከይ፡ እንቋዕ ብደሓን መጻእካ፡” በለኒ።

“ስራሕ ሒዝካ ኸይትህሉ እንድየ ተሰኪፈ፡” በልኩዎ ስክፍታይ ካብ ገጸይ ከይጠፍኣ።

“ሒዘ ኣለኹ፡ ኣገዳሲ ሰራሕ ከኣ እምበር፡” በለኒ።

“እሞ ደሓን፡ ኣብታ ሓንቲ ኽፍሊ ዘይጸንሓካ፧”

“ኖኖ፡ ብፍጹም!” ብምባል ናብቲ ቐይሕ ዝጸጉሩ ሰብኣይ ግልጽ ኢሉ፡ “ኣቶ ዊልሰን እዚ ትርእዩዎ ዘለኹም መሳርሕተይ እዩ። ዳርጋ ኣብ ኮለን እተን ኣገዳስቲ ዝበሃላ ስርሓተይ ኣብ ጐድነይ እዩ። ኣብዛ ናትካ’ውን ከም ዝሕግዘኒ ርግጸኛ እየ፡” ብምባል ናባይ ጠመተ።

እቲ ገዚፍ ሰብኣይ ኣተኩሩ ጠመተኒ። “ኮፍ በል ዋትሰን፡” በለ ሸርሎክ። “ከምዚ ዓይነት ኣገረምቲ ጉዳያት ከም ትፈቱ እፈልጥ እየ። ብዛዕባኣም እኳ ብዙሕ ጽሒፍካ ኣለኻ።”

“ጽቡቕ። ኣቶ ዊልሰን ሎሚ ንግሆ ኽረኽበኺ መጺኡ። ዘጋጠሞ ኽዘንትወለይ ጀሚሩ ኣሎ።” ተገዳስነቱይ ዘረጋገጸ ሸርሎክ እቲ ጉዳይ ከብርሃለይ ጀመረ። “ከም ዝመስለኺ ፍልይ ዝበለ እዩ። ኣቶ ዊልሰን ካብ ፈለማዶ ክትጅምር፤ ምኽንያቱ ኸምዚ ዝመሰለ ጉዳይ ሰሚዐ ኣይፈልጥን እየ። ሰለዚ ኼዱ ኸም ብሓድሽ ደጊመ ኽሰምየ ደልየ ኣለኹ።” በሎ ንዓይን ንዕኡን ኣበራርዩ ብምጥማት።

እቲ ገዚፍ ሰብኣይ ካብ ጁባ ናይ ካቦቱ ሓንቲ ረሳሕ ጋዜጣ ኣውጽኡ። ኣብ ብርኩ ኣደጊፉ ኸኣ ናብቲ ናይ መወዓውዒ ኽፋል ክገናጽል ጀመረ። ልክዕ ከምቲ ሸርሎክ ዝመሃረኒ ኣተኩረ እጥመቶ ነበርኩ። ካብ ንቡር ወጻኢ ዝኾነ ነገር ኣይረኣኹሉን። ኣብ ንግዲ ዝነጥፍ እዩ ዝመስል። ሓሙኼሸታይ ሰረገ ጸሊም ካቦትን ተኸዲኑ ነበረ። ረጉድ ዝሰንሰለታ ተንጠልጣሊት ሰዓት ኣብ ጁባ ናይ ጅለኡ። ዝኣረገት ቀብዕን ዝተዓማጸጸ ዓቢ ተደራቢ ካቦትን ኣብ ሰድያ ኣቑሚጡ ነበረ። ደጋጊመ ዋላ እንተ ጠመትኩዎ ኻብ ንቡር ወጻኢ ዝኾነ ነገር ኣይረኣኹሉን። ብዘይካ ኣመና ቐይሕ ጸጉርን ብርቱዕ ናይ ሕርቃን ምልክትን ካልእ ፍሉይ ዝበሃል ነገር ኣይነበሮን።

ሸርሎክ ሆልምስ ከም ናቱ ገይረ ነገራት እዕዘብ ከም ዘለኹ ምስ ኣስተብሃለ ፍሸኽ በለ።

“ዋትሰን፡ ብዙሕ ፍሉይ ነገር ክትረኽበሉ ኢልካ ኣይትጸበ። ክብድ ዝበለ ስራሕ ዝሰርሕ ዝነበረ እዩ ዝመስል። ትምባኾ ኸም ዝወሰድ፡ ኣባል ማሕበር ምትሕግጋዝ ሰብ ሞያ ምኻኑ፡ ናብ ቻይና ገይሹ ኸም ዝነበረን ብዙሕ ክጽሕፍ ከም ዝቐነየን ጥራይ እዩ ዝርኢ።” በለኒ።

ኣቶ ዊልሰን ብስንባደ ብድድ ኢሉ ብምትንሳእ፡ "ከመይ ገይርካ እዚ ኾሉ ፈሊጥካዮ ኣቶ ሸርሎክ፧" ብምግራም ሓተቶ። "ከመይ ገይርካ ኸቢድ ስራሕ ይሰርሕ ምንባረይ ፈሊጥካ፧ ኣብ ሓደ እዋን ናይ መራኽብ ጸራቢ ዕንጸይቲ ኾይነ ሰሪሐ'የ፡" ወሰኸ።

"ኣእዳውካ ብምዕዛብ ኣቶ ዊልሰን። የማነይቲ ኢድካ ካብታ ጸጋመይቲ ቐሩብ ትገዝፍ እያ። እቲ ዕብይ ዝበለ ጭዋዳታት የማነይቲ ኢድካ ብዙሕ ከም ዝዓየኻላ እዩ ዘመልክት።" በሎ ብዙሕ ከይተገደሰ።

"ብዛዕባ እቲ ማሕበር ምትሕግጋዝ ሰብ ሞያኸ፧" ካብ ምግራም ከይርሓቐ ሓተተ።

ሸርሎክ ነታ ኣብ ካቦቱ ብስፒሎ ተታሒዛ ዝነበረት ምልክት ማሕበር ኣመልከተሉ። "እዋይ፡ ነዚኣስ ረሲዐያ ጸኒሐ። ብዛዕባ እቲ ምጽሓፍ ግን ከመይ ኣቢልካ ፈሊጥካ፧" ፍሽኽ ኢሉ ተዛረበ።

"ክሳድ እጅግ የማናይ ኢድ ካቦትካ ተዓዘቡ፡ ሓሙሽተ ኢንች ካብኡ ኻብ ምልማጹ ዝተላዕለ የንጸባርቕ ኣሎ። ኣብ ጥቓ ጸጋመይቲ ኸርናዕ ኢድካ ኸኣ እተንጸባርቕ ንእሽቶ ንጣብ ኣላ። እዚ ቡቲ ኣብ መጽሓፈ ጣውላ እተዘውትሮ ኣቀማምጣ ዝሰዓበ እዩ።"

"ኣብ ቻይና ምንባረይከ ብኸመይ ፈሊጥካ፧" ኮልፍ ኣቢሉ ሓተተ።

"በታ ኣብ የማነይቲ ግናዕ ኢድካ ዘላ ናይ ዓሳ ውቃጦ። ኣብ ቻይና ጥራይ ኢኻ ኸምዚ ዓይነት ክትውቀት እትኽእል። ብዛዕባ ውቃጦታት ኣብ ዝገበርኩዎ መጽናዕቲ፡ ቻይናውያን ጥራይ እዮም ነዚ ሮዛ ሕብሪ ናይ ዓሳ ቅርፍቲ ብልክዕ ዝመልኩዎ። ኣብቲ ናይ ሰዓትካ ሰንሰለት ከኣ

ናይ ቻይና ሳንቲም ኣላትካ።"

"እምባእ! ኣነ ኸኣ ኣዝዩ ብርቂ ነገር ዝገበርካ መሲሉኒ ጸኒሑ። እዚ ደኣ ቀሊል እንድዩ፣" በለ ዊልሰን እናሰሓቐ።

"ርእ በለ ዋትሰን፡ ነዚ ኸምዚ ዓይነት ስርሒይ እንተ ዘይገለጽኩዎ ይሓይሸ። ምኽንያቱ ቐሊል ስለ ዝመስል። ግን ደሓን ቀጽል ዊልሰን እታ መወዓውዒት ረኺብካያዶ፤" ንዓይ ገዲፉ ናብ ዊልሰን ጠመተ።

"እንሀት ረኺበያ። በዚኣ እዩ እዚ ኸኦሉ ጀሚሩ። እንካ ኣንብባ፡" ንሸርሎክ ኣቐበሎ።

እታ መወዓውዒ ኸምዚ ትብል ነበረት፤

"ማሕበር ቀያሕቲ ጸጉሪ ሕጂ'ውን ሓድሽ ናይ ስራሕ ዕድል ከፊታ ኣላ። እዛ ማሕበር ቡቲ ኣቶ ሆፕኪንስ ካብ ፕንሲልቨንያ ኣሜሪካ ዘበርከቱዎ ገንዘብ እያ ጀሚራ። ክፍሊት፡ ንኣዝዩ ቐሊል ስራሕ 4 ፓውንድ ኣብ ሰሙን እዩ። ዝኹነ ብዕድመ እኹል ቀይሕ ዝሕብሩ ጸጉሪ ዘሎዎ ሰብ ክወዳደር ይኽእል እዩ። ኣብ 7ይ ጉደና ቤት ፍርዲ ጳጳሳት ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ማሕበርና ሰኑይ ሰዓት 11 ቅድሚ ቐትሪ ብኣካል ናብ ኣቶ ዳንከን ሮስ ብምቐራብ ክትወዳደሩ ትኽእሉ ኢኹም።"

"እንታይ ማለት እዩ'ዚ፤" ሓተትኩ።

"ኣገራሚ ጉዳይ'ዩ፡" ፍሽኽ እናበለ መለሰለይ ሆልምስ።

"በል ኣቶ ዊልሰን ናብ ዛንታኻ ኽንምለስ። እታ መወዓውዒት ዕለት

“በል ኣቶ ዊልሰን ናብ ዛንታኻ ኽንምለስ። እታ መወዓውዒት ዕለት ክንደይን ኣበየናይ ጋዜጣ ኸም ዝተሓትመትን ተመልከታ ዋትሰን።” በለኺ።

“ለንደን ታይምስ ናይ ዕለት 27 ሓምለ 1890 ሕታም እያ። ቀድሚ ኽልተ ወርሒ እዩ ዝኸውን ዘሎ።”

“ጸቡቕ። ሕራይ ንቐጽል።”

“እዋእ ከምቲ ኽገልጾ ዝጸናሕኩ እዩ ኣቶ ሸርሎክ። ኣብ ኩተማ ሓንቲ ንእሽቶ እንዳ ሓራጅ ኣላትኒ። ሰባት ስልማት ይኸውን ክዳውንቲ ወይ ከምኡ መሳሊ የትሕዙ’ሞ ኣነ ኸኣ ገንዘብ የለቕሖም። ገንዘበይ እንተ ዘይመለሱለይ ነቲ ዘትሓዙዎ ንብረት ብምሻጥ መኽሰብ እረክብ። ዓቢ ትካል ኣይኩነን። ኣብዚ ቐረባ እዋን ናብራይ ክኸትት ክኢለ እምበር ካብኡ ዝሓልፍ የብሉን። ቀድሚ ሕጂ ኽልተ ተሓጋገዝቲ እዮም ነይሮምኒ። ሕጂ ግን ሓደ ጥራይ እዩ ዘሎኒ። ንዕኡ’ውን እንተ ኼነ ክኸፍሎ ዓቕሚ የብለይን። ንሱ ግን ክመሃር ስለ ዝደለ ብፍርቂ ደሞዝ እዩ ዝሰርሕ።” ኣሕጽር ኣቢሉ ሓበረና።

“እዚ ርህሩህ ዝልቡ ወዲ ደኣ መን ይብሉዎ፧” ሓተተ ሆልምስ።

“ቪንሰንት እስፓውልዲንግ እዩ ዝበሃል። ብዛዕባ ዕድመኡ እኳ ብዙሕ ኣፍልጦ የብለይን። ካብኡ ዝጉርሕ ተሓጋጋዚ ኸም ዘየድልየኒ ጥራይ እየ ዝፈልጥ። ኣብ ካልእ ከይዱ ዕጽፊ ክኽፈል እናኸኣለ ምሳይ ክሰርሕ እንተመሪጹ’ሞ ኣነ እንታይ ገዲሱኒ።” መንኩቡ ሰቐጥ እናበለ ተዛረበ።

“ፍርቂ ደሞዝ ጥራይ ዝኽፈል ንፉዕ ተሓጋጋዚ ምርካብካ ዕድለኛ ኢኻ።

ኢኻ።" በለ ሆልምስ። "ኣብዚ ግዜ'ዚ ትጉህ ሰራሕተኛ ምርካብ ቀሊል ኣይኰነን። እሞ ኸኣ ብፍርቂ ደሞዝ ከተስርሖ ምኽኣልካ ኸይገረመኒ ኣይተረፈን።"

"ጕድለታት ዘይብሉ'ኳ ኣይኰነን፣" መለሰ ኣቶ ዊልሰን ብምምጽዳቕ። "ክንድኡ ስእልታት ምልዓል ዝፈቱ ሰብ ኣይረኣኹን። ምልእቲ መዓልቲ ስእልታት ከሕትም ናብቲ ታሕተዋይ ክፍሊ ምስ ተመላለስ እዩ። ሓቂ ትሓይሽ ግን እዚ ጕድለት ገዲፍካ ኣዝዩ ትጉህ ሰራሕተኛ እዩ።"

"ገና ምሳኻ ይሰርሕዶ ኣሎ፧" ሓተተ።

"እወ። ንሱን ሓንቲ ተጸራርን መግቢ ትኽሸንን ጓልን እዮም ሰራሕተኛታተይ። ኣይተመርዓኹን ስድራ'ውን የብለይን፣ ስለዚ በይነይ እየ ዝነብር።"

"ቀጽል በል።"

"ቅድሚ ሸሞንተ ሰሙናት ኣቢሉ ይኸውን ነዛ መወዓውዒት እርእያ። ሸንሰንት ነዛ ጋዜጣ ሒዙ ብምምጻእ፡ 'ሎሚ ቐይሕ ሕብሪ ጸጉሪ ኽህልወኒ ተመንየ፡' ይብለኒ። ኣነ ኸኣ፡ 'ስለምንታይ፧' ደኣ ኢለ ሓተትኩዎ።

'ምኽንያቱ እቶም ማሕበር ቀያሕቲ ጸጉሪ ኻልእ ናይ ስራሕ ዕድል ከፊቶም ኣለዉ። ከም ዝሰማዕኩዎ እንተ ኾይኑ ብዙሕ ከይሰራሕካ ጽቡቕ ኢኻ ትኽፈል። ሕብሪ ጸጉረይ ቀይሕ እንተ ዝኸውን ኣብዛ ስራሕ ምኣተኹ ነይረ፡' ይብለኒ። ኣነ ኸኣ ብህንጡይነት። 'እንታይ ዓይነት ስራሕ'ዩ ኸ፧' ኢለ ሓተትትኩዎ። ርኢኻ ኣቶ ሸርሎክ

ብዛዕባ እዋናዊ ኽኑነታት ብዙሕ ኣፍልጦ የብለይን። ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ገዛ ኾፍ ምስ በልኩ እየ። ጋዜጣ ኸኣ ኣየንብብን እየ፡" ንኸዕርፍ ናብ ሸርሎክ ጠሚቱ ምራኞ ድሕሪ ምውሓጥ፡

"'ብዛዕባ ማሕበር ቀያሕቲ ጸጉሪ'ሞ ሰሚዕካ ኣይትፈልጥን ማለት ድዩ፧' ኢሉ ተገሪሙ ይሓተኒ። ኣነ ድማ 'ብፍጹም' ኢለ መለስክሉ። 'ዝገርም'ዩ። ኣነ ደኣ ኽኮኹም ሰብ ቀይሕ ጸጉሪ ትፈልጡዎ እንድዩ ዝመስለኒ ነይሩ፡' ይብለኒ። ነገሩ ስለ ዝገረመኒ፡ 'ክንደይ'ዩ'ኸ ደሞዙ፧' ኢለ እሓቶ። 'ንዓመት ገለ ኣማኢት ፓውንድ እዩ። እቲ ስራሕ ቀሊል ስለ ዝኾነ ግን ኣብ ትርፊ ግዜኻ ኽትዓሞ ትኽእል ኢኻ፡' ይብለኒ፡" ዘረባኡ ኸየቋረጸ ናባና ብምጥማት።

"ገሚትኩሞ ከም ትህልዉ ኣብቲ ስራሕ ልዑል ተገዳስነት ኣሕደርኩ። እቲ ትካለይ ብዙሕ ጽቡቕ ስለ ዘይነበረ ገለ ኣማኢት ተወሳኺ ኣታዊ ኽሕግዛኒ ይኽእላ እየን ኢለ ሓሰብኩ፡" በለና።

"ኮሉ እስኪ ዘርዚርካ ንገረና፡" በልክዎ በቲ ዛንታ ብዙሕ ተመሲጠ።

"ኣነ'ውን ንሺንሰንት ከምኡ እየ ኢልዮ።

'በቃ ኾሉ ኸምዚ ተገሊጹ ዘሎ'ዩ። እቲ ማሕበር ናይ ስራሕ ዕድል ከፊቱ ኣሎ። ናብ ቤት ጽሕፈቶም ብምኻድ ከኣ ኽትወዳደር ትኽእል' በለኒ።

ሺንሰንት ብምቕጻል 'ኣነ ከም ዝተረድኣኒ እንተ ኹይኑ ሆፕኪንስ ዝበሃል ሃብታም ኣሜሪካዊ'ዩ ነዚ ማሕበር መስሪቱዎ። ቀይሕ ጸጉሪ ዝውንኑ ሰባት ዝፈቱ ብዓል ቀይሕ ጸጉሪ ሰብኣይ'ዩ ዝነበረ። ክመውት ከሎ ኸኣ ኮሉ

ከሎ ኸኣ ኮሉ ዋኒኑ ንቀይሕ ጸጉሪ ዝውንኑ ሰባት ገዲፉሎም ዓረፈ። በዚ ኸኣ ጽቡቕ ናይ ስራሕ ዕድላት ንቐይሕ ዝጸጉሮም ሰባት ከፊቱ ማለት'ዩ' በለኒ።

'ግን ነዛ ስራሕ ዝደልዩ ብዙሓት ቀይሕ ጸጉሮም ሰባት ኣይህልዉን ዶ፧' ክብል ንሺንሰንት ሓተትኩዎ።

'ብዙሓት ኣይክኾኑን እዮም፡' ብምባል ብርእሰ ተኣማንነት መለሰለይ።

ቀጺሉ፡ 'ምኽንያቱ ንኽትወዳደር ኣብ ለንደን ዝነብር እኹል ሰብኣይ ክትከውን ኣለካ። እዚ ሆፕኪንስ ዝበሃል ሰብኣይ ኣብ ለንደን'ዩ ክህብትም ጀሚሩ። ስለዚ ነዛ ኹተማ ገለ ኸበርክተላ ሓሊኑ እዩ ዝኸውን ከምዚ ዝብል ረጀሐ ዘቐመጠ። ብተወሳኺ ሕብሪ ጸጉሪኻ ሃሳስ ቀይሕ ወይ ናብ ጸሊም ዝኸደ እንተ ደኣ ኹይኑ ኣይቀበሉኻን እዮም። ልክዕ ንሓዊ ዝመስል ደሚቕ ቀይሕ ክኸውን ኣለዎ። ኣቶ ዊልሰን ነዛ ስራሕ እንተ ትሓተላ ርግጸኛ'የ ኸም እትረኽባ። እቲ ገንዘብ ደኣ ብዙሕ ኣየገድሰካን ይኸውን እምበር፡' ብምባል ደፋፍኣኒ።" ዘረባኡ ብምቑራጽ ናብ ሸርሎክ ጠመተ።

"ኣቶ ሸርሎክ ከምዚ ትዕዘቦ ዘለኻ ደሚቕ ቀይሕ ዝሕብሩ ጸጉሪ ርእሲ'ዩ ዘሎኒ። ስለዚ ኸኣ እታ ስራሕ ክዕወተላ ከም ዘኽእል ሓሰብኩ። ሺንሰንት ብዛዕባ እዛ ኹነታት ብዙሕ ኣፍልጦ ስለ ዝነበሮ ምሳይ ተማላእኩዎ። ተተሓሒዝና ኸኣ ናብቲ ኣብ ጋዜጣ ዝተገልጸ ቤት ጽሕፈት ኣምራሕና። ከምቲ ሸዑ መዓልቲ ዝረኣኹዎ ብዝሒ ቐይሕ ጸጉሪ ርእሶም ሰብኡት ብሕጂ ዝርኢ ኣይመስለንን። ካብ ኮሉ ኹርንዓት ለንደን፡ ዋላ ንጣብ ቀይሕ ሕብሪ ኣብ ጸጉሮም ትሃሉዎም፡ ነታ ቦታ ስራሕ ንምውድዳር ኣማኢት ዝኣኽሉ ደለይቲ ስራሕ ተረኽቡ። ክንድኡ ምብዝሑም ሰባት

ተረኽበ። ክንድኡ ምብዝሑም ሰባት ምስ ረኣኹ ኽምለስ ሓሰብኩ። ሺንሰንት ግን ንሓሳበይ ኣይተቐበሎን። ደፊኡ ደፋፊኡ ብማእከል እቶም እኩባት ሰባት ኣሕለፈኒ። ገለ ሰባት ካብቲ ቤት ጸሕፈት ክወጽኡ ይርኣዩ ነበሩ። ከይተሓለልና ንቐድሚት ድሕሪ ምግስጋስ መወዳእትኡ ኣብ ኣፍደገ እቲ ቤት ጸሕፈት በጻሕና፡" በለ።

እቲ ቓል ከየምሎቐ ዝጸንሐ ሸርሎክ፡ "ኣዘዩ መሳጢ'ዩ። ብድሕሪኡኸ፧" ክብል ሓተተ።

"እታ ቤት ጸሕፈት ብዘይካ ዉሑዳት ሰድያታትን ሓንቲ ጣውላን ካልእ ኣይነበራን። ሓደ ኻብዚ ናተይ ንላዕሊ ዝቐይሕ ጸጉሪ ዘሎዎ ሰብኣይ ኮፍ ኢሉ ጸንሓና። ነቶም ቀድሚና ዝረኸቦም ሰባት ቀሩብ ድሕሪ ምዝርራብ ብገለ ምኽንያት ኣይቀበሎምን ነበረ። ሪጋይ ምስ ኣኸለ ግን ነቲ ማዕጾ ብድሕሪና ዓጸዎ።

'እዚ ኣቶ ዊልሰን ይበሃል። ብዛዕባ እታ ንቐያሕቲ ጸጉሪ ኢልኩም ዘዋዓዋዕኩማ ሰራሕ እዩ መጺኡ፡' ብምባል ሺንሰንት ኣላለየኒ።

'ከይረኸባ ዝተርፍ ኣይመስለንን' ብምባል መለሰ እቲ ሰብኣይ። ቀጺሉ፡ 'ልክዕ ከምቲ ንደልዮ ሕብሪ ጸጉሪ እዩ ዘሎዎ። ከምዚ ዓይነት ደሚቕ ቀይሕ ሕብሩ ጸጉሪ ርእየ ዝፈልጥ ኣይመስለንን፡' ብምባል ሓደ ሰጉሚ ንድሕሪት ብምስንጋም ርእሱ ኣቐኒኑ ብጥንቃቐ ተመልከተኒ።

ሸዑ ኢደይ ጨቢጡ ሰላም እናበለ 'እቲ ንደልዮ ሰብ ንስኻ ኢኻ፡' በለኒ።

'ሓንሳብ ይቐሬታ ግበረለይ፡' ድሕሪ ምባል ጸጉረይ ብሓይሊ ምስ መንጨጨኒ ብቓንዛ ኣእወኹ።

መንጨጨኒ ብቓንዛ ኣእወኹ።

‘ኣሃ! ኣዒንትኻ ንብዓት ቁጺረን። ብዙሕ ኣይግረምካ። ክንዋንቀቕ ብግዲ’ዩ። ድሮ’ኳ ክልተ ሰብኡት ባሩኳ ለቢሶም ከደናግሩና ፈቲኖም’ዮም፡ ’ ድሕሪ ምባል ናብቲ መስኮት ቀሪቡ ነታ ስራሕ ዝበቕዕ ሰብ ስለዝረኸበ ነቶም ሃንቀው ኢሎም ዝጸበዩ ዝነበሩ ሰባት መመንገዶም ክኸዱ ሓበሮም፡ ” ኣቶ ዊልሰን ክዕርፍ ሰቐ በለ። ድሕሪ ዕረፍቲ ወግዑ ብኽምዚ ቀጸሎ፤

“እቲ ሰብኣይ ‘ዳንከን ሮስ ይበሃል፡’ ብምባል እናተፈሸኸ ተላለየኒ። ኣስዒቡ ‘መዓስ ክትጅምር ይጥዕመካ፧’ ክብል ሓተተኒ።

‘ሓንቲ ንእሽቶ ዘመሓድራ ትካል ስለ ዘላትኒ ርግጸኛ ኣይኮንኩን፡’ ኢለ መለስኩሉ።

‘ብዛዕባ እታ ትካል ኣይትሰከፍ ኣቶ ዊልሰን። ባዕለይ ክከታተለልካ እየ’ በለኒ ቪንሰንት ኣብ መንጎ ኣትዩ።

ኣነ ድማ ሰዓታት ስራሕከ ከመይ እዩ ኢለ ነቲ ሓድሽ ኣስራሒየይ ሓተትኩዎ።

‘ሰዓት ዓሰርተ ቅድሚ ቐትሪ ኽሳዕ ክልተ ድሕሪ ቐትሪ’ዩ፡’ ክብል መለሰለይ።”

ናብ ሆልምስ ብምጥማት ድማ፡ “ርኢኻ ኣቶ ሆልምስ ናይ ሓራጅ ስራሕ ዝበዝሕ እዋን ኣብ ግዜ ለይቲ እዩ ዝስራሕ። ቅድሚ ደሞዝ ምኽፋል ስለ ዝኹና፡ ሓሙስን ዓርቢን እተን ዝጸዓቓ መዓልታት እየን። ስለዚ ኣብተን ዝበለኒ ሰዓታት ምስራሕ ከም ጽቡቕ ዕድል ረኣኹዎ። ቪንሰት’ውን

ስለዚ ኣብተን ዝበለኒ ሰዓታት ምስራሕ ክም ጽቡቕ ዕድል ረኣኹዎ። ሸንለት'ውን ኣብ ስርሑ ትጉህ ስለ ዝኾነ ኾሉ ዘድሊ ባዕሉ ኸማልኦ ኸም ዝኽእል ተኣማሚነ ኣብታ ስራሕ ክጅምር ወሰንኩ።

ብድሕሪ'ዚ ነቲ ሰብኣይ፡ 'እሞ ተረዳዲእና ኣለና። ክፍሊትከ ኽንደይ እዩ፧' ኢለ ሓተትኹዎ።

ንሱ ድማ ቅልጥፍ ኢሉ፡ 'ኣርባዕተ ፓውንድ ንሰሙን፡' በለኒ።

'እቲ ስራሕከ እንታይ እዩ፧' ኢለ ወሰኽኩሉ።

'ዘሎዎ የብሉን፡' በለኒ።

ካብ ምግራም ከይወጻእኩ 'ከመይ ማለት፧' በልኩዎ።

'እቲ ቐንዲ ስራሕካ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብዚ ቤት ጸሕፊት ምርካብ እዩ። ካብዚ ኽትወጽእ ኣይፍቀደካን'ዩ። እንተ ወጺእካ ካብ ስራሕ ትባረር፡' በለኒ።

'ደይ ኣርባዕተ ሰዓታት ኣብ መዓልቲ'ዩን፡ ዘወጽእ የብለይን፡' ብቓላተይ ኣረጋገጽኩሉ።" ንስዕቦ ኸም ዘለና ንምርግጋጽ ተመልከተና። ርእስና ነቐነቕናሉ። ኣቶ ዊልሰን ዘረባኡ ብምቕጻል፤

"እቲ ሰብኣይ፡ 'ዝኾነ ይኹን ምኽንያት ቀቡል ኣይኮነን። ዋላ እንተ ሓመምካ ኣብዚ ቤት ጽሕፊት ክትርከብ ኣለካ። እንተ ዘይኹይኑ ነዛ ጽብቕቲ ዕድል ትሰእና፡' በለኒ።

ኣነ ድማ 'እቲ ስራሕከ ብልክዕ እንታይ'የ፧' በልኩዎ።

'ኢንሳይክሎፔድያ ብሪታኒካ ምቕዳሕ ጥራይ'የ። እታ ቐዳመይቲ ኽፋል እንሃትልካ። ቀለም፡ ፒሮን ወረቐትን ከተምጽእ ኢኻ። ጽባሕ ክትጅምር ትኽእልዶ፧' ብምባል ሓተተኒ።

'እወ፡' መለስኩሉ ብታሕጓስ።

'እሞ ኣቶ ዊልሰን ብሩኽ ምጅማር ይግበረልካ። ኣብዛ ስራሕ ንስኻ ብምእታውካ ኣዝየ ሕጉሰ'የ፡' ብምባል ኣእዳወይ ጨበጥኒ። ብድሕሪኡ ምስ ሸንሰንት ሓቢርና ንገዛ ተመለስና። ብዕድለይ ኣመና ተሓጉሰ ዝዛረቦ ጠፍኣኒ። ምሉእ መዓልቲ ኽሓስበሉ ምስ ወዓልኩ ግን ገለ ናይ ነብሰ ምትሓት ስምዒት ክስመኒ ጀመረ። ሓደ ሰብ ዝላገጸለይ ዘሎ ኾይኑ ተሰምዓኒ። ከምኡ ዓይነት ናይ ቁልዑ ስራሕ ኣብ ልዕለይ መን ይሰርሕ ይህሉ ኢለ ነዊሕ ተጨነቐኩ። ሸንሰንት ከጸናንዓኒ ዝከኣሎ ገበረ። ንጽባሒቱ እታ ዘላ ኻብ ምርኣይ ዓዲ ኣይውዕልን ብምባል ወረቓቐተይን ቀለመይን ሒዘ ናብታ ቤት ጽሕፈት ተበገስኩ።" ኣቐልቦና ንምዕዛብ ስቐበለ።

ቀጺሉ፡ "ኣብቲ ቤት ጽሕፈት ምስ በጻሕኩ ኸኦ ነገር ጸቡቐ እዩ ጸኒሑኒ። ጣውላ ተዳልዩ ዳንከን ሮስ ከኣ ኽጽበየኒ ጸንሓኒ። እተን ናይ ፊደል 'A' ዝርከባ ጽሑፋት ኣጀሚሩ ክቐጽሎ ሓዲጉኒ ኸደ። ጸጸኒሑ ክርእየኒ ይመጽእ ነይሩ'የ። ሰዓት ክልተ መጺኡ ኸኣ ጸቡቐ ከም ዝሰራሕኩ ነጊሩ ኣፋነወኒ። መዓልቲ መዓልቲ ኸምኡ ኢልና ንቐጽል ነበርና። ቀዳም ምስ ኩነ ኸኣ ኣቶ ዳንከን ኣርባዕተ ፓውንድ ከፈለኒ። ኣብ ዝሰዓበት ሰሙንን ብድሕሪኡ ዝነበራን ተመሳሳሊ ኾነታት ነበረ። ንግሆ ሰዓት ዓሰርተ ኣትየ ሰዓት ክልተ ናይ ድሕሪ ቐትሪ ይወጽእ። ኣቶ ዳንከን

ይወጽእ። ኣቶ ዳንከን ሓንሳብ ኣብ መዓልቲ ጥራይ ክመጽእ ጀመረ። ጸኒሑ ጠቕሊሉ ምምጻእ ሓደጎ። ኣነ ግን ተንከስ ኢለ ኣይወጻእኩን። ምኽንያቱ እታ ስራሕ ኣዚያ ጽብቕቲ እያ ነይራ። ንሽሞንቱ ሳምንታት ብዘይምቕራጽ ጸሓፍኩ። ነተን ኣብ ክፍሊ ፊደል 'A' ዝነበራ ኽውድአን ቀሪበ ነበርኩ። ሃንደበት ግን ኮሉ ነገር ደው በለ።"

"ተቓሪጹ፧!" ሓተትና ብሓባር።

"እወ፡ ሎሚ ንግሆ ከም ልሙድ ምስ ወፈርኩ፡ ማዕጾ ተዓጽዩ ጸንሓኒ። እዛ መልእኽቲ ኸኣ ኣብቲ ማዕጾ ተለጢፋ ጸኒሓትኒ። እንካ ባዕልኻ ኣንብባ፡" ብምባል ሓንቲ ጻዕዳ ወረቐት ንሸርሎክ ኣቐበሎ። ከምዚ ዝብል ጽሑፍ ከኣ ነበራ፤

"ማሕበር ቀያሕቲ ጸጉሪ ኻብ ሎሚ 9 ጥቅምቲ 1890 ተገዲፉ ኣሎ።"

ኣብ ገጽ ኣቶ ዊልሰን ዝንበብ ዝነበረ ጓሂ ሰሓቐና ከም ዘይንቁጻጸር ገበረና።

"ዘስሕቐ ነገር ኣሎ ድዩ፧" ተቐጥዐ ኣቶ ዊልሰን። "ናይ ምስሓቐ ድሌት እንተ ኣለኩም ናብ ካልእ ክኸይድ እኽእል እየ፡" ወሰኸ ብኾራ።

"ኖኖ፡" በለ ሸርሎክ ነቲ ኻብ ሰድያኡ ዝተንስአ ኣቶ ዊልሰን ኮፍ ንኽብል ብምሓዝ።

"እዛ ጉዳይ ፈጺማ ኽትሓልፈኒ ኣይደልይን እየ። ቁሩብ ግን መስሓቐ እያ። እዛ መልእኽቲ ምስ ረኣኻ ደኣ እንታይ ገይርካ፧" በለ ሸርሎክ ፍሸኽታኡ ኽዓግት እናተጋደለ።

እያ። እዛ መልእኽቲ ምስ ረኣኻ ደኣ እንታይ ገይርካ፧" በለ ሸርሎክ ፍሸኽታኡ ኽዓግት እናተጋደለ።

"እንታይ ከም ዝገብር ኣይፈለጥኩን። ኣብቲ ኸባቢ ዘሎ ኣብያተ ጽሕፈት ምስ ሓተትኩ፡ ብዛዕባ ማሕበር ቀያሕቲ ጸጉሪ ዝፈልጥ ሰብ ሰኣንኩ። ኣብ መወዳእትኡ ናብቲ ዋና ገዛ ኸይደ ብዛዕባ እቲ ማሕበር ሓተትኩዎ። ፍጹም ሰሚዑዎ ኸም ዘይፈልጥ ሓበረኒ። ንዳንከን ሮስ ይፈልጦ እንተ ኸይኑ ምስ ሓተትኩዎ ድማ ኸም ዘይፈልጦ ምስ ነገረኒ ተገረምኩ።

'እቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ቁጽሪ 4 ዝነበረ፡' ምስ በልክዎ፡ 'ኣሃ እቲ ቐይሕ ጸጉሩ ሰብኣይ፧' ብምባል ተሰፋ ዝህብ ሕቶ ሓተተኒ።

'እወ፡' በልክዎ ብህንጡይነት።

'ኣሃ፡ ንሱ ደኣ ዊልያም ሞሪስ ዝበሃል ጠበቓ እንድዩ። ትማል ናብ ካልእ ቤት ጽሕፈት ቀይሩ፡' ክብል መለሰለይ።

ብስንባደ 'ኣበይ ኩን ክረኽቦ እኽእል፧' በልኩዎ።

'ኣብቲ ሓድሽ ቤት ጽሕፈቱ። ኣድራሻ እኳ ነጊሩኒ ነይሩ፡' በለኒ። ቀሩብ ድሕሪ ምሕሳብ፡ 'ዘኪረያ ቐጽሪ 17 ኣብ ጉደና ንጉስ ኤድዋርድ፡' ክብል ሓበረኒ።

ናብቲ ዝተሓበረኒ ኣድራሻ ብተስፋ ገስገስኩ። ኣብኡ ምስ በጻሕኩ ግን ፋብሪካ ምኻኑ ፈለጥኩ። ዊልያም ሞሪስ ይኹን ዳንከን ሮስ ዝበሃሉ ኣስማት ሰሚዑ ዝፈልጥ ሰብ ዋላሓደ ኣይረኸብኩን።" በለ ትክዝ ኢሉ።

“ብድሕሪኡ ደኣ እንታይ ገበርካ፧” ሓተተ ሸርሎክ። ኣነ ግን ተዓዚመ እዕዘብ ነበርኩ።

“ገዛ ምስ ተመለስኩ፡ ንቪንሰንት ኮሉ ዘጋጠመ ኣዕለልኩዎ። ክሕግዘኒ ግን ኣይከኣለን። ክጽበ ጥራይ እዩ ኣማኺሩኒ። ኣቶ ዳንከን ደብዳቤ ክልእከለይ እዩ ዝብል ሓሳብ ኣለዎ። ንስኻ ኣብ ከምዚ ጉዳያት ሰባት ትሕግዝ ምኻንካ ፈሊጠ እኔኹ ትኽ ኢለ ናባኻ መጺኡ፡” ኢዱ ኸም ዝሃበ ምሩኽ ወተሃደር ኣእዳው ሓፍ ብምባል ናብ ሸርሎክ ጠመተ።

“ጽቡቕ ገበርካ፡” መለሰ ሸርሎክ። “እዚ ጉዳይካ ፍልይ ዝበለ እዩ። ካብቲ ትሓሰቦ ዘለኻ ንላዕሊ ዕምቁት ዘሎዎ ጉዳይ እዩ ዝብል ግምት ኣሎኒ። ደስ እናበለኒ ኽሕግዘካ እየ፡” በለ ሸርሎክ።

“ካብዚ ዘለዎ ንላዕሊ፧! ኣርባዕተ ፓውንድ ንሰሙን እኳ እየ ዝኸሰር ዘለኹ፡” ኣቶ ዊልሰን ኣንጸርጸረ።

“ዝኹነ ነገር ዝኸሰርካ ኣይመስለንን። ሳላሳ ፓውንድ ዝኣክል ኣእቲኻ ኣለኻ። እኹል እዩ። እግረ-መንገድኻ’ውን ካብቲ መጽሓፍቲ ገለ ፍልጠት ከሲብካ ኢኻ።”

“ልክዕ ኣለኻ፡ ዝኸሰርኩዎስ የብለይን። ግን ዳንከን ሮስ መን እዩ፡ ስለምንታይ እዩኸ ኸምዚ ዓይነት ላግጺ ኣብ ልዕለይ ፈጺሙ ኽፈልጥ እደሊ’ዩ። ሕሰብ እሞ ኣብሉ፡ ነዚ ኽንብር እኮ ሰላሳን ክልተን ፓውንድ’ዩ ከሲሩ። ቀሊል ገንዘብ ኣይኩነን፡” በለ ብምግራም።

“ደሓን ንሕና ኣብ ክንዳኻ ኴንና ኽነጻርዮ ኢና። ገለ ሕቶታት ግን ክሓተካ ምደለኹ። እዚ ቪንሰንት ዝበሃል ወዲ ነታ መወዓውዒት ከርእየካ

ከርእየካ ኸሎ ንኽንደይ ዘኣክል እዋን ምሳኻ ሰሪሑ ነይሩ፧" ሸርሎክ ምትእስሳሩ ዘይተረደኣኒ ሕቶ ሓተቶ።

"ንወርሒ ኣቢሉ ይኸውን።"

"ብኸመይ ምሳኻ ኽሰርሕ ክኢለ፧"

"ኣብ ጋዜጣ ዘውጻእኩዋ መወዓውዒ ርእዩ እዩ መጺኡ።"

"ንሱ ዋራይ ድዩ ሰራሕ ደልዩ መጺኡካ፧"

"ኣይኮነን። ሓደ ዓሰርተ ዝኾኑ ተወዳደርቲ ነይሮም እምበር።"

"ሰለምንታይ ደኣ ንዕኡ መሪጽካ፧"

"በሊሕ ሰለ ዝኾነ፡ ብፍርቂ ዋጋ ኸኣ ኽሰርሕ ሰለ ዝተሰማምዐ፡" ንምንታይ ይሓቶ ኣሎ ዘይተረደኣ ኣቶ ዊልሰን ሓደ ብሓደ መለሰ።

"ከመይ ዓይነት ሰብ እዩኸ ትብል፧"

"ደቂቕ ክንሱ ንጡፍ ሰራሕተኛ እዩ። ዕድመኡ ሰላሳ ኣቢሉ ይኸውን። ኣብ ግምባሩ ኸኣ ሓንቲ ጻዕዳ በሰላ ኣላቶ።"

ሃንደበት ሆልምስ ካብ ኮፍ ኢሉዎ ዝነበረ ብድድ ብምባል፡ "ገሚተ ነይረ! ኣብ ኣእዛኑኸ ናይ ሱቕሬን ነኳላት ኣሎዎዶ፧" ክብል ሓተቶ።

"ልክዕ ኣለኻ። ቁልዓ ኸሎ ሓደ ጂፕሲ ኸም ዝሰቐሮ'ዩ ነጊሩኒ።"

“ሕጂኸ ምሳኻ ይሰርሕ ኣሎዶ፧”

“እወ። ሕጂ’ኳ ገዲፈዮ’የ መጺአ ኣለኹ።”

“ኣብ ዘየለኻሉኸ ስራሕካ ጽቡቕ ገይሩ የካይደልካዶ፧”

“እብል። ብሓፈሻ ኣብ ናይ ቀትሪ ሰዓታት ብዙሕ ስራሕ ስለ ዘየለ ርጉጽ መምዘኒ የብለይን፧” በለ ነገሩ ኸም ዘገረሞ ብዝሕብር ኣንደበት።

“ሕራይ ኣቶ ዊልሰን ሕቶታተይ ወዲአ ኣለኹ። ሎሚ ቐዳም እንድዩ ሰኑይ ብርግጽ መልሲ ጉዳይካ ሒዘልካ ኽጸንሕ እየ፧” ብምባል ኣፋነዎ። ሸርሎክ ጠመትኡ ናባይ ብምግባር፧

“ኢሂ ዋትሰን፧ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እንታይ ትብል፧” ብምባል ሓተተኒ።

“እንድዒ ወደይ ንዓይ ትንግርቲ እዩ ኩይኑ ዘሎ፧” በልክዎ። ብሓቂ ኸኣ ዋላሓንቲ ኽርድኣኒ ኣይከኣለን።

“እቶም ትንግርቲ ዝመስሉ ጉዳያት ንምፍታሖም ቀለልቲ እዮም። እቶም ቀለልቲ ዝመስሉ ጉዳያት’ዮም ዝበዝሕ እዋን ምፍትሖም ዝኸብድ። ሕጂ ስራሕ ዘጽዕቐ እየ ዝመስል።”

“ናበይ ኢኻ፧” ሓተትኩዎ።

“በይነይ ክሓስብ ደልየ ኣለኹ። ንሓደ ሰዓት ዝኸውን ኣይትጸውዓኒ፧ ” ብምባል ኣብ ሰድያኡ ኣብራኹን ኣፍንጭኡን ክላገቡ ክሳዕ ዝደልዩ ተጨባቢጡ ኣዒንቱ ዓሚቱ ኾፍ በለ። ሓንሳእ እኳ ድቃስ ዝወሰዶ

መሲሉኒ ነይሩ። ድሕሪ ሰዓት ኣቢሉ ግን ሃንደበት ካብ ሰድያኡ ብምትሳእ፡ “ንዓናይ ዋትሰን። ሎሚ ቐትሪ ሓደ ንፉዕ ቫዮሊኒስታ ኣብ ሲነማ ኽጻወት እዩ። ሓካይም ንመዛናግዒ ዝኸውን ግዜ ኽትገድፉ ትኽእሉ ኢኹም ሓቀይ፧” በለ ብምውዛይ።

“ጸገም የለን።”

“በል ቆብዕካ ኣልዕል እሞ ንበገስ። ቅድሚኡ ግን ሓደ ሰራሕ ኣለና። እግረ-መንገድና ኸኣ ኽንምሳሕ ኢና፡” ብምባል ተተሓሒዝና ወጻእና።

ከተማ ምስ ኣተና ብእንዳ ኣቶ ዊልሰን ኣቢልና ሓለፍና። ሕብሩ ዝፈሰመ ብዓል ክልተ ደርቢ ናይ ሕጡብ ህንጻ’ዩ ዝነበረ። ኣብቲ ኣፍደገ ሰሙ ዝተጻሕፋ ታቤላ ተንጠልጢላ ነበረት። ሸርሎክ ኣብ ኣፍደገ ደው ኢሉ ብትኹረት ተመልከተ። ጸኒሑ በቲ ጉደና ንላዕሊ ገጹ ብቐስታ ሰጉመ። ደጊሙ ናብቲ ኹርናዕ ብምምላስ ነተን ገዛውቲ ደጋጊሙ ብትኹረት ተመልከተን። መወዳእታኡ ናብ እንዳ ኣቶ ዊልሰን ተመሊሱ ነቲ ኣብ ኣፍደገ ዝርከብ መንገዲ ኣጋር ብበትሩ ሰለስተ ግዜ ድግደጉ። ሃንደበት ናብቲ ማዕጾ ብምኻድ ኳሕኮሐ። ሓደ ጽቡቕ ኣቀባብላኡ መንእሰይ ከፈተና።

“እተዉ፡” በለና ብትሕትና።

“የቕንየልና፡” መለሰ ሆልምስ። “መንገዲ ኽትሕብረና ኢና ደሊና። ክራውን ትያትር በየን እያ ትርከብ፧”

“ሰለስተ ኣንጎሎ ብጸጋምካ ምስ ሓለፍካ ንየማን ተጠዊኻ ኣርባዕተ ኣንጎሎታት ትቕጽል፡” መለሰ። ተመሳጊንና ማዕጾ ተዓጸወ።

“በሊሕ’ዩ እዚ ወዲ። ኣብ ለንደን እቲ ራብዓይ ዝበልሐ ሰብ እዩ። ካብኡ ዝበልጹ ኽልተ ሰባት ጥራይ እየ ዝፈልጥ። ቀድሚ ሕጂ’ውን ንሱ ዘለዎ ጉዳይ ረኺበ እፈልጥ እየ።”

“ክትርእዮ ኢልካ ኢኻ መንገዲ ዝጠፍኣካ መሲልካ፡ ሓቀይ፧” ብተምሳጥ ሓተትኩዎ።

“ንዕኡ ኣይኮንኩን ክርእዮ ደልየ፡” መለሰ ሆልምስ።

“እንታይ ደኣ፧” ተገረምኩ።

“ብርኪ ናይ ስሪኡ እየ ክርእዩ ደልየ።”

“እሞ እንታይ ርኢኻ፧”

“እቲ ኽርእዮ ዝጽበዮ ዝነበርኩ፡” ግዲ ኸይገበረ መለሰለይ።

“ካቲ መንገዲ ኣጋርከ ስለምንታይ ኢኻ ብበትሪ ደግዲግካይዮ፧”

“ዝኾበርካ ዶክተር ሕጂ ንዕላል ዝኾውን ግዜ የለን። ንዓ ግዳ ቕሩብ ኩለል ኢልና ንመልከት፡” ብምባል መሪሕኒ ጉዕዞ ጀመረ።

በቲ ኣንጎሎ ምስ ተጠወና ኣዝዩ ሰብ ዝበዝሖ ጐደና ረኸብና።

“ኣብዚ ኣከባቢ ዝርከባ ሆንጻታት ክዝክረን ኣለኒ። መጀመርያ እንዳ ትምባኾ ኣላ። ብድሕሪኣ ኸኣ እንዳ ጋዜጣ። ስዒበን ከኣ ባንክን ቤት መግብን። ሕጂ ስራሕና ዛዚምና እንዲና፡ እምቦቲቶና በሊዕና ቡንና ሰቲና

ሰቲና ነቲ ሻዮሊኒስታ ኽንሰምየ ንኺድ፡” በለኒ። ብኽመይ ጀሚሩ ብኽመይ ወዲኡ ኣይተረድኣንን። ግን ዝገብሮ ስለ ዘይብለይ ብዝበለኒ ሓሳብ ተሰማማዕኩ።

ሸርሎክ ሆልምስ ሙዚቃ ኣመና እዩ ዝፈቱ። ሻዮሊን’ውን ጽቡቕ ገይሩ ይጻወት እዩ። ገለ ውሑዳት ናይ ሙዚቃ ጽሑፋት ከይተረፈ ጸሒፉ ኣሎ። ሸዑ መዓልቲ ብሕጉስ መንፈስ ሙዚቃ ኽሰተማቕር ወዓለ። ከምቲ ስርሑ ዝሓቶ ብልሕን ተገዳስነትን ዘሎዎ መርማሪ ገበን ይመስል ኣይነበረ። እንተ ኾነ ኣብ ናይ ምዝናይ ኮነታት ጸኒሑ ጠቕሊሉ ክቕየር ርእየዮ ኣለኹ። ዝበዝሕ እዋን ኣብ ከምዚ ምቑእ ኮነታት ጸኒሑ’ዩ ንገበነኛታት ኣመና ዘሸግር ሰብ ዝኾውን። ስለዚ ዋላ’ኳ ሕጂ ኣብ ናይ ምዝናይን ናይ ስቕታ ዓለምን ይሃሉ፡ ድሕሪ ቕሩብ ግን ብሰንኩ ብዙሕ ሸግር ዝገጥሞ ገበነኛ ከም ዝህሉ ኣርጊጸ እፈልጥ እዩ።

“ገዛ ኽትከይድ ደሊኻ ኣለኻ መስለኒ፧” ሸርሎክ ድሕሪ እቲ ምርኢት ምውድኡ ሓተተኒ።

“እወ፡ ምደለኹ ነይረ፡” መለስኩሉ።

“ሎሚ ብዙሕ ስራሕ ክህሉወኒ እዩ። እዛ ናይ ኣቶ ዊልሰን ጉዳይ ካብቲ ትመስሎ ንላዕሊ ኽብድ ዝበለት እያ።”

“ብኽመይ ደኣ ኽቢዳ፧”

“ሓደ ዓቢ ገበን ክፍጸም ተመዲቡ ኣሎ። ጠጠው ከነብሎ ንኽእል ኢና ግን ሎሚ ምሸት ሓገዝካ ኽድልየኒ እዩ።”

“ንሰዓት ክንደይ፧” ቀልጥፍ ኢለ ሓተትኩ።

“ሰዓት ዓሰርተ እንተ ተራኺብና እኹል እዩ።”

“ጸገም የለን። ሰዓት ዓሰርተ ኣብ ገዛኻ ኽመጽኣካ እየ።”

“ጽቡቕ። ሓደገኛ ኹነታት ከጋጥመና ስለ ዝኽእል እታ ሸጉጥካ ተማልኣያ ኢኻ፣” ተሰናቢቱኒ ንቕድሚት ገስገስ።

ኣነ ኸም ዝሓሰቦ እንተ ኾይኑ ምስ ናይ ዝኹነ እኹል ሰብ ዝመጣጠን ብልሒ ኣሎኒ እየ ዝብል። ምስ ሸርሎክ ኣብ ዝሰራሕኩለን እዋናት ግን ዝደንቑርኩ ኩይኑ እዩ ዝስመዓኒ። እቲ ንሱ ዝሰምየ ሰሚዐ፡ ንሱ ዝረኣዮ ርእየ ኽንሰይ፡ እቲ ንዕኡ ዝተረድኦ ግን ክርድኣኒ ኣይከኣለን። ንሱ እንታይ ኣጋጢሙን እንታይ ከጋጥም ምኻኑን ኣጸቢቑ ተረዲኡዎ እንከሎ ኣነ ግን ዋላሓንቲ ኣይሓዝኩን። ንገዛይ ኣብ ዝኸደሉ ዝነብርኩ ግዜ ብዛዕባ ናይ ኣቶ ዊልሰን ጉዳይ ኣጸቢቑ ኽመሚ ፈተንኩ። ሸዑ ምሸት ናበይ ኢና ኽንከይድ፧ ስለምንታይከ ሸጉጥ ክማላእ ኣድልዩ፧ ሸርሎክ ቪንሰንት ሓደገኛ ሰብ ምኻኑ ኣተንቢህለይ ነይሩ’ዩ። ብኸመይ፧ ንነብሰይ ሓተትኩ። ዝሓሰብኩ እንተ ሓሰብኩ ሕቶታተይ መሊሶም ከጨንቑኒ እምበር ክፍትሑ ስለዘይከኣሉ ተሰፋ ቑሪጸ ውራይ መንገደይ ገበርኩ።

ሰዓት ትሸዓተ ገለ ደቓይቕ ምስ ሓለፎ ናብ ጉደና ቤከር፡ ናብ እንዳ ሸርሎክ ገጸይ ኣምራሕኩ። ገዛኡ ምስ ኣተኹ ኻብ ክፍሉ ድምጺ ናይ ታዕታዕ ሰማዕኩ። ሸርሎክ ምስ ክልተ ሰብኡት ክዛረብ ጸንሓኒ። እቲ ሓደ ፒተር ጆንስ ዝበሃል ኣባል ፖሊስ እዩ። እቲ ሓደ ግን መን ምኻኑ ዘይፈልጦ ብሪቕሪቕ ትብል ጸላም ቀብዕን ጽቡቕ ክዳውንትን ዝተኸድነ ነዊሕ፡ ቀጢን፡ ሕዙን ገጽ ዘሎዎ ሰብኣይ’ዩ።

ነዊሕ፡ ቀጢን፡ ሕዙን ገጽ ዘሎዎ ሰብኣይ'ዩ።

"ጽቡቕ፡ ኮልና መጺእና ኣለና፡" በለ ሸርሎክ ካቦቱ እናለበሰ። "ዋትሰን፡ ንኣቶ ጆንስ ኣባል ፖሊስ ትፈልጦ ኢኻ ሓቀይ፧ ንኣቶ ሜሪወይዘር ከኣ በል ተላለየ። ሎሚ ምሸት ምሳና ክኸይድ እዩ።"

"ኣብ ዘየድሊ ሃድን ንወፍር ከይንህሉ ስክፍታ ኣሎኒ፡" በለ ኣቶ ሜሪወይዘር።

"እይትሰከፍ፡ ንኣቶ ሸርሎክ ሆልምስ ክትኣምኖ ትኽእል ኢኻ" ከእምኖ ፈተነ ኣቶ ጆንስ። "ንነገራት ብናቱ ፍሉይ ኣገባብ እዩ ዝፈትሖም። ዋላ እኳ ፕሎም ዘኽተሎም መሰርሓት ልክዕ እዮም እንተ ዘይበልኩ፡ ግን ብሉጽ መርማሪ ገበን ምኻኑ እኣምነሉ እየ። ኣብ ዝተፈላለዩ ፍጻሜታት ዘድሊ መርመራ ምስ ገበረ፡ ልዕሊ ማንም ኣባል ፖሊስ ኣብ ምብርባር ሓቅታት እቶም ጉዳያት ዝሓሸ ቀርበት ኣሎዎ፡" ወሰኸ።

"ከምኡ እንተ ኢልካ ደኣ ጸገም የለን ኣቶ ጆንስ። ግን እቲ ቐዳም ቀዳም ን27 ዓመታት ብዘይምቕራጽ ዝተጻወትኩዎ ጠላዕ ሎሚ ኽሓልፈኒ ምኻኑ ሕማቕ እናተሰማዓኒ እዩ፡" በለ ኣቶ ሜሪወይዘር።

"ሎሚ ምሸት ግን ብዝለዓለ ዋጋ ኢኻ ኽትጻወት፡" መለሰ ሸርሎክ። "እዛ ሕጂ ንጻወታ ጸወታ ኸኣ ዝያዳ ሰሓቢት እያ። ሳላሳ ሸሕ ፓውንድ ክሕፈሶ ዘኽእል ጸወታ ኢኻ ኽትጻወት። ጆንስ ከኣ ንብዙሕ እዋን ክትሕዞም ዝጸዓርካ ሰባት ክትሕዝ ኢኻ።"

"ልክዕ ኣለኻ ሆልምስ፡" በለ ጆንስ። ወሲኹ፡ "ጆን ክለይ ብስርቂ፡ ቅትለትን ካልእ ገበናትን ዘኽሰስ ዕሉል ገበነኛ እዩ። ልዕሊ ዝኹነ ኣብ

ኣብ ለንደን ዘሎ ገበነኛ ኽሕዞ እደሊ እየ። ጆን ክለይ ፍልይ ዝበለ ገበነኛ እየ። ካብ ሰብ ጸጋ ስድራቤት ብምውላዱ፡ ኣብ ዝበለጸ ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ለነደን እየ ተማሂሩ። ኣእምሮኡ ልክዕ ከም ኣጻብዕቱ ንጡፍ እየ። ኣብ ሓንቲ ሰሙን ዕጹው ካዘና ከፊቱ እንተ ሰሪቑ፡ ገና እናደለኻዮ ኸለኻ ኣብታ ትቐጽል ሰሙን ካልእ ገበን ፈጺሙ ይጸንሓካ። ንዓመታት ክሕዞ'ኳ እንተ ፈተንኩ ነዛ ገጹ'ኳ ርእየዮ ኣይፈልጥን እየ፡ " በለ ምግራም ሓዊሱ።

"ኣነ'ውን ክረኽቦ እደሊ ኣለኹ። ኣብ ገለ ጉዳያት ኣጋጢሙኒ ኣሎ። ኣመና በሊሕ ሰብ እየ። ሕጂ ግን ድሮ ሰዓት ዓሰርተ ሓሊፉ ስለ ዘሎ ንበገስ። ክልተኹም ሕለፉ። ኣነን ዋትሰንን ክንስዕበኩም ኢና፡" በለ ሸርሎክ።

ሸርሎክ ኣብ መንገዲ ብዙሕ ኣይተዛረበን። ነቲ ኣብታ መዓልቲ ዝሰማዕናዮ ሙዚቃ እናዘየመ ብህድኣት ይጓዓዝ ነበረ። መወዳእታኡ ኣብ እንዳ ኣቶ ዊልሰን ምስ በጻሕና ኸምዚ ኽብል ተዛረበኒ፡ "እዚ ሚሪወይዘር ዝበሃል ሰብኣይ ኣብቲ ባንክ ዓቢ ቦታ ዘሎዎ እዩ። ጆንስ ከኣ እንተ ተሓወሰና ይሓይሽ ኢለ ሓሲቡ። ዋላ'ኳ ድንዙዝ እንተ ኸኑ፡ ሕማቕ ሰብ ግን ኣይኮነን። ንቐሕ ኣይኮነን። ግን ልክዕ ከም ዕቡድ ከልቢ ደፋር እዩ። በል በጺሕና ኣለና፡ ከይነጸብዮም ንቐልጥፍ።"

ኣብታ ብቐትሪ ሰብ መሊኣ ዝነበረት ጉደና ምስ በጻሕና ሚሪወይዘር ናብቲ ባንክ መርሓና። ቀንዲ መእተዊ ማዕጾ ገዲፍና ብሓንቲ ጸባብ መእተዊት ኣተና። ነዊሕ ኮረድዮ ምስ ሓለፍና ናብ ሓደ ብረጉድ ሓጺን ዝተደርዐ ማዕጾ በጻሕና። እቲ ማዕጾ ምስ ከፈተልና ሓደ ንታሕቲ ዝወርድ መሳልል ኣብ ቅድሜና ጎነፈና። ኣብ መወዳእታ እቲ መሳልል ካልእ ምስቲ ቐዳማይ ዝመሳሰል ተሪር ናይ ሓጺን ማዕጾ ጸንሓና።

እቲ መሳልል ካልእ ምስቲ ቐዳማይ ዝመሳሰል ተሪር ናይ ሓጺን ማዕጾ ጸንሓና። ሚሪዌዘር ፋኑስ ብምብራህ ብሓንቲ ጸባብ መተሓላለፊ መርሓና። ኣብ መወዳእታ ናይዛ መተሓላለፊ ዝጸንሓትና ማዕጾ ኸፊትና ኸኣ ናብ ሓደ ዓቢ ኽፍሊ በጻሕና። መዐቀቢ ኽቡር ንብረት'ዩ። እታ ኽፍሊ ኣብ ርእሲ ርእሲ ዝተጸፋጸፈ ባኮታት መሊኣ ነበረት።

"ካብ ላዕሊ ናብዚ ኽትኣቱ ኸቢድ እዩ።" በለ ሸርሎክ ከባቢኡ እናተመልከተ።

"ዋላ ኻብ ታሕቲ።" መለሰ ሚሪዌዘር ብበትሩ ነቲ መሬት እናጠብጠበ። ሃንደበት ግን ስምባድን ፍርሕን ብዝተሓወሶ ስምዒት። "እውይ! እንታይ ደኣ ድምጹ ናይ ዝሃንፈ መሬት ዝመስል፧" በለ።

"ጸጥ ክትብል ኣለካ!" በለ ሆልምስ ብሕርቃን። "ነዛ መደበይ ኣሰር ኣፍሺልካለይ ነይርካ። ብገለ ተኸወል እሞ ኣይትንቐሳቐስ።" ኣዘዞ።

ሚሪዌዘር ገለ ኸም ዝጸፍየ ዕንድ በለ። ዝኹነ ቓል ከየውጽአ ናብ ሓንቲ ኻብተን ተደራሪበን ዝነበራ ሰናዱቕ ብምድያብ ተኸወለ። ሆልምስ መጉልሒ መነጽር ገይሩ ነቲ ምድሪ ቤት ብጥንቃቐ ተመልከቶ። ዝደለዮ ዝረኸበ ኽመስል ከኣ መነጽሩ ኣብ ጁባኡ ኣእትዩ ደው በለ።

"ንሓደ ሰዓት ዝኸውን ክንጽበ ኢና። ክሳዕ ኣቶ ዊልሰን ዝድቅስ ኣይክንቀሳቐሱን እዮም። ነቲ መደብ ብቕልጡፍ ኣተግቢሮም ክስወሩ እዩ መደቦም። እዞም ሰረቅቲ ስለምንታይ ኣብዚ ዘለናዮ ኽፍሊ ተገዳስነት ኣሕዲሮም ኣቶ ሚሪዌዘር ክነግረኩም እዩ፧" በለ ንሚሪዌዘር ክዛረብ እናጠመቶ።

ክዛረብ እናጠመቶ።

"እዚ እቲ ኻብ ፈረንሳ ዘምጻእናዮ ወርቂ'ዩ።" በለ ሚሪዌዘር ናብቲ ባኮታት እናኣመልከተ። "ከይሰረቐና ብዙሕ ኢና ንፈርሕ።"

"ካብ ፈረንሳ ዝመጽአ ወርቂ፧" ሓተትኩ።

"እወ። ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ ኣስታት ሰላሳ ሽሕ ፓውንድ ዝግመት ወርቂ ኻብ ፈረንሳ ተለቂሕና ነይርና። ከም ዘይተጠቀምናሉ ሓበሬታ ዝበጽሖም ሰባት ክኸኑ ኣለዎም። እዛ ኾፍ ኢሊያ ዘለኹ ሳንዱቕ ጥራይ ኣስታት ክልተ ሽሕ ፓውንድ ዝግመት ወርቂ ሒዛ ኣላ።"

"እሞ ብጾት ንዳሎ እምበር። ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰዓት ኣቢሎም ክመጽኡ እዮም ዝብል ግምት ኣሎኒ። እታ ፋኑስ ብገለ ነገር ክትሸፈን ኣለዋ፡" በለ ሸርሎክ ብርግኣት።

"ኣብዚ ድቕድቕ ጸልማት ኮፍ ኢልና ኽንጸንሕ፧" ሓተተ ኣቶ ሚሪዌዘር ብፍርሒ።

"እወ። መጀመርያ በቦታኹም ሓዙ። እዞም ሰባት ደፋራት ስለ ዝኾኑ እንተ ዘይተጠንቂቕና ኽሃስዩና ይኽእሉ እዮም። ኣነ ብድሕሪ እዛ ሳንዱቕ ክሕባእ እየ። ንስኻትኩም ከኣ ብፊተይ ዘለዋ ሳናዱቕ ተሓብኡ። ኑዮም ሰረቕቲ መብራህቲ ምስ ኣብራህኩሎም ተቐላጢፍኩም ሓዙዎም። ክትኮሱልና እንተ ፈቲናም ከኣ ዋትሰን ቀዲምካ ተኮሶሎም፡" ሸርሎክ ንጹር ትእዛዝ ሃበና።

ሸጉጠይ ኣብ ልዕሊ ሳንዱቕ ኣዳልየ ተሓባእኩ። ሸርሎክ ነታ ፋኑስ ምስ ሸፈና ግብ ዝበለ ጸልማት ኩነ። ከም መደብና እታ ፋኑስ ነቶም ክመጽኡ ንጽበዮም ዝነበርና ሰረቕቲ ንምኽሻሕ ተዳልያ ነበረት።

“ሓንቲ መህደሚ ኣማራጺ ጥራይ እያ ዘላቶም፡ ንሳ ኸኣ ብእንዳ ኣቶ ዊልሰን እያ። ከምቲ ዝበልኩኻ ገይርካያዶ ጆንስ፧” ብሕሹኾታ ሓተተ ሸርሎክ።

“እወ። ሓደ መርማሪ ገበንን ክልተ ኣባላት ፖሊስን ኣብ ኣፍደገ እንዳ ዊልሰን ተዳልዮም ኣለዉ።”

“ጽቡቕ። ኮሉ መህደሚ ዓቢስናዮ ስለ ዘለና ሕጂ ዝተርፈና ጸጥ ኢልና ምጽባይ ጥራይ እዩ።”

ዓመት ምሉእ ዝተጸበና ኾይኑ እዩ ተሰሚዑኒ። ድሒረ ኾም ዝተረዳእኩዎ ኾባቢ ሓደ ሰዓት ጥራይ ኢና ተጸቢና። ዋላ’ኳ ኣእጋረይ ደኺመንን ደንዚዘንን እንተ ነበራ ኻብታ ዝነበርኩዋ ግን ተንከስ ኢለ ኣይተንቀሳቐስኩን። እቲ ምድሪቤት ካብቲ ተሓቢኦዮ ዝነበርኩ ብቐሊሉ ይርአ ነበረ።

ሃንደበት ድሕሪ ነዊሕ ለውጢ ዘይብሉ ትጽቢት ካብቲ መሬት ብልጭታ ናይ ብርሃን ረኣኹ። እታ ብልጭታ ንውሓት ወሲኻ ናብ ሓንቲ ብጫ መሰመር ተለወጠት። ነዊሕ ከይጸንሐ እቲ መሬት ልክዕ ከም ማዕጾ ክኽፈት ጀመረ። ቡቲ ብርሃን ሓንቲ ጻዕዳ ኢድ ክርኢ ኾኣልኩ። እንተ ኾነ እታ ኢድ ቀልጢፋ ንድሕሪት ተመልሰት፣ እታ ብርሃን ከኣ ጠፍኣት። ዝኾነ ድምጺ ኣይተሰምዐን።

ሃንደበት ሓንቲ ኻብተን ነቲ ጉድጓድ ከዲነን ዝነበራ ዓበይቲ ጸዓዱ ኣእማን ብብርቱዕ ዓቐኞ ዝብል ድምጺ ተገምጠለት። ድሙኞ ናይ ፋኑስ ብርሃን ካብታ ተዓጽያ ዘጸንሐት ጉድጓድ ተራእየ። ሓደ ሰብኣይ ርእሱ ኻብታ ጉድጓድ ኣቕልቂሉ የማነ ጸጋም ኣቕባሕብሐ። እቲ ሰብኣይ ኣብ ጉድኒ እታ ጉድጓድ ተደጊፉ ንላዕሊ ደይቡ ኢዱ ሰዲዱ ንሓደ ቀይሕ ዘጸጉሩ ሓጺር ሰብኣይ ክስሕቦ ጀመረ።

“ነጻ እዩ ዘሎ። እተን ቦርሳ ኣምጺካየንዶ፤ ጸቡቕ! ዝል ኢልካ ደይብ ኣጆኻ!” እቶም ሰረቕቲ ኣሕሸኹሸኹ።

ሸርሎክ ብፍጥነት ነቲ ቀዳማይ ብድሕሪኡ ዘሊሉ ጉበጦ። እቲ ካልኣይ ነዚ ርእዩ በታ ጉድጓድ ንታሕቲ ተነቕጥተ። ናይ ዝቅደድ ክዳን ድምጺ ሰሚዐ ግልጽ ምስ በልኩ ጆንስ ኣብ ኢዱ ጭራም ካቦት ናይቲ ዝሃደመ ሒዙ ረኣኹ። ብጨራ ናይታ ፋኑስ እቲ ዝወደቐ ሰራቂ ሸጉጥ ሒዙ ምንባሩ ረኣኹ። እንተ ኹነ ሸርሎክ ተቐዳዲሙ ብጉሰጢ ኢዱ ሃሪሙ እታ ሸጉጥ ከይተጠቕመላ ካብኡ ርሒቓ ኸም ትወድቐ ገበረ።

“ብዙሕ ኣይትጽዓር ጆን ክለይ፡ መህደሚ ዕድል ዝበሃል የብልካን፡” ሆልምስ ነቲ ኣብ ትሕቲ ቕጽጽሩ ዘእተዎ ሰራቒ ብህድኣት ተዛረቦ።

“ሓቅኻ ኣለኻ፡” እቲ ሰራቒ ሃዲኡ መለሰ። “እቲ ካልኣየይ ግን ኣምሊጡ እዩ፡” ወሰኸ።

“ኣይምሰልካ። ሰለስተ ፖሊስ ኣብ ኣፍደገ ይጽበዩዎ ኣለዉ፡” መለሰ ሆልምስ።

“ነፊዕካ። ክንእደካ ዝግበኣኒ መስለኒ፡” በለ ጆን ብኣሸካዕላል።

“ኣነ’ውን ክንእደካ ይግብኣኒ እዩ።” መለስ ሆልምስ። “እታ ማሕበር ቀያሕቲ ጸጉሪ ትብል ሸርሕኻ ፍልይ ዝበለት በላሕ ሓሳባት እያ ነይራ።”

“በል ኢድካ ዘርግሓዮ’ሞ ቀልጢፍና ምስ ብጻይካ ኸነራኽበካ። ዋላ’ኳ ብጐዳጉዲ ኽንቁት ስሉጥ እንተ ኾኑ።” በለ ጆንስ ብኣቃሚጭ ዝመልኦ ኣዘራርባ።

“በዚ ረሳሕ ኣእዳውካ እስከ ኣይትተንክፈኒ!” ክለይ ኑቲ ኣእዳዉ ብመቐሕ ዝኣስር ዝነበረ ጆንስ ኣንጸርጸረሉ። “ክተዛረበኒ ኸለኻ ከኣ ‘ኣቱም’ ‘ብኽብረትኩም’ እናበልካ ተዛረበኒ።” ወሰኸ።

“ክቡር ጐይታና ቤት ማእሰርቲ ኽንወስደኩም ስለ ዝደለና ብኽብረትኩም ንላዕሊ ምሳና ኽትድይቡዶ፤” ብምባል ኣቶ ጆንስ ዘረባኡ ኣስሒቑዎ ተነኽነኸ።

“ሕጂ ጸቡቕ።” ብምባል ጆን ክለይ ንሰለስተና ተፋንዩ ምስ ጆንስ ከደ።

“ብኸመይ ከም ነመስግነካ ኣይፈልጥን ኣቶ ሆልምስ።” በለ ሚሪዌዘር ቡቲ ኣስካላ እናተመለሰና ኸለና። “ኣብ ለንደን ምልእቲ ዝጐርሑ ሰረቕቲ ኣትሒዝካዮም። ጻማኻ ብኸመይ ክንከፍለካ ንኽእል፤”

“ጆን ክለይ ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ምእታዉ እዩ ጻማይ። ብዘተረፈ ውሑድ ወጻኢታት እዩ ነይሩኒ። እዚ ባንክ ንዕኡ ክሸፍን ይኽእል እዩ። ካልእ ዝደልዮ ግን የብለይን። ብግደይ ደስ ዘብለኒ ግዜ እየ ኣሕሊፈ፡” ብምባል ሸርሎክ ንኣቶ ሚሪዌዘር ድሕሪ ምፍናዉ ናብ ገዛና ኣምራሕና።

ድሕሪ ሓደ ሰዓት ኣነን ሸርሎክን ኣብ ጐደና ቤከር ዝርከብ መንበሪ ቤቱ ኾፍ ምስ በልና ብዛዕባ እቲ ኣጋጣሚ ኸብርሃለይ ሓተትኩዎ።

"ርኢኻ ዋትሰን ዓርከይ፡" ሆልምስ ክትንትነለይ ጀመረ፡ "ዕላማ ናይ ማሕበር ቀያሕቲ ጸጉሪ ሓንቲ ጥራይ እያ ነይራ። ንሳ ኸኣ ኣቶ ዊልሰን ገለ ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ኻብ ገዛኡ ወጺኡ ኸም ዘውዕል ምግባር። ስግንጢር ኣገባብ ዋላ'ኳ እንተ ኾነ ኻልእ ካብኡ ዝሓይሸ መንገዲ ግን ኣይረኸቡን። እቲ ሓሳብ ጆን ክለይ ካብ ደሚቕ ቀይሕ ሕብሪ ጸጉሪ ናይ ዓርኩ ዘበገሶ እየ። እቲ ኣርባዕተ ፓውንድ ኣብ ሰሙን ዝኸሰሩዎ ዝነበሩ ኸኣ፡ ዋጋ ናይቲ ኽሰርቁዎ ዝመደቡ ብኣሸሓት ፓውንድ ዝግመት ወርቂ ኽርኢ ኸሎ ኣመና ውሑድ እየ። ስለዚ ኸኣ ነቲ ተዋስኦ ጀሚሮሞ። ነታ መወዓውዒ ኣብ ጋዜጣ ዘርጊሖማ። ሓደኣም ኣብ ቤት ጽሕፈት ናይቲ ዝመሃዙም ማሕበር ይጸንሕ፡ እቲ ሓደ ኸኣ ኣቶ ዊልሰን ነታ መወዓዊዒት ከም ዝግደሰላ ይገብር። ብኸምዚ መዓልታዊ ኻብ ገዝኡ ወጺኡ ኸም ዘውዕል ይገብሩዎ። ተሓጋጋዚ ኣቶ ዊልሰን ብፍርቂ ደሞዝ ከም ዝሰርሕ ምስ ሰማዕኩ ገለ ምስጢር ከም ዘሎ ጠርጠረ። ምኽንያቱ ገለ ረብሓ ዘይብሉ ኸምኡ ኽገብር ስለዘይክእል፡" ብምባል ዘረባኡ ኹሊቑ ጠመተኒ።

"እሞ ባንክ ክሰርቕ ከም ዝደለየ ብኸመይ ገሚትካዮ፧" ገና ዘይተመለሰለይ ሕቶ ኣቕረብኩ።

"ኣብቲ ገዛ ኸድልዮም ዘኽእል ነገር ኣይነበረን። ስለዚ ዕላምኡም ካብቲ ገዛ ወጻኢ ክኸውን ኣለዎ። ቪንሰንት ናብቲ መኻዚኖ ኽመላለስ ትዝ ኢሉኒ፡ ብዛዕባኡ ምስ ኣጣየቕኩ ጆን ክለይ ምኻኑ ኣረጋጊጸ። ጆን ክለይ ማለት ኣብ ለንደን ካብ ዝርከቡ ደፋራትን በላሕትን ሊያቡ ሓደ እየ። ናብቲ መኻዚኖ ዘመላልስ ሓደ ኣገዳሲ ስራሕ ክህሉዎ ነይሩዎ። ንኣዋርሕ ዝቐጸለ፡ ኣብ መዓልቲ ንነዊሕ ሰዓታት ዝስራሕ ስራሕ። እንታይ ይኸውን

ንኣዋርሕ ዝቐጸለ፡ ኣብ መዓልቲ ንነዊሕ ሰዓታት ዝሰራሕ ስራሕ። እንታይ ይኸውን ኢለ ኣውሪደ ኣደይበ ኽረኽቦ ዘኸኣልኩ መልሲ ገለርያ ጥራይ እየ። ምስ ካልእ ህንጻ ዘራኽብ ገለርያ፡" ይርድኣኒ ኸም ዘሎ ንምርግጋጽ ዘረባኡ ኼሊፉ ተመልከተኒ። ቀጺሉ፡

"ናብ እንዳ ኣቶ ዊልሰን ምስ ከድና ኣንፈት እቲ ገለርያ ንምንዳይ ኑቲ ማርቻፔዲ ብበትረይ ኳሕኩሐዮ። ድምጺ ስለ ዘይገበረ ንቐድሚት ኣይኩነን ማለት እዩ ኢለ። ኣነን ጆን ክለይን ገጽ ንገጽ ተረኣኢና ስለ ዘይንፈልጥ ናብቲ ገዛ ብምኾሕኳሕና ዝመጽእ ሳዕቤን ኣይነበረን። ገጹ ዳርጋ ኣይጠመትኩዎን። ምሉእ ኣድህቦይ ናብ ኣብራኹ እየ ገይረ። ኣመና ረሲሑ ምንባሩ ኣስተብሂልካሉ'ዶ፧ በዚ ይኾዕት ምንባሩ ነጺሩለይ። ናበየናይ ኣንፈት ምኻኑ ግን ክፈልጥ ነይርኒ። ቡቲ ኣንጎሎ ተጠዊና ኑቲ ባንክ ምስ ረኣኹዎ መልሲ ሕቶታተይ ረኺበ። ገዛ ምስ ተመለስና ናብ እንዳ ፖሊስ ደዊለ። ንሜሪዌዘር'ውን ረኺበዮ። እቲ ዝተረፈ ንስኻ'ውን ትፈልጦ ኢኻ።" በለኒ።

"ግን እቲ ሸርሒ ሎሚ ምሸት ከም ዝፍጽምዎ ከመይ ገይርካ ፈሊጥካ፧" ሓተትኩ።

"ኑቲ ማሕበር ቀያሕቲ ጸጉሪ ምዕጻዎም ጥቕሚ ናይ ኣቶ ዊልሰን ኣብቂዑ ማለት እዩ። እዚ ኸኣ እቲ ገለርያ ተዛዚሙ ማለት እዩ። እቲ ወርቂ መዓስ ይግዕዝ ፍሉጥ ስለ ዘይነበረ ብዝቐልጠፈ ሓሳቦም ክፍጽሙ ነይሩዎም። ነዚ ንምግባር ቀዳም እታ ዝመችኣት መዓልቲ እያ። ምኽንያቱ እቲ ባንክ ክሳዕ ሰኑይ ስለ ዘይክፈት ከይተፈልጡ ኣርሒቐም ክሃድሙ ዕድል ይረኽቡ። በዚ'የ ኸኣ ሎሚ ለይቲ ኽሕዞም ዝተዳለኹ።"

“ዘደንቕ እዩ። ውሽጢ ውሻጠኦም ፈታቲልካ ፈሊጥካዮም፡” በልኩዎ ብኣድናቕት።

“መቸም እዛ ጉዳይ ካብ ምስልቻው’ኳ ኣገላጊላትኒ እያ። እዞም ቀልል ዝበሉ ግድላት የዘናግዑኒ እዮም። ቀልጢፍና ኻልእ ጽብቕቲ እንተ ንረክብ፡” በለኒ ገጹ ብፍሸኽታ ደሚቑ ኣዒንቱ ኸኣ ብሓቦ መሊኡን።

ሰባሪ ሓወልቲ

ኣባል ፖሊስ ዝኾነ ኣቶ ለስትራድ ብዙሕ ግዜ ኣብታ ኣብ ጐደና ቤከር እትርከብ ገዛና ይመጽኣና'ዩ። ምምጻእ ለስትራድ ንሽርሎክ ባህ እዩ ዝብሎ። እዋናዊ ጕዳያትን ሓደሽቲ ፍጻሜታት ገበንን ካብኡ'ዩ ዝሰምዖ። ብዙሕ እዋናት'ውን ንዝተጠናነጉ ገበናት ኣብ ምፍታሕ ሸርሎክ ሓጊዙዎ'ዩ። ለስትራድ፣ ብዛዕባ ዝተረኽበ ሓድሽ ጕዳይ ይነግሮ፣ ሸርሎክ ከኣ ክኽትሎ ዘለዎ መንገዲ ይሕበሮ።

ሎሚ ምሸት ግን ለስትራድ ብዛዕባ ኹነታት ኣየር ብድሕሪኡ ኽኣ ብዛዕባ ዓምድታት ጋዜጣ ተዛሪቡ ሰኞ በለ። ሸርሎክ ንኽኞጽል ብሃንቀውታ ጠመቶ። ካብ ኣፍ ለስትራድ ዝሞለቓ ቃላት ኣይነበራን። ሸርሎክ ብዓኞሊ ኽጽበ ኣይከኣለን።

"እንታይ ሓድሽ ኣሎ ለስትራድ፧" ሓተተ ሆልምስ።

"ዋላ ሓንቲ ኣቶ ሸርሎክ። ዓቢ ነገር ኣይኰነን።" መለሰ ለስትራድ። ልሳኑ ዋላሓንቲ እኳ እንተ ኣድመጽት ኣጋውለኡ ግን ገለ ነገር ከም ዝነበረ'ዩ ዝሕብር። ነዚ ዝተረደኣ ሸርሎክ

"እሞ ንገረኒ!" ብምባል ብሀንጡይነት ሓተተ።

"ኣቶ ሸርሎክ ኣብ ርእሰይ'ኳ ሓንቲ ኹነታት ኣላ እንድያ።" ለስትራድ ስሓኞ እናሓወሰ ጀመረ። "ግን ሰኞ ኢልካ ናይ ቁልዑት'ዩ! ከም ጕዳይ ክትዛረቡሉ'ውን መሰሓኞ እዩ። ምኟን ኣቶ ሸርሎክ ጊንጢ ዝኾነ ጕዳያት እንዲኻ ትፈቱ። እዚኣ ግን ልዕሌኻ ንዶ/ር ዋትሰን ትምልከት ኰይና እያ ትስመዓኒ።" ብምባል ናባይ ጠመተ።

"ኢሂ ሕማም ድዩ፧" ንሓኪም ዝምልከት ኪኖ ሕማም ካልእ የለን ብምባል ሓተትኩዎ።

"ኖኖ፡ ግን ገለ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘሎዎ ሰብ ኣሎ። ክሳዕ ሕጂ ንናፖልዮን ዘጸልእ ሰብኪ ኣሎ ድዩ፧" ብምግራም ኣዒንቱ ኣፍጠጠን። ቀጺሉ፡ "ገዛ ገዛ እናኣተወ ሓወልቲ ናፖልዮን ክሳዕ ዝሰብር ጽልኢ ዘሎዎ፧" በለ ብኣርምሞት።

ሆልምስ ኣብ ሰድያኡ እናተጸግዐ፡ "ሓቅኻ ኢኻ ለስትራድ እዚ ጉዳይ ንዓይ ዝምልከት ኣይመስለንን፡" በለ።

"ከምኡ እንድየ ኽብለካ ጸኒሐ። እዚ ሰብ ማዕጾ ቤት ሰይሩ እናኣተወ'ዩ ሓወልቲ ናይ ናፖልዮን ዝሰብር። ዘይንብረቱ ስለ ዝኾነ ጥራይ እዩ ጉዳይ ፖሊስ ኩይኑ ዘሎ።"

ልዕሊ ንቡር ኣዒንቱ ብምኽፋት፡ "ኣሃ! እዚ ደኣ ሰሓቢ ጉዳይ እንድዩ!" በለ ሸርሎክ። "እስኪ በል ጽቡቕ ገይርካ ኣዕልለና፡" በለ ሸውሃት ምምርማር ዝተመልሶ ሸርሎክ። ለስትራድ መዝገቡ ብምውጻእ ገጻት ክገናጽል ጀመረ። ኣነ'ውን ንዓይ ዝምልከት ጉዳይ ንኽረክብ ኣተኵረይ ቃነኹ። መዝገቡን ገጽናን ክምልከት ዝጸንሐ ለስትራድ፡ "እቲ ቐዳማይ ክስተት ቅድሚ ኣርባዕተ መዓልታት ኣብ ድኳን እንዳ ሞርስ ሃድሰን እዩ ኣጋጢሙ። ኣቶ ሃድሰን ኣብታ ኣብ ጉደና ኸኒንግተን ትርከብ ድኳኑ ስእልታትን ቀርጻ-ቀርጾን እዩ ዝሸይጥ። ዝተሓጋገዘ ወዲ ሓንሳብ ንደገ ምስ ወጽኣ ኣብ ውሽጢ ናይ ዝተሰበር ነገር ድምጺ ሰሚው ብጉያ ንውሽጢ ተመልሰ። ሓንቲ ናብ ኣሽሓት ስብርባራት ዝተዳቐቐት ሓወልቲ ናይ ናፖልዮን ከኣ ኣብ ባይታ ጸንሓቶ። ግዳም ወጺኡ ምስ ሓተተ ኣብኡ ዝጸንሑ ሰባት፡ ሓደ ሰብኣይ ክሃድም ከም ዝረኣዩ እንተ ኾነ ገጹ ግን

ዝረኣዩ እንተ ኾነ ገጹ ግን ከም ዘይረኣዩዎ ሓበሩዎ። ተቐላጢፉ ንፖሊስ ሓቢሩ'ኳ እንተ ኾነ ብሰንኪ ሕጽረት መርትዖ፣ እታ ናይ ጀሶ ሓወልቲ'ውን ብዙሕ ዝዋግኣ ስለ ዘይኾነት ብዛዕባ እቲ ፍጻሜ ፖሊስ ዕሙቕ ዝበለ መጽናዕቲ ኣየካየደን። ትማሊ ምሸት ከኣ እታ ኻልኣይቲ ኣጋጣሚ ሰሚባ። ኣብ ጐደና ኺኒንግተን ጥቃ እንዳ ሃድሰን ድኳን፡ መንበሪ ገዛ ናይ ሓደ ዶ/ር ባርኒኮት ዝበሃል ሰብኣይ ኣሎ። ኣብ ጐደና ብሪክስተን ከኣ ቤት ጽሕፈት ኣሎዎ። እዚ ዶክተር ብናፖልዮን ኣመና እዩ ዝግደስ። ኵሉ ግዜ ብዛዕባ ናፖልዮን ዝተጻሕፈ መጽሓፍቲ ይዕድግ ሰእልታት'ውን ይእክብ። ቅድሚ ገለ መዓልታት ሓንቲ ንቤት ጽሕፈቱ፡ ሓንቲ ኸኣ ንመንበሪ ቤቱ ብምባል ክልተ ሓወልቲ ናፖልዮን ካብ እንዳ ሃድሰን ዓዲጉ ነይሩ። ሎሚ ንግሆ ግን ንዶ/ር ባርኒኮት ኣብ ማእከል ገዛኡ ዘገርም ፍጻመ ጸኒሑዎ። ሰራቒ ሰይሩ ኣትዩ እንተ ኾነ ብዘይካ ሓንቲ ንብረት፡ ንሳ ኸኣ ሓወልቲ ናፖልዮን፡ ዝኾነ ኻልእ ንብረት ኣይሰረቐን። ነታ ሓወልቲ ኸኣ ኣብቲ ኻንሸሎ ኣብ ዝርከብ መንደቕ ኣጋጭዩ ሰይሩዎ። ነቲ ኾነታት ክንምርምር ምስ ተጸዋዕና ስብርባር ናይታ ሓወልቲ ኣብኡ ጸኒሕና፣" ብምባል ንኽልቴና ኣበራርዩ ተመልከተና።

ሆልምስ ዝቐረረ ኽመስል ኣእዳዉ እናሓሰየ፡"እምብዛ ሰሓቢ ጉዳይ'ዩ" ክብል ኣድመጸ።

"ኣነ'ውን ከም ዝብርሃካ ተረዲኡኒ ነይሩ። ግን እቲ ዛንታ ኣይተወድአን፡ " ሆንጡይነት ሸርሎክ መሊሱ ኣዕረገ። "ዶ/ር ባርኒኮት ናብ ቤት ጽሕፈቱ ምስ ከደ ኻልእ ዘገርም ነገር እዩ ጸኒሑዎ። ሰራቒ ብለይቲ መስኮት ሰይሩ ብምእታው ካልእ ከይተንከፈ ነታ ሓወልቲ ናፖልዮን ሰባቢሩዋ። ዝኾነ ተወሳኺ መረዳእታ ኽህበና ዝኽእል ነገር ኣይረኸብናን። እዚ ኻብ ሕማም ወጻኢ ኻልእ እንታይ ክብሃል ይኽእል።

ይኽእል። ክሳዕ ሕጂ በጺሕናዮ ዘለና እዚ እዩ ኣቶ ሆልምስ።" ብምባል ሓሰብ ሸርሎክ ክሰምዕ ኣእዛኑ ኸር ኣበለ።

"ከምዚ ዝመሰለ ጉዳይ ኢጋጢሙኒ ኣይፈልጥን እዩ።" በለ ሆልምስ ብኣድናቐት። "ግን እተን ናይ ዶ/ር ባርኒኮት ሓወልቲ ልክዕ ከም ናይ እንዳ ኣቶ ሃድሰን ሓወልቲ ድየን ነይረን፧"

"ልክዕ ጥራይ? ኣብ ሓደ ግዜ ዝተሰርሓ ኸኣ እምበር።"

"እዚ ሰብ ንናፖልዮን ኣይኩነን ዝጸልእ። ሕሰብ እሞ ኣብሎ፡ ኣብ ለንደን ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሓወልትታት ናፖልዮን ኣለዉ። ንምንታይ ካልእ ዓይነት ዘይሰበረ ኻብዘን ሓደ ዓይነት ጥራይ ዝሰብር፧"

"እነ'ውን ከምኡ ኢለ ገሚተ ነይረ። ግን ከኣ ኣቶ ሃድሰን ኣብቲ ኸባቢ ዝሸጦ ኻልእ ዓይነት ናይ ናፖልዮን ሓወልቲ የለን። ስለዚ እዚ ሰብ ነባሪ እቲ ኸባቢ እንተ ኾይኑ ብእአን እዩ ምስባር ክጅምር ዝኽእል። ዶ/ር ዋትሰንከ እንታይ ትብል፧" እቲ ዛዕባ ናባይ ኣዘሮ።

"እዋእ፡ እዚ ሰብ ጽሉል ክኸውን ይኽእል እዩ። ብናፖልዮን ዝተጸለለ፡ ማለት ብዛዕባኡ ብዙሕ ዘንበበ ወይ ኣብ ኩናት ቤተሰቡ ዝሰኣነ ኾይከውን፡ " ላህመታዊ ግምት ኣቕረብኩ።

"ኖኖ ዋትሰን፡" ርእሱ እናነቕነቐ ኸኣልፍ ኣበለኒ ሸርሎክ። "ክኸውን ኣይክእልን እዩ፡" ወሰኸ።

"ሕራይ ንስኻ እንታይ ትብል፧" ለስትራድ ንሆልምስ ሓተቶ።

"ሕጂ ብዙሕ ክዛረብ ኣይደልን እየ። እዚ ሰብ እዚ ግን ጽሉል ኣይኰነን። ሕሰብ እሞ ኣብሉም፡ ኣብ መንበሪ ገዛ ናይ ዶ/ር ባርኒኮት ዝነበረት ሓወልቲ ናብ ደገ ኣውጺኡ ሰይሩዋ። ስለምንታይ፧ ምኽንያቱ ኣብ ውሽጢ እንተ ዝሰብራ፡ ሰብ መተንስኣ ምተቓልዐ ኸኣ። እታ ኣብ ቤት ጽሕፈት ናይቲ ዶ/ር ዝነበረት ግን ኣብ ውሽጢ እዩ ሰይሩዋ። ምኽንያቱ ኣብ ውሽጢ ምስባራ ዝሓሸ ኣማራጺ ስለዝኾነ። ኖኖ እዚ ሰብ ፍጹም ጽሉል ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ብዙሕ መሲጣትኒ ስለ ዘላ ብዛዕባ እዛ ጉዳይ ዝኾነ ሓድሽ ነገር እንተ ተረኺቡ ሓብረኒ ኢኻ ለስትራድ፡" ብምባል ዝርርብና ዓጸና።

*********** *********** ************

ሆልምስ እቲ ስዒቡ ዘጋጠመ ቐልጢፉ እዩ ፈሊጡ። ድሕሪ'ታ ምስ ለስትራድ ዝተዘራረብናላ ዝነበረት መዓልቲ፡ ንግሆ ኻብ ድቃሰይ ዘበራብር ብርቱዕ ምኽሕኳሕ ሰማዕኩ። ሆልምስ እዩ ነይሩ። ኣብ ኢዱ ብለስትራድ ዝተፈረመት ተለግራም ሒዙ ነበረ። እቲ መልእኽቲ ኸምዚ ይብል፤

"ናብ ጉደና ፒት ቁጽሪ 131 ቀልጢፍካ ምጻእ።"

"እዚ ደኣ እንታይ እዩ፧" ሓተትኩ ብብዕጉግ ደሃይ።

"ምናልባት ብዛዕባ እታ ጉዳይ ናይ ሓወልቲ ናፖልዮን እዩ ዝኸውን። እዚ ሰብ ኣብ ካልእ ክፋል ናይ ለንደን ክሰብር ጀሚሩ ኣሎ ማለት እዩ። ቀልጢፍካ ኽዳንካ ተኸደን፡ ታክሲ ኣብ ኣፍደገ ደው ኣቢለ ኣለኹ። ኣብ ጣውላ ኸኣ መበራበሪ ዝኾነካ ቡን ኣለካ።" በለኒ።
ኣብቲ ዝተሓበረና ቦታ ድሕሪ ፍርቂ ሰዓት በጻሕና። እቲ ወትሩ

ኣብቲ ዝተሓበረና ቦታ ድሕሪ ፍርቂ ሰዓት በጻሕና። እቲ ወትሩ ብጽምዋ ዝተጉብአ ጉደና ሸው መዓልቲ ብሰባት ኣዕለቕሊቕ ጸንሓና። ብፍላይ ኣብ ኣፍደገ ገዛ ቑጽሪ 131 ሰባት ዓሲሎም ነበሩ።

“እንታይ ይበሃል ወደይ፧” በለ ሸርሎክ ብምግራም እናፋጸየ። “ቅትለት ዝተፈጸመ እየ ዝመስል። ላዕለዋይ ኣስካላ ተሓጺቡ ታሕተዋይ ኣስካላ ከኣ ንቑጽ ኣሎ። ለስትራድ ኣብቲ ቀዳማይ መስኮት እነሃልካ። ድሕሪ ቑሩብ እንታይ ከም ዘጋጠመ ኽንፈልጥ ኢና።”

ለስትራድ ርእየና ፍሸኽ’ውን ኣይበለን። ከይተዛረበ ናብ ሓደ ኽፍሊ’ቲ ገዛ መርሓና። ኣብኡ ሓደ ሰብኣይ ናብዝን ናብትን ክብል ጸንሓና።

“ብጾት፡ እዚ ኣቶ ሃርከር ይበሃል። ኣቶ ሆልምስ፡ ሕጂ’ውን ሓወልቲ ናይ ናፖልዮን ዝተሰብረሉ ኣጋጣሚ ኢና ረኺብና። ትማሊ ምሸት ተገዲስካ ስለ ዘሓተትካኒ እየ ኽትመጽእ ትደሊ ትኸውን ኢለ መልእኽቲ ሰዲደልካ።”

“እንታይ ኣጋጢሙ፧” ሓተተ ሆልምስ ብህንጡይነት።

“ቅትለት ኣቶ ሆልምስ፡ ቅትለት! ኣቶ ሃርከር ኵሉ ዘርዚሩ ኽነግረኩም እዩ፡” ብምባል ናብ ኣቶ ሃርከር ኣመልከተ።

ሸርሎክ ኮፍ ኢሉ ኽሰምዕ ተዳለወ።

“ቅድሚ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ኣቢለ እየ ነታ ሓወልቲ ናይ ናፖልዮን ካብ ድኳን እንዳ ደቂ ሃርዲግ ብሕሱር ዓዲገያ። ነዛ ዘለናያ ኽፍሊ ኸተማዕርጋ ብምባል ከኣ እየ ዝዓደግኩዋ። ምሸት ምሸት ኣብዛ ኽፍሊ ብዙሕ ናይ ጽሕፈት ስራሕ’የ ዝሰርሕ።

ብዙሕ ናይ ጽሕፈት ሰራሕ'የ ዝሰርሕ። ትማሊ ብዙሕ ዝጸሓፍ ስለ ዝነበረኒ ደንጉየ እየ ደቂሰ። መደቀሲ ኽፍለይ ኣብ ላዕለዋይ ደርቢ እዩ ዝርከብ። ሃንደበት ለይቲ ኻብዛ ኽፍሊ ገለ ድምጺ ዝሰማዕኩ መሲሉኒ ጽን እንተ በልኩ ዋላ ሓንቲ ኣይሰማዕኩን። ድሕሪ ሓሙሽተ ደቓይቕ ኣቢሉ ግን ፈጺመ ኽርሰየ ዘይክእል ናይ ምውጫጭ ድምጺ ሰማዕኩ። ብሰንባድ ዝኣክል ሓጺን ኣልዒለ ብጉያ ወረድኩ። እታ ትርኣየኩም ዘላ መስኮት ጋህ ኢላ ተኸፊታ፣ እታ ሓወልቲ ኸኣ ተሰሪቓ ጸንሓትኒ። ዝኹነ ሰራቒ ነታ ሓወልቲ ንምንታይ ክደልያ ይኽእል ፈጺሙ'የ ክርድኣኒ ዘይክእል፣ " ብምባል ዘረባኡ ኹሊፍ ኣተኵሩ ጠመተና። ቀጺሉ፣ "ከምዚ ትርእዩዎ ዘለኹም፣ ዝኹነ ሰብ ካብዚ ኣፍደገ ናብዚ መስኮት ብቐሊሉ ነጢሩ ኽኣቱ ይኽእል እዩ። ስለዚ ብጉያ ነቲ ማዕጾ ኸፊቱ ኽርኢ ተቀልቒልኩ። ኣብቲ ግብ ዝበለ ጸልማት ንስክላ ኣብ ልዕሊ ሬሳ ወዲቐ ነይረ። ኣብዚ ኣፍደገ'የ ተጋዲሙ ጸኒሑኒ። መብራህቲ ከምጽእ ንውሽጢ ጐየኹ። ምስኪናይ ኣብ ጉረርኡ ዓሚቑ ጥባሕ፣ ኣብቲ ዝወደቐ ኸኣ ብደም ጨቅዩ ረኣኹዎ። ንዋንቅልዒት ወዲቑ፣ ኣብራኹ ንላዕሊ ተዓጺፈን፣ ኣፉ ኸኣ ሃህ ኣቢሉ ነበረ። ኣብ ሕልመይ እኳ እናተራእየኒ ኸባህርረኒ እዩ ዝኸውን። ፖሊስ ክሰምዑኒ ዓው ኢለ ጨደርኩ። ብድሕሪኡ ኸም ዝመስለኒ ሃለዋተይ ኣጥፊኡ እየ፣ ምኽንያቱ ቐጺለ ዝዘክሮ ነገር እንተ'ሎ ፖሊስ ሓፍ ኣቢሎም እናኣእተውኒ እዩ፣" በለና።

"እቲ መዋቲ መን ምኻኑ ኣረጋጊጽኩም ዲኹም፧" ሓተተ ሸርሎክ።

"መን ምኻኑ ገና ኣይፈለጥናን ኣለና፣" መለሰ ለስትራድ። "እንተ ደሊኻ ነቲ ሬሳ ኽትርእዮ ትኽእል ኢኻ። ሕምቐ ዝበለ ኣካዳድና ዘሎዎ ቁማት፣ ብገምጋም ትሕቲ ሰላሳ ዝዕድመኡ ድልዱል መንእሰይ እዩ። ብዙሕ ጸሓይ ኣብ ዘሎዎ ቦታ ዝነብር እዩ ኸኣ ዘመስል።

ሸቃላይ ግን ኣይመስልን እዩ። ሓንቲ ነዋሕ ካራ ኣብ ደሙ ወዲቓ ጸንሓትና። ኣብ ክዳውንቱ ዝኸሎ መለለዩ ክኸነን ዝኽእል ኣይረኸብናን። ኣብ ጁባኡ ብዘይካ ሓንቲ ሚስ፡ ገለ ገመድ ጅማውቲ፡ ካርታ ናይ ለንደንን ሓንቲ ስእልን ካልእ ኣይረኸብናን። እታ ስእሊ እንሃትልካ።" ብምባል ንሸርሎክ ኣቐበሎ።

እታ ስእሊ ብሓንቲ ንእሽቶ ካሜራ ዝተወሰደት ናይ ሓደ ሓጺር፡ ጨጓር፡ ሓያል ዝመስል ሰብኣይ እያ ነይራ። ሆልምስ ነታ ስእሊ ኣጸቢቑ ጠመታ።

"እታ ሓወልቲኸ እንታይ ኮነት፧" ሓተተ ሆልምስ።

"ከምተን ካልኦት ተሓማሺሻ ኣብ ካንሸሎ ናይዛ መንጽርና ዘላ ሰብ ዘይነብረላ ገዛ ረኺብናያ። ሕጂ ናብኡ እኸይድ ኣለኹ። ክትዕዘቡዎ እንተ ደሊኹም ክማልኣኩም፡" ብምባል ተበገሰ።

"ሕራይ ሓንሳብ እሞ ኣብዚ ኽርኢ፡" ሸርሎክ ንመንጸፍ እቲ ገዛን ነታ መስኮትን እናተመልከተ መለሰ። "እዚ ሰራቒ ወይ ነዊሕ ኣእጋር ኣሎዎ ወይ ከኣ ኣመና ነጢሩ ይኽእል እዩ። ካብዚ መስኮት ናብዚ ንውሕ ዝበለ ርሕቀት እዩ ዘሎዎ፡" ብምባል ትዕዝብቱ ገለጸ።

እታ ሰብ ዘይነብራ ገዛ ኻብታ ቅትለት ዝተፈጸመላ ገዛ ብዙሕ ርሕቀት ኣይነበራን። ሰብርባር ናይታ ሓወልቲ ኣብ ሳዕሪ ናይቲ ካንሸሎ ፋሕ ኢሉ ተመልከትና። ሸርሎክ ካብቲ ሰብርባር ኣልዒሉ ብኣንክሮ ኽጥምት ምስ ጀመረ ገለ ሓበሬታ ዝረኸበ መሰለኒ።

"እሞኸ፧" ለስትራድ ብተስፋ ተወከሰ።

“ዝተረፈና ኣመና ብዙሕ ኣሎ።” መለሰ ሆልምስ። “ምእንቲ’ዛ ዘይትረብሕ ሓወልቲ ህይወት ሰብ ከም ዝጠፍኣት ፈጺምና ኽንዝንግየ ዘይብልና ሓቂ’ዩ። ሕጂ’ውን ደጊሙ ኣብ ካንሽሎ ኣውጺኡ እዩ ሰይሩዋ። እዚ ገዛ ነጻ ስለ ዝኾነ ብዘይሸግር ኣብ ውሽጢ ኽሰብራ ምኽኣለ።”

“ሰብ ስለ ዝቐተለ ፈሪሑ ዝገብሮ ጠፊኡዎ’ዩ ነይሩ ዝኸውን።” በለ ለስትራድ።

“ክኸውን ይኽእል’ዩ። ግን ኣቀማምጣ እዛ ገዛ እሞ ኣስተውዕለሉ።” ብምባል ኣተኮሮና ናብኣ ኽንገብር ዓደመና።

ለስትራድ ከባቢኡ እናተመልከተ፡ “ሰብ ዘይነብራ ገዛ እያ። ኣብዚ ካንሽሎ ሰብ ከም ዘይህሉ ኣርጊጹ ፈሊጡ መጺኡ ክኸውን ኣለዎ።” በለ።

“እወ ግን ቅድሚ እዛ ገዛ ሰብ ዘይነብረላ ኻልእ ገዛ ኣላ እንዶ እንታይ ኩይኑ ናብኣ ዘይከደ፧ ግዜ ምጥፋእ ማለት ዓቢ ሓደጋ ምኳኑ ይፈልጥ እንድዩ።”

“ኦይ ኣነስ በል ዋላ መትሓዚ ስኢነሉ።” ለስትራድ ብተስፋ ምቑራጽ መለሰ።

ሆልምስ ናብታ ኣብ ልዕሌና ዝነበረት መብራህቲ ጉደና እናኣመልከተ፡ “ኣብዚ እንተ ሰይሩዋ ኽርኣዮ ይኽእል እዩ። ኣብቲ ሓደ ገዛ ግን ኣይምኽኣለን። ስለዚ’ዩ ነዛ ገዛ መሪጹ።”

"እዋይ ሓቅኻ!" በለ ለስትራድ። "ናይ ዶ/ር ባርኒኮት'ውን ኣብ ጥቓ እታ ቀያሕ ኣምፕል እያ ተሰይራ። ገለ ነገር ረኺብና ኣለና መስለኒ ኣቶ ሆልምስ።"

"ንሕጂ ኣይንረስዓዮ፡ ጸኒሕና ተወሳኺ ሓቅታት ክንረክብ ኢና። ሕጂ በዚ ጕዳይ ቀጻሊ ስጉምትኻ እንታይ እዩ ለስትራድ፧"

"መንነት እቲ ዝተቐትለ ሰብኣይ መን ምኻኑ ኽንፈልጥ ክንፍትን ኢና። ከም ዝመስለኒ ብዙሕ ኣይከጸግመናን እዩ። መን ምኻኑ ምስ ፈለጥና ኣዕሩኽቱ ብዓል መን ምኻኖም ክንፈልጥ ንኽእል። ቀጺልና ትማሊ ምሸት ኣብ ጕደና ፒት እንታይ ይገብር ከም ዝነበረ ነጣይቕ። ኣብ መወዳእታ ስራሕና መንነት ቀታሊ ምፍላጥን ምሓዙን ይኸውን ማለት እዩ። እንታይ ርእይቶ ኣለካ፧" ብምባል መልሲ ተጸበየ።

"ጽቡቕ ሓሳብ እዩ። ኣነ ግን ነዚ ኽትገልጾ ዝጸናሕካ ኣገባብ ኣይምተኸተልኩን።"

"ካብዚ ዝሓይሸ ደኣ እንታይ ምገበርካ፧" ብምግራም ሓተተ።

"ደሓን ንስኻ በታ ዝመደብካያ ስራሕ። ኣነ ኻልእ ሓሳብ ኣሎኒ። ደሓር ተራኺብና ኣብ ምንታይ ከም ዝበጻሕና ኽንነጋገር ኢና።"

"ሕራይ በሉ ደሓር የራኽበና፡" ለስትራድ ተፋነወና።

"ሎሚ ብዙሕ ስራሕ እዩ ዝጽበየና ዘሎ። ሰዓት ሸዱሸተ ድ.ቐ. ኣብ ጕደና ቤከር ንራኸብ። እዛ ስእሊ ንግዚኡ ምሳይ ክሕዛ እየ። ለስትራድ ሎሚ ምሸት ምሳና ኽትከይድ ስለትኽእል ተዳሎ። ሰላም መዓልቲ ጸቡቕ

ጸቡቕ ዕድል ከኣ እምነየልካ።” ብምባል ተፈላለናና።

******* ******* *******

መጀመርታ ዝኸድናዮ ቦታ ዱኳን ደቂ ሃርዲንግ እዩ። ሸርሎክ ብዛዕባ እተን ሓወልቲ ኽሓቶም ደልዩ ነይሩ እንተ ኾነ ንኣቶ ሃርዲንግ ኣይረኸብናዮንን። እቲ ሓላዊ ድኳን ከኣ ቀድሚ ውሑድ መዓልታት ዝተቐጽረ ሰለ ዝነበረ ብዙሕ ክሕብረና ኣይከኣለን።

“መቸም ነገራት ብቐሊሉ ኽንረኽቦም ኢልና ኽንሓስብ የብልናን ዋትሰን።” በለ ሆልምስ። “ናብዚ ጸኒሕና ኽንምለስ ኢና ሕጂ ግን ናብ እንዳ ሃድሰን ንኺድ። ምናልባት ገለ ሓበሬታ ዝህበና ንረክብ ንኸውን። እዘን ሓወልቲ ናፖልዮን ካበይ መጺአን ምፍላጥ ከገድሰና እዩ።” ብምባል ንጉዕዞ ነቐልና።

ድሕሪ ሓደ ሰዓት ኣቢልና ቡቲ ሓጺርን ገዚፍን ኣቶ ሃድሰን ትውነን ድኳን እንዳ ሃድሰን በጻሕና።

“እወ ኣብዛ ጣውላይ ነይራ። ይገርም እኳ’ዩ ሓለውቲ ፖሊስ ኣለውና እናበልናስ ከምዚ ኽንረክብ። እወ ንዶ/ር ባርኒኮት ክልተ ሸይጠሉ ነይረ። ካበይ ኣምጺኦየን፧ ካበይ ኣምጺኦየን ደኣ ምስቲ ፍጻሜታት እንታይ ዘራኽብ ኣሎዎ፧” ንዝሓተትናዮ ሕቶ ደጊሙ ንነብሱ ብምሕታት ናይ ምምላስ ባህሪ ነይሩዎ። ንባህሩ ተጻዊርና ንሕና ኽንሓቶ። ንሱ ድማ ንነብሱ እናሓተተ ኽምልስ ምስ ነብስና ተሰማሚዕና ጽን ኢልና ኽንሰምዖ ወሰንና። “ብዝኾነ ኽትፈልጥ የግድሰካ እንተ ኾይኑ ግን ካብ ጌልደርን ብጾቱን ዝበሃል ፋብሪካ እየን። ንዕስራ ዓመታት ዝኣክል ብምስራሕ ሓወልቲ ፍሉጣት እዮም። ክንደይ ነይረን፧ ሰለስተ። እተን ክልተ ንዶ/ር

ሰለስተ። እተን ክልተ ንዶ/ር ባርኒኮት ሽይጠሉ ሓንቲ ኸኣ እታ ኣብዛ ጣውላይ ዝተሰብረት። እዚ ኣብዛ ስእሊ ዘሎ ሰብኣይ እፈልጦዶ፤ እስኪ ሓንሳብ ጽቡቕ ገይረ ኽርእዮ። ኣይፈልጦን እየ። እስኪ ሓንሳእ፡ እዚ ደኣ ጆ እንድዩ። ኣብዚ ድኳነይ ዝሰርሕ ዝነበረ ወዲ ዓዲ ዋልያን ሰራሕተኛ እዩ። ዝሓለፈ ሰሙን'ዩ ሰራሕ ኣቋሪጹ። ካብ ሽዑ ኣትሒዘ ኣይረኣኹዎን። ናበይ ከም ዘበለ'ውን ዝፈልጦ የብለይን። እታ ሓወልቲ ቕድሚ ምስባራ ቕድሚ ኽልተ መዓልታት'ዩ ሰራሕ ገዲፉዎ፡" በለና።

"ጠቓሚ ሓበሬታ ረኺብና ዋትሰን። እዚ ጆ ዝበሃል ሰብ ምስቲ ዝተቐትለ ሰብኣይ ገለ ርክብ ከይሃለዎ ኣይተርፍን እዩ። ሕጂ ናብቲ ፋብሪካ ጌልደርን ብጾቱን ንኺድ። እተን ሓወልቲ ኣብኡ ስለ ዝተሰርሓ ገለ ተወሳኺ ሓበሬታ ኽንረክብ ንኽእል ንኸውን ኢና፡" ብምብል ናብቲ ፋብሪካ ተመርቀፍና።

ነቲ ፋብሪካ ድሕሪ ብዙሕ ኩለል ረኸብናዮ። ሓወልትታት ዝመልኡ ካንሸሎን ሓደ ዓቢ ኽፍልን ነበሮ። ኣስታት ሓምሳ ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ኣብ ምስራሕ ሓወልቲ ተጸሚዶም ጸንሑና። ኣካያዲ እቲ ሰራሕ ኣዘራራብናዮ ንሕቶታትና'ውን መለሰልና። ኣማኢት ዝቐጸሩ ሓወልትታት ናፖልዮን በብሹድሸተ ጉጅለ እናገበሩ ሰሪሖም?። ቀድሚ ሓደ ዓመት ኣቢሉ ሰለስተ ናብ እንዳ ሃድሰን ሰለስተ ኸኣ ናብ ደቂ ሃርዲንግ ከም ዝሰደዱ ሓበረና። እተን ሸዱሸተ ሓባ ኻብተን ካልኦት ብጾተን ዝፈለ ኸም ዘይብለንን ዝኾነ ሰብ ከኣ ኽሰብረን ምኽንያት ክህሉዎ ከም ዘይክእል ነገረና። ዋጋ እተን ሓወልቲ ሕሱር እዩ። እቲ ቕርጺ መጀመርታ ኣብ ክልተ ኽፋል ማለት የማናይን ጸጋማይን እዩ ዝሰራሕ። እዚ ኽልተ ኽፋላት ምስ ተላገበ ንኽነቅጽ ኣብ ጣውላ ይጸንሕ። ምስ ነቐጸ ኸኣ ኣብ መኻዚኖ ይቕመጥ። ቀንዲ ሰራሕቲ እዘን ሓወልቲ ደቂ ዓዲ ዋልያን ምኻኖም'ውን ሓበረና።

እቲ ኣካያዲ ስራሕ ኑቲ ኣብታ ስእሊ ዝነበረ ሰብኣይ ዝፈልጦ ኹይኑ እዩ ጸኒሑ። ነታ ስእሊ ምስ ረኣያ ብሕርቃን፡ "እዋይ! እዚ ድዩ፧" ክብል ኣድመጸ። "እዚ ደኣ እፈልጦ እንድየ። ክገርመኩም ኣብዚ ስራሕና ህውከት ኣጋጢሙና ኣይፈልጥን እዩ። ፖሊስ ናብዚ ትካል ሓንሳብ ጥራይ'የም መጺኡም ዝፈልጡ፡ ንሳ ድማ ነዚ ወዲ ኽሕዙ። ቅድሚ ሓደ ዓመት ኣቢሉ ንሓደ ወዲ ዓዲ ጥልያን ብኻራ ጠቢሑዎ ብፖሊስ እናተደልየ ኸሎ ኣብዚ ስራሕ ኣትዩ። ኣይጸንሐን ተታሒዙ'ዩ። ጆ እዩ ዝበሃል። ምሉእ ሽሙ'ኳ ኣይፈልጥን'የ፡ ግን ንፋዕ ሰራሕተኛ'ዩ ነይሩ፡" በለና።

"እሞ ተኣሲሩዶ፧"

"እወ። እቲ ዝጠብሖ ወዲ ስለ ዘይሞተ ግን ኣብ ሓደ ዓመት ተፈቲሑ። ሕጂ'ኳ ተፈቲሑ ይኸውን እዩ። ናብዚ መጺእና ኣይፈልጥን እዩ። ወዲ ኣኮኡ ኣብዚ ስለ ዝሰርሕ ግን ኣበይ ክትረኽቡዎ ኸም ትኽእሉ ኽነግረኩም ይኽእል እዩ።"

"ኖኖ! ከም ዝመጻእናካ ፈጺምካ ኸይትነግሮ፡" ኩለፎ ሸርሎክ። ቀጺሉ፡ "ጆ መዓስ ከም ዝተኣሰረ ክትነግረኒዶ ትኽእል፧" በሎ።

"መወዳእታ መዓስ ከም ዝኸፈልናዮ ኽነግረካ እኽእል እየ፡" እቲ ኣካያዲ ስራሕ መዝገቡ ድሕሪ ምግንጻል፡ "ረኺቢያ። ግንቦት 20 ኢና ንመወዳእታ ግዜ ኸፈልናዮ። ካብኡ ነዊሕ ከይጸንሐ ኸኣ ተኣሲሩ።"

ሆልምስ ምስቲ ኣካያዲ ስራሕ ድሕሪ ምምስጋኑ ጎብቲ ትካል ወጻእና።

ምሳሕ ደንጉና ድሕሪ ምብላዕና ናብ እንዳ ደቂ ሃርዲንግ ተመለስና። ኣቶ ሃርዲንግ ሓጺር ቑጡዕ ሰብኣይ እዩ።

"ብዛዕባ እዛ ጉዳይ ኣብ ጋዜጣ ኣንቢበ ነይረ። ኣቶ ሃርከር እታ ሓወልቲ ኻባና'ዩ ገዚኡዋ ነይሩ። ካብ ጌልደር ሰለስተ ሓወልቲ ገዚእና ነይርና። ኮለን ከኣ ሸጥናየን ኢና፡" በለና።

ሸርሎክ ኮሌፍ ኣቢሉ፡ "ንመን፧ ማለተይሲ ንመነመን ሸጥኩምሎም፧" በሎ።

"ኣብ መዝገብ መሸጣና ብቑሊሉ ኽረኽበልኩም እኽእል እየ። ረኺበየን ኣለኹ። ሓንቲ ንኣቶ ሃርከር፡ ሓንቲ ንኣቶ ጆሴፍ ብራውን፡ ሓንቲ ኸኣ ንኣቶ ስታንፎርድ ሸጥናየን። ኣድራሻኦም የድልየኩም እንተ ኾይኑ ምዝገብ ሰለ ዘሎ ኽትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም፡" በለና። ምናልባት ነቲ ኣብ ስእሊ ዘሎ ሰብ ይፈልጦ ኸይከውን ተወከስናዮ።

"ኖኖ ርእየዮ ኣይፈልጥን'የ፡" ብምባል መለሰልና። ካብቲ ፋብሪካ ብዝረኽብናዮ ሓበሬታ ተበጊስና ደቂ ዓዲ ጥልያን ሰራሕተኛታት እንተ ኣለውዎ ሓተትናዮ።

"እወ ውሑዳት ኣለዉና፡" ብምባል፡ "እንተ ደሊኹም ነዚ መዝገብ መሸጣና ኽትውከሱዎ ትኽእሉ ኢኹም፡" በለና። ተመሳጊና ምስ ተፋነናን ኣብ ልዳት ቤቱ ኾይኑ፡ "በሉ ብዛዕባ እዛ ጉዳይ መልሲ ምስ ረኸብኩም ንገሩኒ ኢኹም፡" በለና።

ኣቶ ሃርዲንግ እናተዛረበና እንከሎ ሸርሎክ ገለ ነጥብታት ይጽሕፍ ነይሩ'ዩ። ተሓጉሱ ምንባሩ ኣብ ገጹ ኣንበብኩ። ወዲእና ናብቲ ኣብ ጐደና

ጐደና ቤከር ዝጸበየና ዝነበረ ለስትራድ ከድና።

"እሞኽ! ኣስሊጥኩምዶ፧" ሓተተ ለስትራድ።

"ጸቡቕ ስራሕ እዩ ውዒሉና። እተን ሓወልቲ ኻበይ መጺአን ናበይ ከኣ ኸይደን ፈሊጥና ኣለና።"

"እተን ሓወልቲ!" ጨደረ ለስትራድ። "ምኻን ኣቶ ሆልምስ ናትካ ኣገባብ ኣለካ። ሎሚ ግን ካብ ናትካ ዝበልጸ ዝሰራሕኩ ይመስለኒ። እቲ ዝተቐትለ ሰብኣይ መን ምኻኑ ፈሊጠ ኣለኹ።"

"እንታይ ትብል ወደይ፧"

"እወ። ስለምንታይ ተቐቲሉ እውን ፈሊጠ ኣለኹ።" ለስትራድ ብኹርዓት ወሰኸ።

"ጸቡቕ እምበር!"

"ምሳና ዝሰርሕ መርማሪ ገበን ሂል ነዞም ደቂ ዓዲ ጥልያን ጸቡቕ ገይሩ እዩ ዝፈልጦም። ነቲ መዋቲ ምስ ረኣዮ ፒተር ሽኑቺ ከም ዝበሃልን ሓደ ኻብቶም ሓያላት ሰብ ጥባሕ ክሳድ ምኻኑን ኣብኡ ኸሎ'ዩ ፈሊጡ ኣባል ናይ ሓንቲ ኢጣልያዊት ጉጅለ ገበነኛታት ከም ዝነበረ'ውን ሓቢሩኒ። እዞም ጉጅለ ዝበሉኻ እንተ ዘይጌርካሎም ዝቐትሉኻ ዓይነት እዮም። ፒት ነቲ ኣብ ስእሊ ዘሎ ወዲ ይደልዮ እዩ ነይሩ ዝኸውን። ከይደናገር ከኣ ስእሉ ሒዙ ይንቀሳቐስ ነይሩ። ተኸታቲሉ ናብታ ገዛ ኽኣቱ ምስ ረኣዮ ተጸብዩ ምስ ወጽኣሉ ተባኢሱዎ። ኣብቲ ባእሲ ግን ንሱ ተቐቲሉ። ኢሂ ርኽበታተይ ከመይ ረኺብካዮም ኣቶ ሆልምስ፧"

ረኺብካዮም ኣቶ ሆልምስ፧" ብርእሰ-ተኣማንነት ፍሸኽ እናበለ ንሸርሎክ ተመልከቶ።

ሸርሎክ ኣጣቐዓሉ።

"ኣዝዩ ጽቡቕ ስራሕ ለስትራድ። ብዛዕባ እተን ሓወልቲ ናፖልዮን ደኣኹ፧"

"ሓወልቲ! በጃኻ ኢለካ እዘን ዘይጠቕማ ሓወልቲ ኻብ ርእስኻ ኣውጽኣየን። ንሰን ዘይኮና ዘገድሳ ቐታሊ ምሓዝ እየ። ኣነ ኸኣ ኽሕዞ ቐሪበ ኣለኹ፡" ለስትራድ ቁጥዕ ኢሉ መለሰ።

"ቀጺልካኸ እንታይ ክትገብር ኢኻ፧" ሸርሎክ ሓተተ።

"እዚ ደኣ ቐሊል እንድዩ። ናብቲ ደቂ ዓዲ ጥልያን ዝቐመጥሉ ከተማ ኸይደ ነዚ ጆ ዝበሃል ወዲ ኽደልዮ እየ። ረኺበ ኸኣ ኽኣስሮ እየ። እንተ ደሊኹም ምሳይ ክማልኣኩም፡" ለስትራድ ብርእሰ-ተኣማንነት መደባቱ ዘርዘረልና።

"የቐንየልና። ነዚ ወዲ ንምሓዝ ግን ዝቐለለ መንገዲ ኣሎ። ዋላ ንዋራረድ፡ ብኡነት እስኮሚሳ ንግበር፡ ሎሚ ምሸት ምሳይ እንተ ኼድካ ባዕለይ ነዚ ወዲ ኽሕዘልካ እየ።"

"ኣበይ፧ ኣብቲ ደቂ ዓዲ ጥልያን ዝቐመጡሉ ከባቢ፧" ስንባደኡ ኣብ ገጹ እናተንጸባረቐ ለስተርድ ተዛረበ።

“ኖኖ ኣብ ገዛ እንዳ ጆሴፍ ብራውን ዝበሃል ሰብኣይ እምበር። ሎሚ ምሸት ምሳይ ክማልኣካ ለስትራድ። ሎሚ ኽንሕዞ እንተ ዘይክኢልና ጽባሕ ምሳኻ እኽይድ። ተረዳዲእናዶ፤ ምብጋስና ሰዓት 11 ስለ ዝኹነ ሕጂ ንእሽቶ ቐም ከነብል ንኽእል ኢና። ኣብቲ ሰዓት ምስ ከድና ኽሳዕ ዝወግሕ ኣይንምለስን ኢና። ለስትራድ ምሳና ተደሪርካ ኽሳዕ ንብገስ ኣብዚ ቑሩብ ቀም ኣብል፡” ድሕሪ ምባል ርእሱ ናባይ ኣዚሩ፡ “ዋትሰን፡ ኣገዳሲት ደብዳቤ ኽልእኽ ደልየ ስለ ዘለኹ ነቲ ተለኣኣኺ ቑልዓ ቐልጢፍካ ጸውዓለይ፡” በለኒ።

ብድሕሪ’ዚ ሆልምስ ምሉእ ምሸት ኣረጊት ጋዜጣታት ክገናጽል’የ ኣምስዩ። ምስ ወድኦ ኣብ ገጹ ድሙቕ ፍሸኽታ ተኹለዐ። ዋላ’ኳ ዝኹነ ነገር ኣይንገረኒ ዘደልዮ ነገር ከም ዝረኸበ ተረድኣኒ። እቲ ጉዳይ ምሉእ ብምሉእ’ኳ እንተ ዘይተረዳእኩዎ፡ ጆ ነተን ዝተረፋ ክልተ ሓወልቲ ኽሰርቀን ከም ዝፍትን ሸርሎክ ገሚቱ ምንባሩ ተረዳእኩ። ሓንቲ ኣብ እንዳ ኣቶ ጆሴፍ ብራውን ሓንቲ ኸኣ ኣብ እንዳ ኣቶ ስታንፎርድ እየን ነይረን። ሆልምስ ንጆ ሰይሩ ኽኣቱ ኸሎ ኽሕዞ ደልዩ ስለ ዝነበረ ሸጉጠይ ክማላእ ምስ ሓበረኒ ብዙሕ ኣይተገረምኩን። ድሮ ኻብቲ ዝነበረ ኾነታት ኣፈናዊ ግምት ወሲደ ነይረ’የ።

ዝጸዋዕናያ ታክሲ ልክዕ ሰዓት ዓሰርተ ሓደ ኣብ ኣፍደገ ደበኽ በለት። ናብቲ ኻልእ ክፋል ናይ ለንደን ድሕሪ ምጉዓዝና ዝተረፈ መንገዲ ብእግርና መላእናየ። ኣብ መወዳእታ ሆልምስ ናብ ሓንቲ ገዛ ኣመልከተልና። ነበርቲ እታ ገዛ ደቂሶም ስለ ዝነበሩ ብዘይካ ሓንቲ ንእሽቶ መብራህቲ ኣፍደገ፡ ካልእ ኮሉ ጸልሚቱ ነበረ። ዓቢ ናይ ዕንጸይቲ ሓጹር ነታ ገዛ ኸቢቡዋ ተዓዘብና። ሆልምስ ናብ ድሕሪ እቲ ሓጹር ብሰላሕታ መርሓና።

“ኣብዚኣ ተጸጊዕና ኽንጽበ ኢና። ዝናብ ስለ ዘየለ ኽይተሸገርና ንንውሕ ዝበለ ሰዓታት ክንጽበ ንኽእል ኢና፡” በለና ሸርሎክ።

እንተ ኹነ ነዊሕ ከይተጸበና ብዘይ ዝኹነ ድምጺ ማዕጾ ናይ ካንሸሎ ተኸፍተ። ሓደ ሓጺርን ደባንን ሰብ በቲ መእተዊ እናጉየየ ኣተወ። ኣሳጉማኡ ልክዕ ከም ህበይ ቅልጡፍ ነበረ። ነታ ንእሽቶ መብራህቲ ካንቸሎ ብፍጥነት ሓሊፉ ተሰወረና። ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ መስኮት ክኽፈት ሰማዕና። ጸኒሑ ኸኣ ጸጥታ ነቲ ኸባቢ ወረሶ። ሃንደበት ኣብ ሓንቲ ኽፍሊ ላምፓዲና በሪሃ ረኣና። ድሕሪ ሒደት ካልኢታት ከኣ ኻብ ካልእ ክፍሊ መብራህቲ ተመልከትና።

“ናብቲ መስኮት ንቐረብ። ኽወጽእ ከሎ ክንሕዞ ንኽእል ኢና፡” ለስትራድ ኣሕሸኹሸኹ።

ዝኹነ ዓይነት ምንቅስቓስ ከይገበርና ኸለና ግን እቲ ሰብኣይ ገለ ጻዕዳ ነገር ኣብ ኢዱ ሒዙ ኻብቲ ገዛ ወጽኡ። የማነ ጸጋም ቀባሕባሕ ኢሉ ሰብ ከም ዘየለ ድሕሪ ምርግጋጽ ነቲ ጻዕዳ ነገር ኣብቲ መሬት ኣቐመጦ። ገለ ኳሕ ዝብል ኣኸቲሉ ናይ ዝስበር ነገር ድምጺ ሰማዕና። ቀስ ኢልና ናብኡ ገጽና ኽንቀርብ ከለና ፈጺሙ ኣይሰምዓናን። ሆልምስ ተወርዊሩ ኣብ ሕቐኡ ደየበ። ኣነን ለስትራድን ከኣ ኣእዳዉ ሓዝናዮ። ኣእዳዉ ኣጽኒዕና ኣሲርና ኻብ ወዲቑዎ ዝነበረ ኣልዒልና ምስ ረኣናዮ እቲ ኣብ ስእሊ ዝነበረ ጆ ዝበሃል ወዲ ኹይኑ ጸንሐ።

ሆልምስ ነቲ ሰብኣይ ገጹ ኽጥምት ከይተገደሰ ኣድህቦኡ ናብቲ ተሰይሩ ዝነበረ ሓወልቲ ናፖልዮን ገበረ። ንነፍሲ-ወከፍ ስባር ብጥንቃቐ እናተመልከተ ኸሎ መብራህቲ እቲ ገዛ በሪሁ ሓደ ጉልቡት ሰብኣይ ወጽኡ።

“ኣቶ ጆሴፍ ብራውን፧” ሓተተ ሆልምስ።

“እወ ኣነ እየ። ንስኻ ኸኣ ኣቶ ሸርሎክ ሆልምስ ኢኻ መስለኒ። እታ ዝሰደድካለይ ደብዳቤ በጺሓትኒ፡ ልክዕ ከምቲ ዝሓበርካኒ ኾኑ መዓጹ ሸጉርና ኽንጽበ ኣምሲና። እንቋዕ ጥራይ ሓዝኩሞ። እሞ ገለ እናሰተኹም ክትዝትዩ ውሽጢ ዘይትኣትው፧” ብፍሕሹው ኣንደበተ ዓደመና።

ለስትራድ ግን ንጆ ቀልጢፉ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኸብጽሖ ደልዩ ስለዝነበረ መኪና ጸዊዕና ናብ ከተማ ተመለስና። ጆ ምሉእ መንገዲ ዋላሓንቲ ቓል ኣየምሎቐን። ሓንሳእ ከም ገለ ኢለ ኢደይ ናብ ጥቓኡ ምስ ኣቕረብኩ ከም ተኹላ ብፍጥነት ግብረ-መልሲ ሃበ። ብጀካ ሓንቲ ነዋሕ ንምርኣያ ተጽልእ ካራ ካልእ ዋላሓንቲ ኣይነበሮን። ኣብታ ኻራ ዝነቐጸ ደም ከም ዝነበረ ኣስተብሃልና።

“በሉ የቐንየልና። ነዚ ወዲ’ኳ መርማሪ ገበን ሂል ኣብኡ ኸሎ ኸለልዮ እዩ። ብዛዕባ እቶም ዝበልኩኹም ጉድለ ልክዕ ምንባረይ’ውን ክትፈልጡ ኢኹም። ግን ከየመስገንኩኻ ክሓልፍ ኣይደልን ኣቶ ሆልምስ። ከመይ ገይርካ ኸም ዝፈለጥካዮ ግን ክርድኣኒ ኣይከኣለን።” ምድናጋሩ ኣብ ገጹ እናተንጸባረቐ ለስትረድ ኣድመጸ።

“ሕጂ’ኳ ለይቲ እንድዩ ኹይኑ ዘሎ። እዛ ጉዳይ ከኣ ገና ኣይተወድኣትን ዘላ። ጽባሕ ሰዓት ሸዱሸተ ኣቢልካ ምጻእ እሞ ኻልእ ዘገርም ነገር ቀሪበልካ ኽጸንሕ እየ፡” መለሰ ሸርሎክ።

********* ******** *********

ንጽባሒቱ ኣጋ ጸሓይ ዕራብ ተራኸበና። ለስትራድ ብዛዕባ እቲ ወዲ ዝረኸቦ ተወሳኺ ሓበሬታ ሒዙልና መጽአ። ስሙ ናይ ብሓቂ ጆ እዩ ነይሩ። ምሉእ ስሙ ዝፈልጥ ግን ኣይነበረን። በቶም ደቂ ዓዲ ጥልያን ፍሉጥ እዩ። ኣብ ሓደ እዋን ርሂጹ ዝናበር ንፉዕ ሰራሕተኛ እዩ ነይሩ። ጸኒሑ ግን ሕማቕ መንገዲ ኽሕዝ ጀሚሩ። ከም ውጽኢቱ ኸኣ ኽልተ ግዜ ተኣሲሩ ወጺኡ። እቲ ቐዳማይ ግዜ ብስርቂ ክኸውን ከሎ ኻልኣይ ግዜ ኸኣ ብኻራ ሰብ ስለ ዝሃረመ ተኣስረ። ቋንቋ ኢንግሊዘኛ ጽቡቕ ገይሩ እዩ ዝመልኽ። እቲ ዘገርም ብዛዕባ እተን ሓወልቲ ዋላሓንቲ ኣይተናዘዘን። ባዕሉ ሰሪሑወን ክኸውን ከም ዝኽእል ግን ፖሊስ ጥርጣረ ነበሮም። ምኽንያቱ ኣብ ፋብሪካ ጌልደርን ብጾቱን ስርሑ ኸምኡ ስለ ዝነበረ።

ሸርሎክ ንመግለጺ ለስተርድ ጽን ኢሉ ኽሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ ሃንደበት ካብ ሰድያኡ ሓፍ በለ። ደወል ማዕጾ'ዩ ሰሚዑ። ኣቓልቦና ናብቲ ኣንፈት ድምጺ ምስ ኣቕናዕና፡ ድምጺ ስጕሚ ካብቲ መሳልል ሰማዕና። ሓደ ዕድመ ዝደፍአ ጨሓም ሰብኣይ ቦርሳ ኢድ ሒዙ ናብታ ዝነበርናያ ኽፍሊ ኣተወ። ነታ ቦርሳ ኣብ ጣውላ ብምቕማጥ፡ "ኣቶ ሸርሎክ ሆልምስ ደልየ ነይረ፡" በለና ናብ ኮልና ብኣዒንቱ እናዞረ።

"ኣቶ ስታንፎርድ ሓቀይ፧" ሓተተ ሆልምስ ፍሸኽ ብምባል።

"እወ ኣነ እየ። ይቕሬታ ኣጸብየካ፡ ዘይሓሰብኩዎ ባቡር ደንጉያትኒ። ብዛዕባ ሓወልቲ ናፖልዮን ጽሑፍካለይ ነይርካ ሓቀይ፧" ብናይ ሕቶ ምልክት ጠመቶ።

"ልክዕ ኣለኻ።"

“ደብዳቤኻ ምሳይ ተማሊአያ ኣለኹ። ነታ ሓወልቲ ብዓሰርተ ፓውንድ ክትዕድጋ ኽምትደሊ ርግጸኛ ዲኻ፧”

“እወ ልክዕ ከምቲ ዝጸሓፍኩዎ እዩ መደበይ።”

“በዛ ደብዳቤ ብዙሕ እየ ተገሪመ። እታ ሓወልቲ ኽም ዝነበረትኒ ብኽመይ ፈሊጥካ፧” ሓተተ።

“ኣቶ ሃርዲንግ ኣብ መዝገብ መሸጣ ስምኩም ኣስፈሩዎ ስለዝነበረ ኻብኡ ወሲደየ።”

“እሃ። እሞ ዋጋኣኽ ነጊርካ’ዶ፧”

“ኣይነገረንን።”

“ርኢኻ ዝወደይ ርኹብ ዋላ እንተ ዘይኩንኩ ቐኑዕ ህይወት እየ ዝመርሕ። ነዛ ሓወልቲ ብዙሕ ዋጋ ኣይከፈልኩላን። ዓሰርተ ፓውንድ ክትከፍለላ ቐድሚ ምውሳንካ ኽትፈልጥ ኣለካ ብምባል እየ።”

“ደሓን ኣነ ዝወሰንኩዎ ዋጋ ስለ ዝኾነ ኣይቀይሮን እየ።”

“ካብ በልካስ በል ሕራይ። ከምቲ ዝበልካኒ እታ ሓወልቲ ተማሊአያ ኣለኹ።” ኣቶ ስታንፎርድ ነታ ሓወልቲ ኻብቲ ተሰኪሞሞ ዝነበሩ ቦርሳ ኣውጺኦም ኣብ ጣውላ ኣቐመጥዋ። ሸርሎክ ዝነቦም ወረቐት መሸጣ ፈሪሞም፡ ዓሰርተ ፓውንድ ተቐቢሎም ተሰናበቱና።

ኣቶ ስታንፎርድ ምስ ከዱ ሆልምስ ተቐላጢፉ ጽሩይ ጻዕዳ ጨርቂ ኣብ ጣውላ ዘርግሐ። ነታ ሓወልቲ ኣብቲ ጨርቂ ኣቑሚጡ ቐሪቡዎ ብዝጸንሐ ማርቴሎ፣ ንርእሲ ሓወልቲ ናፖልዮን ሃረሞ። እታ ሓወልቲ ንእለቱ ናብ ብዙሕ ስብርባራት ተፈናጨለት። ሆልምስ ነቲ ስብርባራት ደኒኑ ሓደ ብሓደ ተመልከቶ። ከይተረድኦ ብምውጫጭ ከኣ ሓንቲ ኻብተን ስብርባራት ኣልዓለ። ኩኽ ትመስል ጸላም ነገር ተጣቢቓታ ነበረት። ንሕና ብዘይካ ብምግራም ምጥማት ካልእ ቃል ብጨቐ ኣይበልናን። ብዛዕባ እቲ ኸኖነታት መብርሂ ኽህበና ግን ዓይኒ ዓይኑ ንጥምቶ ነበርና።

“ክቡራት፣ እታ ውርይቲ ጸላም ዕንቁ ብርጅዋ እንሃትልኩም፣” ሸርሎክ ብኣድናቐት ኣድመጸ።

ኣነን ለስትራድን ብምግራም ሕድሕድ ተጠማመትና። ከም ቁልዑት ድማ ብሓጉስ ኣጣቓዕና። ሆልምስ ብኸኖነታትና ኽስሕቐ ጥራይ’ዩ ኽኢሉ።

“እዚኣ እታ ብህቡብነታ ኣብ ዓለም ምሉእ ጸብለል ዝበለት ዕንቁ እያ። ካብ መደቀሲ ኽፍሊ ናይ ወራሲ ዓራት ኮሎኛ እያ ተሰሪቓ። መዓስ ከም ዝተሰርቀት ለስትራድ ትዝክሮ ትኸውን ኢኻ። ፖሊስ ለንደን ክረኽቡዋ ዘከኣሎም ጽዒሮም ግን ኣይከኣሉን። ኣገልጋሊት ሰይቲ እቲ ልኡል ኢጣልያዊት እያ ነይራ። ኣብ ለንደን ዝነብር ሓው ከኣ ነይሩዋ። ሉሲ ቬኑቺ እያ ትበሃል። ሓዋ ኸኣ ፒት ቬኑቺ፣ ማለት እቲ ዝሓለፈ ምሸት ዝተቐትለ ወዲ። እዛ ዕንቁ ኽልተ መዓልቲ ቐድሚ ጆ ምእሳሩ ኸም ዝተሰርቀት ኣረጋጊጸ። ከም ትፈልጡዎ ንሰብ ብኻራ ሃሪሙ ተኣሲሩ ነይሩ እዩ። ኣብቲ እዋን’ቲ ኣብ ፋብሪካ ሓወልቲ ጌልደርን ብጾቱን ነተን ሽዱሽተ ሓወልቲ ናፖልዮን ይሰርሑን ነይሩ። ብፖሊስ

ክድለ ኸሎ እዛ ዕንቊ፡ እንተ ኻብ ፒት ሰሪቕዋ እንተ ተሓባባሪኡ ነይሩ፡ ምስኡ እያ ነይራ፡" ንከታተሎ ኸም ዘለና ንምርግጋጽ ዘረባኡ ኣቋሪጹ ተመልከተና። ቀጺሉ ድማ፡ "ስለዚ ብፖሊስ ክተሓዝ ምስ ቀረበ ናብቲ ዝሰርሓሉ ፋብሪካ ብምህዳም ነታ ዕንቊ ኽሓብኣ ወሲኑ። ምኽንያቱ ምስኡ ኸላ ኽተሓዝ ስለ ዘይነበሮ። ኣብ ውሑስ ቦታ ኽሓብኣ ብዙሕ ግዜ ስለ ዘይረኸበ ኸኣ ኣብ ጣውላ ኽነቕጻ ተቐሚጠን ኣብ ዝነበራ ሓወልቲ ኽሓብኣ ወሲኑ። ካብአን ሓንቲ ልስልስቲ መሪጹ ንእሸቶ ነኺል ኣንኩሉ ነታ ዕንቊ ኣእተዋ። ነታ ነኺል ከኣ ብባዕጢ ሸፈና። ዋላ ሓደ ሰብ ክረኽቦ ዘይክእል መሕብኢ እዩ ረኺቡላ። ጆ ሓደ ዓመት ተኣሲሩ ምስ ወጽኣ ግን እተን ሓወልቲ ተሸይጠን እየን ጸኒሐንኡ። ካብኣተን ኣየነይቲ ዕንቊ ኸም ዝተሓብኣ ኽፈልጥ ስለ ዘይከኣለ ኸኣ ንኾለን ረኺቡ ሰይሩ ኽፍትሽን ተገዲዱ። ነቲ ኣብቲ ፋብሪካ ዝሰርሕ ወዲ ኣኮኡ ተወኪሱ ኸኣ እተን ሹዱሸተ ሓወልቲ ናብ መን ከም ዝተሸጣ ኸረጋግጽ ክኢሉ። ሰለስተ ናብ እንዳ ሞርስ ሃድሰን ሰለስተ ኸኣ ናብ እንዳ ደቂ ሃርዲንግ እየን ተሸይጠን። ስለዚ ጆ ኣብ እንዳ ሞርስ ሃድሰን ስራሕ ጀሚሩ። በዚ ኸኣ ሓንቲ ገና ኣብ እንዳ ሃድሰን ከም ዘላ እተን ክልተ ኸኣ ናብ ዶ/ር ባርኒኮት ከም ዝተሸጣን ክፈልጥ ክኢሉ። እዛ ዕንቊ ግን ኣብ ሰለስቲኡን ኣይረኸባን። ብድሕሪኡ እተን ናብ እንዳ ሃርዲንግ ዝተሸጣ ሰለስተ ናበይ ከም ዘበላ ፈሊጡ። ሓንቲ ኣብ እንዳ ኣቶ ሃርከር እያ ነይራ። ኣብኡ ኸኣ ምስ ፒት ሼኑቺ ዝተጋጠመ። ፒት ይከታተሎ ስለ ዝነበረ ቐቲሉዎ፡ " ብምባል ንኸዕርፍ እንቅዓ ኣስተንፈሰ።

"ስለምንታይ ግን ፒት ስእሊ ናይ ጆ ምሓዝ ኣድልዩዎ፡ ከመይ ከም ዘመሰል ይፈልጦ ነይሩ እዩ፡" ሕርኽርኽ ክብለኒ ዘጸንሐ ሕቶ ኣቐረብኩ።

“ኣሰር ጆ ዝጠፍኦ ፒት ሰእሉ ንሰባት እናኣርኣየ ርእየሞ እንተ ነይሮም ይሓትት። በዚ ኸኣ ክከታተሎ ኽኢሉ። ድሒሪ እቲ ቐትለት ጆ ክቀላጠፍ ነይሩዎ። ነዛ ዕንቊ ኸኣ ክቐብጻ ኣይከኣለን። ኣብታ እንዳ ሃርከር ዝነበረት ሓወልቲ ሰኢኑዋ ሰለ ዝነበረ ኽልተ ኣማራጺታት ጥራይ ተሪፈንኦ ማለት እዩ። ኣቶ ጆሴፍ ብራውንን ኣቶ ስታንፎርድን። ኣቶ ብራውን ኣብ ለንደን እዩ ዝነብር። ኣቶ ስታንፎርድ ግን ምቕማጦም ካብ ለንደን ወጻኢ እዩ። ሰለዚ መጀመርታ ናብቲ ዝቐረበሉ ገዛ እንዳ ኣቶ ብራውን ከም ዝኸይድ ገሚተ። ሰም መዋቲ ፒት ሼኑቺ ከም ዝኹነ ምስ ፈለጥኩ፡ ሰም ኣቦ ናይታ ኣገልጋሊት እንዳ ወዲ ንጉስ ሼኑቺ ምንባሩ ዘከርኩ። ዕላማ ናይዚ ኾሉ ገዛውቲ ሰይርካ ምእታውን ምዕናው ሓወልትታትን ነዛ ዕንቊ ንምንዳይ ምኻኑ ተረዲአ። እዛ ዕንቊ ኣብ ሓወልቲ ናይ ኣቶ ብራውን ምስ ተሳእነት ኣብታ ምስ ኣቶ ስታንፎርድ ዘላ ኸም ትህሉ ገሚተ። ሰለዚ ኸኣ ነታ ሓወልቲ ዓዲገያ። ወያ ዕንቊ ኸኣ እንሃትልኩም፡” ፍሸኽ እናበለ ነታ ዕንቊ ኣብ ቅድሜና ኣወዛወዛ።

ንገለ ደቓይቕ ኣብ መንጎና ሰቕታ ሰፈነ። “ዝገርም እዩ ኣቶ ሆልምስ፡” ኢሉ ዘረባ ብምጅማር ለስትራድ ነቲ ሰቕታ ሰበሮ። “ቅድሚ ሕጂ ብዙሕ ጉዳያት ክትፈትሕ ርእየካ ዋላ’ኳ እንተ ኹንኩ ኣብዛ ናይ ሕጂ ግን ብኾሉ መዳይ ፍልይ ዝበለ ኽእለትካ ኣንጸባሪቕካዮ። ኣነን መሳርሕተይን ከኣ ብኣኻ ኣዚና ሕቡናት ኢና። ወትሩ ኽረኽቡኻ ምስ ተሃንጠዩ እዮም፡ ” በሎ። ኣብ ገጹ ለስተርድ ኣድናቕትን ሓጐስን ፈሲሱ ተዓዘብኩ። ብሓቂ ኣነ’ውን ተደኒቕ’የ።

“የቐንየለይ ለስትራድ። ዋትሰን፡ ካልእ ትፍታሕ ጉዳይ ሰለ ዘላትና ወረቓቕቲ ኣዳሉዎ ኢኻ። ብሩኽ መዓልቲ ይግበረልካ ለስትራድ። ኣብ ዝኹነ እዋን ክተሓጋገዘካ ቕሩብ እየ። ካልእ ከምዚ ዝመስል መሳጢ ኣጋጣሚታት ሒዝካ ምጽኣና ኢኻ፡” ብምባል ኣፋነዎ። ንሕና ድማ ናብ

ኣጋጣሚታት ሒዝካ ምጽኣና ኢኻ።" ብምባል ኣፋነዎ። ንሕና ድማ ናብ ካልኣ ግድል ናብ ካልኣ ጥበብ ኣፈታትሓ ጉዕዞ ጀመረና።

ጥርዚ ብልሒ

እቲ ዓመት 1895 እዩ። ምልእቲ ለንደን ብቕትለት ናይ ሮናልድ ኣድየር ተናዊጻ ነበረት። ገለ ኽፋል ናይቲ ቕትለት ኣብ ጋዜጣ ተዘርጊሑ'ኳ እንተ ነበረ፡ ምሉእ ዛንታ ናይቲ ፍጻሜ ግን ኣይተነግረን። ሕጂ ድሕሪ ዓሰርተ ዓመታት እነኹ እትርኾ።

እቲ ገበን ኣዝዩ ኣተኵሮ ዝስሕብ እዩ። እንተ ኹነ ግን ምስቶም ኣብቲ ሸዑ እዋን ዘጋጠሙ ኻልኦት ፍጻሜታት ዘይዋዳደር እዩ።

ኣርባዕተ ዓመታት ቅድሚ'ቲ ፍጻሜ፡ ማለት 24 ሚያዝያ 1891፡ ሸርሎክ ሆልምስ ናብ ቤት ጽሕፈተይ መጽኣኒ። ሸዑ ኸኣ'የ ሆልምስ ቡቲ ኣብ ዓለም ዝሓየለን ዝበልሐን ገበነኛ ይህደን ምንባሩ ዝፈለጥኩ። ሆልምስ ነቲ ኣመና በሊሕ ገበነኛ ፕሮፌሰር ጄምስ ሞሪያርቲ ንዓመታት እዩ ጸሚድሉ። ነቲ ፕሮፌሰርን ተሓባበርቱን ክሕዞም ሓደ ሰሙን ዝኣክል ተወሳኺ ግዜ ጥራይ'ዩ መድለዮ ነይሩ። ሞሪያርቲ ንሆልምስ ወይ ምክትታሉ ከቋርጽ ወይ ከኣ ለኪሙዎ ኽጠፍእ ምኻኑ ኣጠንቂቑዎ ነበረ። ሆልምስ ግን ብናይ ኣሸካዕላል ሰሓቕ ጥራይ እዩ መሊሱሉ።

ንጽባሒቱ ሆልምስ ንስክላ ኾብ ሞት ወጺኡ። ዝተጸፋጸፈ ሕጡብ ካብ ላዕሊ ወዲቑዎ፡ ፈጣሪ ኣለኻ ስለ ዝበሎ ግን ብሓንቲ ስንሙቲ ትኸውን ስሒቱዎ። ሸዑ ምሸት ሰለስተ ሰብኡት ክቕትልዎ ፈቲኖም። ካብኦም ከኣ ኣእዳዉ ብሕማቕ ተሰይሩ ኣምሊጡ። እንተ ኹነ ኣብ ለንደን ምጽናሕ ማለት ርግጽ ሞት ማለት ምኻኑ ኣይሰሓቶን። ካብ ሞት ንምምላጥ ክንርሕቕ ወሰንና።

ካብ ለንደን ብቕልጡፍ ወጺእና ናብ ስዊዘርላንድ ተበገስና። ቅድሚ ኣብኡ ምብጻሓና ግን ሆልምስ ካብ መደበር ፖሊስ ለንደን ሓደ ሕማቕ ዜና ተቐበለ። ብዙሓት ተሓባበርቱ ኽትሓዙ ኸለው ሞሪያርቲ ግን ከም ዝሃደመ ተነግሮ። ንሆልምስ እዚ እንታይ ማለት ምኻኑ ፍሉጥ'ዩ። ሞሪያርቲ ብምሉእ ሓይሉ ኽሃድኖ ምኻኑ ርግጸኛ ኹነ።

ሓደ መዓልቲ ናብቲ ሮይከንባክ ዝበሃል ዓቢ መንጫዕጫዕታ ኽንናፈስ ከድና። ኣብቲ ጫፍ ናይቲ መንጫዕጫዕታ ኼንና ነቲ ሃው ዝበለ ጸድፊ እናኣማዕደና ኸለና፡ ሓደ ቐልዓ ኻብቲ ኣዕሪፍናሉ ዝነበርና ሆቴል መልእኽቲ ሒዙለይ መጸአ። ሓንቲ ሰበይቲ ሓሚማ ኽመጽኣ ብህጹጽ ትደልየኒ ከም ዘላ ነገረኒ። ሆልምስ ክጽበየኒ ስለ ዝኹነ ምስቲ ቐልዓ ክኸይድ ኣተባብዓኒ። ናብቲ ሆቴል ምስ ተመልስኩ ግን ዝሓመመት ሰበይቲ ይኹን ሓገዘይ ደልዩ ዝለኣኸለይ ሰብ ከም ዘይነበረ ፈለጥኩ። ብቐጽበት ሸርሒ ናይ ሞሪያርቲ ምኻኑ ተረድኣኒ።

ናብቲ ጸድፊ ብጉያ ተመለስኩ። ብጆካ ኣብቲ ጫፍ ጸድፊ ዝተድርበያ ናይ ሆልምስ በትርን ባኮ ሽጋራን ካልእ ዋላሓንቲ ኣይረኸብኩን። እታ ባኮ ሽጋራ ኣልዒለ ምስ ረኣኹዋ ኣብኣ ሆልምስ ኣብ ጭራም ወረቐት ጽሒፉ ዝሓደገለይ ናይ መወዳእታ ደብዳቤኡ ጸንሓኒ። በይኑ ሓዲገዮ ምኻደይ ክሳዕ ከመይ ዓሻ ውሳነ ምንባሩ ተረድኣኒ። ሆልምስ እቲ ዝተላእከ ቐልዓ ምስ መጸአ ኸኮ ኸኮነታት ተረዲኡዎ ነይሩ። ካብ ሓደጋ ኸርሕቐኒ ኢሉ ናብ ሆቴል ክምለስ ከም ዝገበረኒ በርሃው ኢሉ ተረድኣኒ። ኣብታ ደብዳቤ መወዳእታ ህይወቱ ኸም ዘበጽሐ እዩ ጽሒፉለይ። ይቕሬታ ኣይበለንን። ሞሪያርቲ ኣብ ዝኹነ ሰዓት ክመጽእ ምኻኑን እቲ እንኮ ኣማራጺ ሒዙዎ ክጸድፍ ምኻኑን ጸሓፈለይ።

እቲ ደንደስ ጸድፊ ንኾሉ እቲ ዘጋጠመ ሰኒዱዎ'ዩ። ናይ ሆልምስ ኣሰር ጫማ ብንጹር ይረኣያ ነበራ። ናይ ሞሪያርቲ ኣሰር ከኣ ኣብ ልዕሊአን ተሓቲመን ነበራ። እቲ ዕሙቕ ዝበለ ስምብራት ነቲ ኣብ መንጎኡም ዝነበረ ናይ መወዳእታ ቕልስ ብንጹር የመልክት። ካብቲ ደንደስ ንድሕሪት ዝተመልሰ ኣሰር ኣይነበረን። ክልቲኡም ተጠማጢሞም ናብቲ ኣብ ታሕቲ ብሓይሊ መንጫዕጫዕታ ማይ ዝበልሐ ኣእማን ተነቕጥቶም። ኣዒንተይ ንብዓት ጸረር ኣበላ። ኮሉ ምስ ሆልምስ ዘሕለፍናዮ እዋን ኣብ ኣእምሮይ ቅጅል ኢሉ ተራእየኒ። ንሞት ኣምሪረ ረገምኩዋ። ናብ ለንደን ብሕዙን ልቢ እየ ተመሊሰ። ዓለም እቲ ዝነፍዐ መርማሪ ገበን ክትሰእን እንከላ ኣነ ድማ ቐንዲ ዓርከይ ሰኣንኩ።

********* ********* *********

ዋላ'ኳ ሆልምስ እንተ ዘየለ ኣብ ገበናት ዘሎኒ ተገዳስነት ኣይገደፍኩዎን። ኣብ ጋዜጣ ዝሕተሙ ዓንቀጻት ገበን ኣየሕልፎምን እየ ነይረ። ገለ ካብ ሚላታት ኣፈታትሓ ሆልምስ ተጠቒመ ኽርድኡምን ክፈትሖምን እፍትን ነይረ። እንተ ኹነ ግን ኣብ ዓለም ሓደ ሸርሎክ ሆልምስ ጥራይ እዩ ዘሎ። ፈጺሙ ክኹነለይ ኣይከኣለን።

ኣብቲ ስግንጢር ዝኹነ ቕትለት ናይ ሮናልድ ኣድየር ተገዳስነት ኣሕደርኩ። ሮናልድ ኣድየር ካልኣይ ውሉድ ሓንቲ ብዓልቲ ጸጋ ስድራቤት እዩ። ኣደኡ ንዕኡን ንሓፍቱ ሂልዳ ሒዛ ናብ ለንደን መጺኣ። ናይ ዓይኒ ጸገም ስለ ዝነበራ፡ ናብ ሓደ ኣብ ለንደን ፍሉጥ ዝኾነ ሓኪም ዓይኒ ትመላለስ ነይራ። እታ ስድራቤት ብእኡ ኣቢላ ኣብ ጉደና ፓርክ ቍጽሪ 427 ብሰላም ምንባር ቀጸለት። ሮናልድ ጸላእቲ ይኹን ሕማቕ ኣመላት ኣይነበሮንን። ክምርያ ተሓጽዩ እኳ እንተ ነበረ፡ ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ ናይ ሞቱ ኣብ መርዓ ኸይበጽሐ ተፈላለየ። ምስታ ሕጽይቱ ነበር ድሕሪ

ሕጽይቱ ነበር ድሕሪ እቲ ሕጸ ምፍራሱ'ውን ጽቡቕ ምሕዝነታዊ ርክብ ነይርዎ። እዚ ኹይኑ ኸሎ ግን ሮናልድ ኣድየር፡ ካብ ትጽቢት ወጻኢ፡ ብ30 መጋቢት 1895 ኣብ መንጎ ሰዓት ዓሰርተን ዓሰርተ ሓደን ዕስራን ድሕሪ ቕትሪ ኣብ ዝነበረ ግዜ ሃንደበት ተቐቲሉ። መንን ስለምንታይን ዝብላ ሕቶታት መልሲ ዝደልያ ኹና።

መንእሰይ ኣድየር ጠላዕ ምጽዋት እምብዛ እዩ ዝፈቱ ነይሩ። ኣባል ናይተን ኣብ ለንደን ህቡባት ዝኹና ሰለስተ ኽለባት ጠላዕ'ውን እዩ። ዘይዓቕሙ ዘየትሕዝ ጥንቁቕ ተጻዋታይ እዩ ነይሩ። ኣብታ ዝተቐትለላ ምሸት'ውን እንተ ኹነ ቕድምን ድሕርን ድራር ምስ ሰለስተ ሰብኡት ተጻዊቱ'ዩ። ኣቶ ሙረይ፡ ኣቶ ጆን ሃርዲንን ኮሎኔል ሞራንን ይበሃሉ። እቲ ጸወታ ዳርጋ ብማዕረ ኸም ዝተዛዘመ እዮም ዝገልጹ። ኣድየር ሓደ ሓሙሽተ ፓውንድ ዝኸውን ተሳሚሩ። ሃብታም ስለ ዝነበረ ግን ከምኡ ዓይነት ንእሽቶ ስዕረት ብዙሕ ዘገድሶ ኣይነበረን። ብዙሕ ግዜ ይጸወት'ኳ እንተ ነበረ ኣዝዩ ጥንቁቕ ተጻዋታይ ስለ ዝነበረ ግን ዝበዝሕ ግዜ ይዕወት እዩ ነይሩ። ሰሙን ቀድሚ ቕትለቱ ኣቢሉ ይኸውን ንሱን ኮሎኔል ሞራንን ኣብ ሓንቲ ጣውላ ኣርባዕተ ሚእትን ዕስራን ፓውንድ ተዓዊቶም ነይሮም።

ኣብታ ዝተቐትለላ ምሸት ሰዓት ዓሰርተ ናይ ድሕሪ ቕትሪ እዩ ገዛኡ ኣትዩ። ኣደኡን ሓፍቱን ቤተሰብ ክበጽሓ ወጺኦን ነበራ። እታ ኣብቲ ገዛ ዝነበረት ሰራሕተኛ ኸም ዝሓበረቶ ትኽ ኢሉ ናብታ ኣብ ካልኣይ ደርቢ ዘላ ኽፍሉ እዩ ኣትዩ። ዛሕሊ ስለ ዝነበረ ሓዊ ኣጉዳ፡ ብዙሕ ትኪ ስለ ዝገበረ መስኮት ከፊታትሉ ነይራ። ክሳብ ሰዓት 11፡20 ካብታ ኽፍሊ ዘኹነ ኻልእ ድምጺ ኣይተሰምዐንን። ወ/ሮ ኣድየርን ሂልዳን ሸዑ እየን መጺኦን። ደሃይ ሮናልድ ክገብራ ናብ ክፍሉ እንተ ኣሕኮሓ መልሲ ዝህብ ኣይነበረን። እቲ ማዕጾ ብውሽጢ ተዓጽዩ ነበረ።

ወ/ሮ ኣድየር ሰባት ጸዊዐን ነቲ ማዕጾ ኣስበራኦ። ሸዑ እዩ እምበኣር ሮናልድ ኣድየር፡ ጥይት ኣብ ግምባሩ በሲዓ፡ ኣብ ጥቓ ጣውላ ተጋዲሙ ተሰጢሑ ዝተረኽበ። ኣብቲ ኽፍሊ ሸጉጥ ዝበሃል ኣይነበረን። ኣብቲ ጣውላ ገለ ጥማር ገንዘብን ሓንቲ ናይ ፈለጥቲ ኣስማትን ቍጽርታትን ዝተጻሕፋ ጭራም ወረቐትን ነበረ። መንእሰይ ኣድየር ልክዕ ቅድሚ ሞቱ ናይ ጠላዕ ዓወታቱ ዝጽብጽብ ዝነበረ እዩ ዝመስል።

ነቲ ማዕጾ ስለምንታይ ዓጽዩዎ ዘኸነ መረዳእታ ኣይነበረን። ምናልባት'ውን እቲ ቐታሊ ነቲ ማዕጾ ዓጽዩ በቲ መስኮት ሃዲሙ ይኸውን። እንተ ኾነ ግን እቲ መስኮት ዕስራ ጫማ ኾብ ባይታ ንላዕሊ እዩ። ኣብ ትሕቲኡ ኸኣ ብዙሕ ኣትክልትን ፍዮሪታትን ነይሩዎ። ኣብቲ ባይታ ይኸን ኣብቲ ኣትክልቲ ዘኾነ ምልክት ናይ ዝሃደመ ሰብ ኣይነበረን። ስለዚ ኣድየር ባዕሉ ዓጽዩዎ ክኸውን ነይሩዎ። ግን ብኸመይ ተቐቲሉ፧ ምልክት ከይሓደገ ናብቲ መስኮት ክድይብ ዘኽእል ሰብ የለን።

በቲ መስኮት ተተኩሰሉ ሞይቱ ከይብሃል ከኣ ጐደና ፓርክ ኣመና ጽዑቕ ጐደና እዩ። ልክዕ ኣብ ኣፍደገ ገዛኡ ኸኣ መጸበዩ ታክሲ ኣሎ። እንተ ኾነ ግን ድምጺ ተኾሲ ዘሰምዐ ዘኾነ ሰብ ኣይነበረን። እዚ ኾሲ ሓቀታት ከሎ ግን ሰብ ተቐቲሉ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ ኣድየር ጸላእቲ ኣይነበሩዎን፣ እቲ ገንዘብ'ውን ከይተጉንበየ እዩ ተረኺቡ። ምሉእ መዓልቲ በቲ ጐኻይ ክሓስብ ወዓልኩ። ከመይ ገይሩ ኸጋጥም ክኢሉ ምሒር እዩ ኣስደሚሙኒ። ሸርሎክ ክህሉ ተመነኹ።

ንምሸቱ ናብ ጐደና ፓርክ ገጸይ ኣምራሕኩ። ገለ ሰባት ተኣኪቦም ናብታ ገዛ እናጠመቱ ኽዛረቡ ጸንሑኒ። ሓደ ኾብኡም ናብታ ገዛ እናመልከተ ብዛዕባ ኣገባብ እቲ ቐትለት ሓሳባቱ ይገልጽ ነበረ። ቀሩብ ሰሚዐዮ ግን ሓሳባቱ ቁምነገር ዘይብሉ ኾይኑ ረኸብኩዎ።

ሰሚዐዮ ግን ሓሳባቱ ቁምነገር ዘይብሉ ኼይኑ ረኸብኩዎ።

ካብኡ ተጠውየ ክኸይድ ከለኹ ምስ ሓደ ብድሕሪይ ዝነበረ ሓጺር ኣረጊት ሰብኣይ ተጓነጸኩ። ካብቲ ሒዙዎ ዝነበረ መጽሓፍቲ ገለ ሰለ ዘውደቐኩሉ ኣልዒለ ሃብኩዎ። ይቕሬታ ኽብሎ እናበልኩ ኣጉረምሪሙለይ ተመርቂፉ ኸደ። ኣብ ጉደና ፓርክ ዝገበርኩዎ ምብጻሕ ብዙሕ ኣይሓገዘንን። ኣብ ጥቓ መንገዲ ኣጋር ሓደ ሓሙሽተ ጫማ ዝቕመቱ ሕጽር ዝበለ መንደቕ መካበብያ ነይሩ። ዝኹነ ሰብ ነቲ ቐጽሪ ዘሊሉ ናብቲ ኣብ ውሽጡ ዝርከብ ጀርዲን ክሓልፍ ይኽእል እዩ። ካብኡ ናብቲ መሰኮት ምሕኳር ግን ዘይከኣል እዩ። መወዳእታኡስ ተሰፋ ቐሪጸ ናብ ቤት ጽሕፍተይ ኣምራሕኩ። ድሕሪ ሓሙሽተ ደቒቕ ኣቢሉ ይኸውን ጸሓፊተይ ሓደ ሰብኣይ ክረኽበኒ ኸም ዝደለየ ሓበረትኒ። እቲ ዝበለትኒ ሰብኣይ እቲ ኣቐዲሙ ኣጉረምሪምለይ ዝኸደ ሰብኣይ ምኻኑ ምስ ረኣኹ ብዙሕ ተገረምኩ። ከምቲ ናይ ቅድሚኡ መጽሓፍቲ ሒዙ ነበረ።

“ንዓይ ብምርኣይካ ዝተገረምካ ትመስል፡” በለኒ ቡቲ ጊንጢ ድምጹ።

“እወ ተገሪመ፡” ከይሓባእኩ መለስኩ።

“ብዝኹነ ናብዚ ገዛ ኽትኣቱ ሰለ ዝረኣኹካ እየ መጺአ። ኣቐድም ኣቢለ ዝደፈርኩኻ ኼይኑ ሰለ ዝተሰማዓኒ ይቕሬታ ኽብለካ ሰለ ዝደለኹ እየ። ከምኡ ገይረ ኽምልሰልካ ኣይሓሰብኩዎን፡” ተመሻሽኒ።

“ጸገም የለን።”

“ኣይተፋለጥናን እምበር ጎረቤትካ እኮ እየ። ኣብታ ኮርናዕ ንእሽተይ እንዳ መጽሓፍቲ ኣላትኒ። መጻሕፍቲ ኽትዕድግ ትደሊ ዲኻ፧ ብሕሱር

እንዳ መጽሓፍቲ ኣላትኒ። መጻሕፍቲ ኽትዕድግ ትደሊ ዲኻ፧ ብሕሱር እየ ዝሸጦ። እዘን ሒዘየን ዘለኹ ሓሙሽተ መጽሓፍቲ ነዛ ጥራያ ዘላ ኩብሒ መጽሓፍትኻ ክኾነኻ ኢለ እየ ተማሊአልኳ።" በለኒ።

ንድሕሪት ክጥምት ኢለ ኽሳደይ ጠወኹ። ኣዒንተይ ካብታ ኹብሒ ምስ መለስኩ ሸርሎክ ሆልምስ ኣብ መንጽረይ ኮፍ ኢሉ ብፍሸኽታ ኽጥምተኒ ጸንሓኒ። ካብ ዝነበርኩዎ ነጢረ ተንሳእኩ። ኣዒንተይ ካብ ምፍጣጥ ዝኣክል ነጢረን ክወጽኣ ቕሩብ ተረፈን። ኣነ ድየ ብሞት ኣርኪበዮ ወይ ሸርሎክ ተመሊሱ ኽርድኣኒ ኣይከኣለን። ሸው ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ህይወተይ ሃለዋተይ ኣጥፋእኩ። ምስ ተበራበርኩ መላጉም ካምቻይ ተኸፊቱ ሆልምስ ከኣ ናባይ ገጹ ደኒኑ እናጠመተ ረኸብኩዎ። ኣዒንተይ ዝዕዘባኡ ዝነበራ ኽኣምነን ኣይደፈርኩን። ዓሰርተ ግዜ ጀሕ-ሰም ኣበልኩወን።

"ዋትሰን ዓርከይ ይቕሬታ ግበረለይ....."

ዘረባኡ ከየወዳእኹ ኣእዳው ዓትዒተ፡ "ሆልምስ! ናይ ብሓቂ ንስኻ ዲኻ፧ ናይ ብሓቂ ብህይወት ኣለኻ፧ ከመይ ገይሩ ክኸውን ክኢሉ፧" ኣድራጋ ሕቶታት ደርበኹ።

"ደሓን ዲኻኸ፧ ከመይ ይስመዓካ ኣሎ፧ ከምኡ ገይረ ኸሰንብደካ ኣይነበረንን፧" ንሕቶይ ከይመለሰ ተዛረበ።

"ደሓን እየ ኣይትሸገር ሆልምስ። ግን ከኣ ..... እዋእ..... ኣዒንተይ እኮ ምእማን ስኢነየን! ናይ ሓቂ ኣብ ቅድመይ መጺእካ፧" ደጊመ ኣእዳዉ ዓትዓትኩዎ። እተን ቀጠንቲ ግን ከኣ ተረርቲ ኣእዳው ጨቢጠ ጋህዲ ምኻኑ መሊሰ ኣረጋገጽኩ።

“ብዘኾነ ምትሃት እኳ ኣይኮንካን። ክንራኹብ ምኽኣልና ኽሳብ ከመይ ሕጉስ እየ ኽገልጸልካ ኣይክእልን እየ። ካብ ኢድ ሞሪያርቲ ኾመይ ገይርካ ኸም ዝወጻእካ ኾፍ ኢልካ ሓደ ብሓደ ኣዕልለኒ፡” ካብ ምግራም ከይወጻእኩ ተማሕጸንኩዎ።

ነተን መጽሓፍትን ጻዕዳ ባሩካ ኣብ ጣውላ ኣቑሚጡ ኮፍ ብምባል ሽጋራኡ ወልዐ። ገና ናይቲ ኽዋስኡ ዝጸንሐ ኣረጊት ብዓል መጽሓፍቲ ዶራን ካቦት ተኸዲኑ ነበረ። ኮሉ ነገሩ ኣርሚሙኒ ተሃኒነ እጥምቶ ነበርኩ። ካብ ዝነበሮ ንላዕሊ ቐጢኑን ትርኢቱ ተዳኺሙን ነበረ። እቲ ናይ ቀደሙ ትኹረት ግን ወሲኹ እምበር ኣይጐደለን።

“ድሕሪ ነዊሕ ከም ድላየይ ክማጣላዕ ምኽኣለይ ክሳብ ከመይ ደስ ኢሉኒ ኣሎ ኽነግረካ ኣይክእልን እየ ዋትሰን ዓርከይ፡” በለኒ። “ካብ ቀመተይ ንታሕቲ ኽመስል ስለ ዝነበረኒ እዚ ኾሉ እዋን ተጨባቢጠ እየ ኣሕሊፈዮ። ብዛዕባ ዘጋጠመኒ እንተ ኼንካ ደሓር ከዕልለካ እየ። ሎሚ ምሸት ግን ብዙሕ ስራሕ ኣሎና፡” ኮነታቱ ኸይሓበረ ንኻልእ ስራሕ ክንብገስ ሓበረኒ።

“በጃኻ ሕጂ ንገረኒ ሆልምስ ዓርከይ፡ ዓቕሊ ኽንብር ኣይክእልን እየ፡” ተርባጸይ ኣብ ድምጸይ ይንጸባረቕ ነይሩ።

“እሞ ሎሚ ምሳይ ትኸይድ ዲኻ፧” ግዲ ኸይገበረ ኾሉፍ ኣበለኒ።

“ናብ ዝደለኻዮ፡ ኣብ ዝደለኻዮ ሰዓት ከኣ እምበር፡” ድልውነተይ ኣረጋገጽኩ።

“ኣዝዩ ጽቡቕ፡ ሕጂ ናብ ናይ ቀደምና ተመልሲና። ቅድሚ ምኻድና ኽንድረር ንኽእል ኢና። ብዛዕባ ሞርያርትን እቲ ጸድፍን እንተ ኼንካ ግን ኣነ ኣይጸደፍኩን፡” መሊሱ ዘደናግር ሓሳብ ኣምጽኣለይ።

“ኣይጸደፍካን፡” ተገረምኩ።

“እወ ዋትሰን፡ እታ ዝገደፍኩልካ ደብዳበ ማለተይ ኩይኑኒ እየ ጽሒፈያ። ምኽንያቱ ኾሉ ተወዲኡ ኢለ እየ ሓሲበ ነይረ። ሞርያርት ናብቲ ጸድፊ ገጹ ይመጽእ ነይሩ። ኣነ ድማ ኣብ ጫፍ ናይቲ ጸድፊ ደው ኢለ ነይረ። ሸንጥ ከይሓዘ እየ መጺኡኒ። ሃንደበት ብፍጥነት ብምምጻእ በተን ሓያላት ኣእዳዉ ተጠምጠመኒ። ከም ነጻ ሰብ ኼይኑ ኽነብረሉ ዝኽእል እዋን ከም ዘተወድአ ሰለ ዝፈለጠ ንዓይ’ውን ክልክመኒ ደለየ። ከምዚ ብድሕረይ ሰዓሪ ኣይትብቀል ዓይነት’ዩ። ኣብቲ ጫፍ ጸድፊ ደርገፍገፍ በልና። ናይ ካራተ ክእለት ከም ዘለኒ መቸም ትፈልጥ ኢኻ። ካብ ኣእዳው ሞሊቐ ናብቲ ጸድፊ ሰንደኹዎ። ክወድቐ ከሎ ዘርጋሕጋሕ እናበለ ዝሕዞ ደለየ። እንተ ኼነ ነብሱ ኾድሕን ኣይከኣለን። ብሓያል ድምጺ ድማ እናወጨጨ ጸደፈ። ንንውሕ ዝበለ ርሕቀት ምስ ኣንከራረወ ድማ ምስ ዓቢ እምኒ ተጋጭዩ ናብቲ ማይ ክኣቱ ረኣኹዎ፡” ኣሕጽር ኣቢሉ ገለጸለይ።

“ግን ኣሰር ናይ ርጋጽኩም እኮ፡ ክልተ ሰባት ናብቲ ጸድፊ ገጾም ከም ዝኾዱ ዝተመልሰ ግን ከም ዘየለ ዘመልክት እዩ ነይሩ፡” ቅልጥፍ ኢለ ዘደናግረኒ ሕቶ ኣቕረብኩሉ።

“እቲ ኣጋጣሚ ኾምዚ ዝስዕብ’ዩ፣ ፕሮፈሰር ሞርያርት ምስ ጸደፈ ሓደ ሓሳብ መጺኡኒ። ክቕትለኒ ዝደለ ሞርያርት ጥራይ ኣይኩነን። ካብቶም ሰዓብቱ ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ዝኣተው ኾኣ ውሑዳት እዮም።

እንተ ወሓደ ሰለስተ ዝገበሩ ገይሮም ከጥፍኡኒ ዘደልዩ ሰዓብቱ ይህልዉ'ዮም። ኮሎም ከኣ ሓደገኛታት እዮም። ሓደ ኻብኦም ክዕወተለይ ይኽእል እዩ። እንተኹነ ኣነ ኸም ዝመትኩ እንተ ተፈሊጡ እዞም ሰባት ብድፍረት ክንቀሳቐሱ እዮም። ኣነ ኸኣ ሓደ ብሓደ ይለቐሞም እሞ፡ ምስ ወዳእኩ ናብ ቦታይ ይምለስ ኢለ ሓሲበ።" ንኽሓስብ ዘረባኡ ደው ኣቢሉ ጠመተኒ። ቀጺሉ፡ "ካብቲ ዝነበርኩዎ ተሲእ፡ ነቲ ብድሕረይ ዘነበረ ዓቢ መንደቕ ኣስተውዓልኩሉ። እቲ ንኹሉ ሰብ ለማጽ ዝመስል መንደቕ ንኣሽቱ መርገጺ እግሪ ኸም ዘሎዎ ኽርኢ ኸኣልኩ። ሸዑ ሓደገኛ ውሳኔ ወሰንኩ..... ክሓኩር! ሓንቲ ጌጋ እንተ ፈጺመ ምሟተይ ማለት'ዩ። እቲ ማይ ኣብ ትሕቲይ ይጭርሕ፡ ጸጸኒሐ'ውን ድምጺ ናይ እናወደቐ ዘጭድር ዘሎ ሞርያርቲ ዝሰምዕ ዘለኹ ኹይኑ ይስመዓኒ ነበረ። ኣብቲ ኸቢድ ሕኹራ ሓንሳብ ዝሓዝኩዎ ዕታር ሳዕሪ እናተበጠሰ፡ ሓንሳብ ዝረገጽኩዎ ጥልቂይ ኣእማን ሸተት እናኣበለኒ ኸይተሓለልኩ ንሳዕለ ቐጸልኩ። መወዳእትኡ ኣብ ሓንቲ ቐጣን ደንደስ ኣዕረፍኩ። ኣብኣ ኸይርእ ብምባል በጥ ኢለ፡ ንስኻን እቶም ፖሊስን ክትመጽኡ ኸለኹም እርእየኩም ነይረ፡" ኣብ ግምተይ ዘይጸንሐ ሓበሬታ ሃበኒ።

"ኣነን ሞርያርትን ከም ዝጸደፍና ደምዲምኩም ናብቲ ሆቴል ክትምለስ ከለኻ ረኣኹኻ። እቲ ኸኑታት ዝተወድአ መሲሉኒ ሩፍ በልኩ። ሃንደበት ካብቲ ልዕለይ ዝነበረ ጸድፊ ዓቢ ኸውሒ ናባይ ተወርወረ። ልክዕ ኣብ ጫፍ እታ ዝነበርኩዋ ደንደስ ሃሪሙ ንታሕቲ ተነቐጥተ። እቲ ኣጋጣሚ ናይ መንደረጋሕ ሓደጋ መሲሉኒ ንሳዕለ እንተ ጠመትኩ፡ ናይ ሓደ ሰብኣይ ርእሲ ተቐልቂላ ረኣኹ። ነዊሕ ከይጸንሐ ካልኣይ ከውሒ ናባይ ገጹ ተወርወረ፡ ሸዑ ሞርያርቲ ኸጥፈኣኒ በይኑ ኸም ዘይመጽአ ተረዳእኩ። ብሓንቲ ቐላሕታ ኣመና ሓደገኛ ምኻኑ ዝስወጠካ መሳርሕቱ ተማሊኡ ነይሩ እዩ። እዚ ሰብኣይ ከኣ ንሞርያርት ኣጽዲፉ በቲ መንደቕ ኽሓኵር ርእዩኒ ነበረ።

በቲ መንደቕ ኽሓኵር ርእዩኒ ነበረ። ንምሕሳብ ዘኸውን ግዜ ኣይነበረንን፣ እቲ ኣቐዲመ ዝረኣኹዎ ገጽ መሊሱ ክቕልቀልን መንደረጋሕ ኣእማን ናባይ ገጹ ኽዘንብን ሓደ ኼነ። ብፍጥነት ንታሕቲ ወረድኩ፡ ከመይ ገይረ ኽወርድ ክኢለ ዋላ ሕጂ እዩ ዘገርመኒ። እቲ ጸድፊ ኻብ ክትሓኾሮ ኽትወርዶ ዓሰርተ ዕጽፊ ይኸብድ። ኣብ መንጎ ምስ በጻሕኩ ሸተት ኢለ ወደቐኩ። ግን ዕድል ገይረ ተጨናዲሐ እናደመኹ ኣብታ ዝነበርናያ ዓለብኩ። ሸዓ ምሸት ብጸልማቱ ዓሰርተ ማይልስ ብእግረይ ተጓዒዘ። ድሕሪ ሓደ ሰሙን ከኣ ብሰላም ናብ ዓዲ ጥልያን ኣተኹ።” በለኒ። ኣዘየ ተገረምኩ። እዚ ኾሉ እዋን ዘፈትዎ ዓርከይ ብህይወት ከሎስ ከይፈለጥኩ ኢለ ተራገምኩ። ሸርሎክ ኣብ ኣእምሮይ ዝመላለስ ዝነበረ ሕቶ ተረዲኡ፡ “ብዘይካ ንመይክሮፍት ሓወይ ብህይወት ከም ዘለኹ ንዋላሓደ ሰብ ኣይሓበርኩን። ንዓኻ ኸኣ ኽነግረካ ኣይከኣልኩን። ምኽንያቱ ኾሉ ሰብ ከም ዝመትኩ ኽሓስበኒ ነይሩዎ። ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት ክጽሕፈልካ ኢለ ብዙሕ ተደናዲኔ። እንተ ኼነ ግን ንእሸተይ’ውን ትኾን ጌጋ እንተ ገይርካ ኣብ ሓደጋ ኽወድቕ ስለ ዝኽእል ኣቋሪጸየ። ሎሚ ምሸት ኣብ መንገዲ ምስ ረኣኹኻ’ውን እንተ ኼነ ኽዛረበካ ኣይከኣልኩን። ምኽንያቱ ሸዑ’ውን ኣብ ዓቢ ሓደጋ ስለ ዝነበርኩ’ዩ። ንመይክሮፍት ህላውነተይ ዝገለጸኩሉ ምኽንያት’ውን ገንዘብ ስለ ዘድለየኒ ጥራይ እዩ። ኣብ ቻይና ንኽልተ ዓመት ዘኣክል ኩለል ኢለ። ብዛዕባ ሳይነርሰን ዝበሃል ዳህሳሲ ኣንቢብካ ትኸውን ኢኻ። ንሱ ኣነ እየ። ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት ናብ ብዙሕ ኮርናዓት ዓለም በጺሐ። ሕጂ ኣብ መወዳእታኡ ኻብ ጸላእተይ ሓደ ጥራይ ኣብ ለንደን ከም ዝተረፈ ስለ ዘረጋገጽኩ እየ ተመሊሰ። እዛ ናይ ሮናልድ ኣድየር ቅትለት ተሃዊኸ ኽምለስ ገይራትኒ። ኣብዛ ጉዳይ ብዙሕ ተገዳስነት ከሕድር ዝገበረኒ ምኽንያት ኣሎኒ። ስለዚ እነኹልካ ተመሊሰ። ለነደን ምስ ኣተኹ ትኽ ኢለ ናብ ጉደና ቤከር እየ ኣምሪሐ። መይክሮፍት ገዛይ ከም ዝነበሮ ዓቂብለይ ጸኒሑ። ዋትሰን

ዓርከይ ድሕሪ እዚ ኾሉ እዋን ሎሚ ሰዓት ክልተ ኣብታ ናይ ቀደም ክፍለይ፡ ኣብ ናይ ቀደም ሰድያይ ኮፍ ኢለ። ሓደ ዝተረፈኒ ነገር እንተ ነይሩ ግን ምስ ዝፈትዎ ዓርከይ ገጽ ንገጽ ምርእኣይ ጥራይ እዩ፡" በለኒ። ሸርሎክን ዕላማ መምለሲኡን ተረዲኡኒ ሩፍ በልኩ። ሆልምስ ኣብታ ምሸት ዘዕለለኒ፡ ካብ ዝኾነ ኻልእ ሰብ እንተ ዝሰምየ ፈጺሙ ኣይምኣመንኩዎን ነይረ።

"ዋትሰን፡ ሎሚ ስራሕ ኣሎና" በለኒ ኸም ቀደሙ።

"እንታይ እዩ እቲ ስራሕ፧" ብሀንጡይነት ሓተትኩዎ። እንተ ኾነ ብዛዕባ እቲ ስራሕ ዝኾነ ኣይነገረንን።

"ቅድሚ ምውግሑ ዘደንቐ ነገራት ክትርእን ክትሰምዕን ኢኻ ዝዓርከይ፡ " በለኒ። "ብዛዕባ ካልእ ጉዳይና ኽሳዕ ትሸዓተን ፈረቓን ከነዕልል ንኽእል ኢና። ብድሕሪኡ ቐያ እታ ሰብ ዘይብላ ገዛ ኽንጅምር ኢና፡" ንዕዮኡ ኸም ቀደሙ ኣጻፊፉ ንብገስ ከም ዘለና ኣመንኩ። ልክዕ ናብቲ ናይ ቀደም ግዜ ኢና ተመሊስና። ሰዓት ትሸዓተን ፈረቓን ተበገስና። ኣነ ሸጉጠይ ኣብ ጁባይ ሒዘ፣ ሆልምስ ከኣ ኣብ ጉድነይ ብሰኞታ ተጓዓዝና። ሎሚ ምሸት ሓደ ገበነኛ ኽትሓዝ ምኻኑ እየ።

መጀመርያ ናብ ጉደና ቤከር ንኸይድ ዝነበርና እየ መሲሉኒ ነይሩ፡ ኣንፈት ተመልኪተ ግን ናበይ ከም ዝኾነ ጠፍኣኒ። ጉዕዞና ቐጸልና። ብድሕሪኡ ኻብ ታክሲ ወረድና ብእግርና ምጉዓዝ ጀመርና። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣንጎሎ፡ ሆልምስ ንሰዓብ ከይንህሉ ይከታተል ነበረ። ድሕሪ ናይ ዓሰርተ ደቓይቕ ጉዕዞ ኣበይ ከም ዘለና ጠፍኣኒ። ሆልምስ ግን ንጉደናታት ለንደን ከም ኩብዲ ኢዱ ኣጸቢቑ እየ ዝፈልጦ። ኣብ መወዳእታ ኣብ ሓንቲ ጸባብ ጉደና በጻሕና። ብየማነ-ጸጋም እዛ ጉደና ዝጸልመታ ኣረገውቲ

መወዳእታ ኣብ ሓንቲ ጸባብ ጐደና በጻሕና። ብየማነ-ጸጋም እዛ ጐደና ዝጸልመታ ኣረገውቲ ገዛውቲ ነበራ። ናብ ሓንቲ ኻብዘን ገዛውቲ ብኻንሸሎ ጾሊቕና ብምእታው፡ ናብ ማዕጾ እቲ ገዛ ኣምራሕና። ሆልምስ መፍትሕ ኣውጺኡ ነቲ ማዕጾ ኸፈቶ። ናብቲ ጸልማት ገዛ ምስ ኣተና፡ ሆልምስ ነቲ ማዕጾ ዓጸዎ። እቲ ገዛ ጥራዩ ምኻኑ ኣብኡ ኸሎ እዩ ተረዲኡኒ። ኣብቲ ምድሪቤት ዝኸነ ምንጻፍ ኣይነበረን። ነቲ መንደቕ ሃሰስ ምስ በልኩዎ ኸኣ ዝተቐላለጠ ቐለም ዳህሰስኩ። ሆልምስ ብዝሑላት ኣጻብዕቱ ኢደይ ብምሓዝ ክመርሓኒ ጀመረ። ሃንደበት ንየማን ገጹ ብምጥዋይ ናብ ሓንቲ ሰብ ዘይነበራ ቐኑዕ ርቡዕ ኮርናዕ ክፍሊ ኣእተወኒ። ካብቲ ናይ ጐደና ብርሃን ቀሩብ ይኣትዋ'ኳ እንተ ነበረ፡ ኮርንዓታ ግን ጸልማት እዩ ነይሩ። መስኩት እቲ ኽፍሊ ብደሮና ሕብሩ ቐይሩ ነበረ። ሆልምስ ኣእዳው ኣብ መንኩብይ ኣንቢሩ፡ ናብ ኣእዛነይ ብምቐራብ፡

"ኣበይ ከም ዘለናስ ትፈልጥዶ፧" በለኒ ብሕሹኹታ።

"እዋእ! እዚ ደኣ ጐደና ቤከር እንድዩ!" ብምግራም መለስኩ።

"ልክዕ ኣለኻ። ገዛይ እነሀለትካ ኣብቲ ስግር ጐደና፡" ኣመልከተለይ።

"ስለምንታይ ደኣ ናብዚ መጺእና፧"

"ምኽንያቱ ንገዛይ ካብዚ ጽቡቕ ገይርና ኽንርእያ ስለ ንኽእል። ናብ መስኮት ቀረብ እሞ ሰብ ከይረኣየካ ተጠንቂቕካ ኽፍልታተይ ተመልኸተን፡" በለኒ።

ተላሒገ ናብቲ መስኮት ብምቕራብ ተጠንቂቐ ንደገ ተመልከትኩ። ናብ መስኮት ናይ ሆልምስ ክፍሊ ምስ ጠመትኩ ብስንባደ ንድሕሪት ወደቐኩ። ኣበየ ኽፍሉ ኣዝዩ ደሚቐ ብርሃን የብርህ ነበረ። ናይ ሓደ ሰብ ጽላሎት በቲ መስኮት ደሚቑን ነጺሩን ይርአ ነበረ። ሽርሎክ ሆልምስ ኣብ ሰድያኡ ኮፍ ኢሉ ኸሎ ምኻኑ ኽምሕል ምኸኣልኩ። ብምሒር ምግራም ምሳይ ከም ዘሎ ኸረጋግጽ ንሆልምስ ዳህሰስኩዎ። ብሰሓቐ የንፈጥፍጥ ነበረ።

“እሞኽ፧” በለ ምስምባደይ እናኣስሓቐ።

“እዋእ ነዚ ብኽመይ ክትገብሮ ኽኢልካ፧” ሓተትኩ ብምግራም።

“ኣመና ንዓይ ይመስል ምሽ ሓቀይ፧”

“ንዓይ እኳ ኣደናጊሩኒ፧” በልኩዎ።

“ሓደ ፈረንሳዊ ስነ-ጥበበኛ እዩ ሰሪሑለይ። ብስምዒ ዝተሰርሐ ምስለይ እዩ። ሎሚ ናይ ድሕሪ ቐትሪ’የ ኣብኡ ኣንቢረዮ።”

“ግን፡ ስለምንታይ፧”

“ምኽንያቱ ኣብኡ ኸም ዘለኹ ክመስሎ ዝደለኹ ሰብ ኣሎ።”

“ዝከታተለካ ሰብ ዘሎ ኹይኑ ተሰሚዕካ፧” ስንብድ ኢለ ሓተትኩ።

“ዝከታተለኒ ሰብ ከም ዘሎ እምበር ኣርጊጸ ፈሊጠ።”

"መን ደኣ ኼይኑ፧"

"እቶም ናይ ቀደም ጸላእተይ ዋትሰን። እቶም መራሒኦም ኣብ መንጫፅጫፅታ ረይከንባክ ዘሎ። ንሳቶም ጥራይ እዮም ብህይወት ከም ዘለኹ ዝፈልጡ ነይሮም። ቀልጢፈ ወይ ደንጉየ ናብ ገዛይ ከም ዝምለስ ይፈልጡ እዮም። ንሰለስተ ዓመት ዝኣክል ክስልዩ ጸኒሖም፡ ሎሚ ንግሆ ኸኣ ርእዮምኒ።"

"ብኽመይ ፈሊጥካ፧" ተገሪመ ሓተትኩ።

"ምኽንያቱ ሓደ ኻብኦም ስለ ዝረኣኹ። ፓርከር ዝበሃል ግኑን ዘይኩነ ቐታሊ እዩ። ተግዳለይ ግን ብዛዕባኡ ዘይኩነ ብዛዕባ ለኣኺኡ እዩ። ንሱ ዓርኪ ሞርያርት እዩ ነይሩ። ኣኻውሕ ዘጽደፈለይ'ውን ንሱ እዩ። ኣብ ለንደን እቲ ቐንዲ ሓደገኛ ሰብ እዩ። እዚ ሰብኣይ ሎሚ ምሸት ክሃድነኒ እዩ። ዘይፈልጦ ነገር እንተ'ሎ ግን ንሕና'ውን ክንሃድኖ ምኻንና እዩ።" ብርእሰ-ተኣማንነት ተዛረበ።

እቲ ሓሳባት ክርደኣኒ ጀመረ። እቲ ኣብ መስኮት እንዳ ሆልምስ ዝርአ ጽላሎት መፈንጠራ ክኸውን ከሎ ንሕና ኸኣ ሃደንቲ። ሰባት ቡቲ ጐደና ኽመላለሱ ንዕዘቦም ነበርና። ሆልምስ ሓንሳብ'ውን ትኹን ካብ ዝነበሮ ኣይተነቓነቐን። ቡቲ ጐደና ንዝመላለሱ ሰባት ብዕቱብ ይምልከቶም ነበረ። ቁራሪ ምሸት እዩ ዝነበረ። ንፋስ ቡቲ ጐደና የፋጺ ብምንባሩ ዝበዝሑ ሰባት ርጉድ ዝበለ ኻቦት ለቢሶም ነበሩ። ሓደ ሰብኣይ ቡቲ ጐደና ኽመላለስ ዝረኣኹ መሰለኒ። ክልተ ሰብኡት ኣብ ኣፍደገ ናይ መንጽርና ዝነበረት ገዛ ደው ኢሎም ተመልከትኩ። ንሆልምስ ክነግሮ ደለኹ። ንሱ ግን ኮነታተይ ተዓዚቡ ኣጻብዑ ኣብ ኣፉ ገይሩ ትም ክብል ኣመልከተለይ። ጸኒሑ ሆልምስ ክርበሽ ጀመረ። እቲ መደብ ከም ዝሓሰቦ ኣይከደሉን።

ኣጋ ፍርቂ ለይቲ እቲ ጉደና ዳርጋ ሰብ ዘይብሉ ኾነ። ዓቕሊ-ጽበት ዝገበረ ሆልምስ ኣብቲ ኽፍሊ ናብዘን ናብትን ብምባል ተነነወ። ናብ ጉደና ቤከር ምስ ተመልከትኩ ኻልእ ዘገርም ነገር ረኣኹ። ንሆልምስ ብኢዱ ስሒብ ኽርኢ ኣመልከትክሉ።

"እቲ ጽላሎት ተንቀሳቒሱ!" ጨደርኩ። እቲ ጽላሎት ሕቕኡ ሂቡና ነበረ።

"ግድን ክንቀሳቐስ እዩ ኸኣ እምበር፡" በለኒ። "ዓሻ ድየ ዘመስለካ ዋትሰን። ኣብ ኤውሮጳ እቲ ዝበልሐ ሰብ ነዚ ጽላሎት ይከታተሎ ኣሎ። እንተ ዘይኣንቀሳቒሰዮ ኸደናግሮ ዘኽእልዶ ይመስለካ፧ ኣብዚ ኽፍሊ ኣብ ዝገበርናዮ ኽልተ ሰዓት እዚ ጽላሎት ሸሞንተ ግዜ ተንቀሳቒሱ ኣሎ። ወ/ሮ ሃድሰን ጽላሎታ ከም ዘይርኢ ገይራ ብጥንቃቐ እያ ተንቀሳቕሶ ዘላ፡" ወሰኸለይ። ምግራመይ ሰማይ ዝተንከፈ ኾይኑ ተሰምዓኒ። ልዕሊ ኻልእ ግዜ ንሸርሎክ ኣድነቕኩዎ።

እቲ ጉደና ጠቕሊሉ ሰብ ዘይብሉ ኮነ። እቶም ኣብ ኣፍደገ ዝነበሩ ክልተ ሰብኡት ህላውነቶም ከረጋግጸ ኣይከኣልኩን። ኮሉ ነገር ጸልማትን ጸጥ ዝበለን ኮነ። ሃንደበት ሆልምስ ናብታ ዝጸልመተት ኮርናዕ ናይታ ኽፍሊ ስሒቡ ኣጸገዓኒ። ብኢዱ ገይሩ ኣፈይ ዓበሰኒ። ስንብድ እኳ እንተ በልኩ። እቲ ነቲ ጸጥታ ጥሒሱ ሆልምስ ዝሰምዖ ድምጺ ኣነ'ውን ሰማዕኩዎ። ካብ ጉደና ቤከር ዝመጽኡ ድምጺ ዘይኮነ፡ ካብታ ዝነበርናያ ገዛ እዩ ነይሩ። ማዕጾ ተኸፊቱ ተዓጽው። ቀስ ኢለን ዝስንጥማ ኣእጋር ከኣ ናብታ ዝነበርናያ ኽፍሊ ገጸን መጸኣ። ሆልምስ ኣካላቱ ምስ መንደቕ ኣጣቢቑ ሰጥ ኢሉ ተጸግዐ። ኣነ'ውን ሽጉጠይ ኣብ ኢደይ ሒዘ ተጸጋዕኩ። በቲ ጸልማት ሓደ ሰብኣይ ኣብቲ ማዕጾ ደው ኢሉ ረኣኹዎ። ንገለ ደቓይቕ ስቕ ኢሉ ጠጠው በለ። ቀጺሉ ናብታ ኽፍሊ እናኣንፋሓኸ ኣተወ።

ካብና ሒደት ስጉሚ እዩ ርሒቑ ነይሩ። ክጐብጦ ሓሰብኩ። ሓደ ነገር ግን ተረደኣኒ። ኣብቲ ኽፍሊ ኸም ዘለና ኣይፈለጠን። ክሓልፈና ኸሎ ኽትንክፈና ቍሩብ'ዩ ተሪፉዎ። ነታ መስኮት ቀስ ኢሉ ፍቕቕ ኣቢሉ ተንበርከኸ። ካብቲ ጉደና ዝመጽእ መብራህቲ ኣብ ገጹ ዓለቡ። ትርኢቱ ብገለ ነገር ዝተሓጉሰ እዩ ዝመስል ነይሩ። ኣዒንቱ ኸም ኣብ ሰማይ ዘብልጭልጫ ኸዋኽብቲ ተኹሊዐን ንገጹ ኣድሚቑን ነበራ። ከንፈሩ ነኺሱ ፈተፊት እታ ፊንስትራ ተቐመጠ። በቲ ጩራ ብርሃን ተሓጊዘ ኸም ዝተዓዘብኩዎ ዕብይ ዝበለ ሰብኣይ፡ ኣፍንጫኡ ቐጣን ነዋሕ፡ ዝተሰቐሰቐ ግንባርን ጸዑቕ ጭሕምን ዝነበሮ ምኻኑ ኣስተወዓልኩ። ዓባይ ካብ ሃሪ ዝተሰርሐት ቀብዕን ልዕሊ ኻቦቱ ዝወጸ ጸዕዳ ካምቻን ለቢሱ ነበረ።

መጀመርያ በትሪ ሒዙ ዝነበረ መሰለኒ። ኣብ መሬት ምስ ኣቐመጣ ግን ገለ ጭል ዝብል ናይ ሓጺን ድምጺ ሃበት። ካብ ጅባኡ ገለ ነገር ኣውጽኡ፡ ናብታ ኸም በትሪ ዝምቕጣና ሓጺን ደኒኑ ምስ ኣገጣጠማ ኸኣ ሓደ ብርቱዕ ቃዕ ዝብል ናይ ሞላ ድምጺ ሰማዕና። ብድሕሪኡ ናብ ሓደ መለንኪኖ ተጉዝጊዙ ገለ ናይ ምግጥጣም ድምጺ ድሕሪ ምግባር ካልኣይቲ ቓዕ ትብል ደምጺ ሃበ። ትኽ ምስ በለ ኣብ ኢዱ እንታይ ሒዙ ኸም ዝነበረ ግሁድ ኩነለይ። ፍልይ ዝበለት ብረት እያ። ከፊቱ ገለ ምስ ኣእተወላ ገም ኣቢሉ ዓጸዋ። እቲ ኣፈ ሙዝ ናይዛ ፍልይቲ ብረት ኣብቲ መስኮት ኣደገፎ። ናብቲ ጽላሎት ዕላማ ኽገብር እንከሎ ኣዒንቱ ብታሕጓስ ክበርሃ ኣስተወዓልኩለን። ድሕሪ ናይ ገለ ኻልኢታት ዘይምንቅስቓስ ነታ ቓታ ሰሓባ። ካብ ኣብ ፊትና ዘላ መንገዲ ኣጋር ሓጸልጸል ዝብል ድምጺ ናይ ዝወደቐ ኼትሮ ሰማዕና። ሆልምስ ልክዕ ከም ነብሪ ነጢሩ ናብ ሕቐ እቲ ሰብኣይ ተወርወረ። እቲ ቐታሊ ብገጹ ናብ መሬት ወደቐ። ከይጸንሐ ግን ተንሲኡ ንሆልምስ ብጕረርኡ ሓዞ።

ብልዓት ሸጉጠይ ገይረ ኣብ ርእሱ ምስ ሃረምኩዎ መሊሱ ናብ መሬት ወደቐ። ከይንቀሳቐስ ከኣ ኣብ ልዕሊኡ ኹይነ ጸቐጥኩዎ። ሆልምስ ናይ ፖሊስ መጸውዒ ፊሽካኡ ምስ ነፍሐ፡ ቡቲ መንገዲ ኣጋር ናይ ዝገሩዩ ሰባት ድምጺ ሰማዕና። ነዊሕ ከይጸንሑ ክልተ ፖሊስን ሓደ ኽዳን ሲቪል ዝተኸድና መርማሪ ገበንን ደበኽ በሉ።

“ለስትራድ ዲኻ፧” ሓተተ ሆልምስ።

“እወ ኣነ እየ ኣቶ ሆልምስ። ነዛ ጉዳይ ኣነ እየ ዝከታተላ ዘለኹ። እንቋዕ ብሰላም ናብ ለንደን ተመለስካ።” በሎ ምቐልል ኢሉ። ኮልና ደው ኢልና ነቲ እሱር ጠመትናዮ። እቶም ክልተ ፖሊስ ምንቕ ከም ዘይብል ገይሮም ኣጽኒየም ሒዞሞ ነበሩ። ለስትራድ ፋኑስ ኣብሪሁ ነቲ ሰብኣይ ኣጸቢቑ ጠመቶ። ጨካናት ኣዒንቲ ዝነበርኦ ነዊሕ ድልዱል ሰብኣይ እዩ። ኣዒንቱ ናብ ሆልምስ ተኺልወን ነበረ። ዝተሓዋወሰ ስምዒታት ናይ ጽልእን ምግራምን ኣብ ገጹ ይንበብ ነበረ። ንሆልምስ ከኣ ደጋጊሙ “ኣታ ጋኔን፡ ተንኪለኛ ጋኔን!’ በሎ።

“ከመይ ኣለኻ ኮሎኔል፧ ካብታ ኣብ መንጫዕጫዕታ ኽትቀትለኒ ትፍትን ኣይተረኣኣናን ሓቀይ፧” ሆልምስ ብኣሽካዕላል መለሰ።

እቲ ኮሎኔል ቀው ኢሉ ድሕሪ ምጥማት። “ኣታ ተንኪለኛ ጋኔን!” ጥራይ ክብሎ ኸኣለ።

“እዚ ትርእዩዎ ዘለኹም ኮሎኔል ሰባስትያን ሞራን ይበሃል። ኣብ ህንዲ ዓሪዶም ካብ ዝርከቡ ሰራዊት ብሪጣንያ እቲ ዝሓየለ ተኳሳይን ሃዳናይን እዩ። ክሳዕ ሕጂ ብሃድን ነብሪ ዝወዳደረካ ኣይተረኽበን ሓቀይ ኮሎኔል፧” ሓተተ ሆልምስ።

እቲ ሓያል ሰብኣይ ግን ዋላሓንቲ ቓል ኣየውጽአን። ንሆልምስ ልክዕ ከም ዓጋዜን ዝረኣየ ነብሪ ብጽልእን ጭካነን ጠመቶ።

“ከታልለካ ምኽኣለይ ኣመና እዩ ገሪምኒ ኮሎኔል፡” ሆልምስ ኣብ ሕርቃኑ ሕርቃን ዝውሰኽ ዘረባ ደርጉሓሉ።

ኮሎኔል ሞራን ንሆልምስ ክጉብጦ ኢሉ ተወርወረ። እቶም ፖሊስ ኣጽኒያም ሒዞሞ ሰለ ዝነበሩ ግን ከድምዕ ኣይከኣለን።

“ነዛ ገዛ ኽትጥቀመላ ምምራጽካ ኸይገረመኒ ኣይተረፈን። ኣብ መንገዲ ዂንካ ኽትትከሰ እየ ተጸብየካ ነይረ። ለስትራድን እዞም ፖሊስን’ውን ኣብኡ እዮም ዝጽበዩኻ ነይሮም።”

ኮሎኔል ሞራን ናብ ለስትራድ ግልጽ ብምባል፡ “በጃኻ ቐልጢፍልካ ውሰደኒ። ካብ ናይዚ ጽሉል ዘረባ ዝሰምዕ ክእሰር ይሕሸኒ፡” በሎ።

“ደስ እናበለኒ እምበር! ካልእ ዝተረፈና ኣሎ ድዩ ኣቶ ሆልምስ፧” ሓተተ ለስትራድ።

ሆልምስ ነታ ናይ ኮሎኔል ፍልይቲ ብረት ኣልዒሉ ብጥንቃቐ ተመልከታ። “ድምጺ ዘይትገብር ሓያል ብረት። ነዚኣ ዝሰርሓ ጀርመናዊ ሰራሒ ብረት እፈልጦ እየ። ብዛዕባ ህላወ እዛ ሽጉጥ ንገለ ዓመታት ፈሊጠ እኳ እንተነበርኩ ንመጀመርያ ግዜ እየ ብኢደይ ዝሕዛ ዘለኹ። ጥዑይ ገይርካ ተመልከታ ለስትራድ፡ እተን ጠያይት ከኣ ኣይትረስዓየን፡” መልእኽቲ ኣመሓላለፈ።

“ሕራይ ከምኡ ኽንገብር ኢና ኣቶ ሆልምስ። ካልእ ተወሳኺ ኣሎ ድዩ፧” ንተወሳኺ ሓበሬታ ተጸበየ።

“ብምንታይ ኢኹምከ ኽትከስዎ፧” ሓተተ ሸርሎክ።

“እዋእ፡ ንሸርሎክ ሆልምስ ክቕትል ብምፍታኑ።”

“ኖኖ ለስትራድ ንዓይ ኣብዛ ጉዳይ ኣይተእትወኒ። ነዚ ምልእቲ ለንደን ተናድዮ ዝነበረት ዕሉል ገበነኛ ንስኻ ኸም ዝሓዝካዮ እዩ ኽፍለጥ ዘለዎ።”

“ሒዝካዮ፧ ንመን፧” ብዝተደናገረ ኣንደበት ሓተተ።

“ነዚ ኽትደልይዎ ዝቕነኹም ቀታሊ ሮናልድ ኣድየር፡ ኮሎኔል ሞራን። እቲ ብኽፍቲ መስኮት ናይ ጉደና ፓርክ ቁጽሪ 427፡ በዛ ብረት እዚኣ ተጠቒሙ ብዕለት 30 ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ንሮናልድ ኣድየር ዝቕተሎ ቐታሊ። እዚኣ እያ እታ ክሲ ለስትራድ። በል ዋትሰን ዓርኪይ እታ ዝተሰብረት መስኮት ቁሪ ዘይተእትወልና እንተ ኾይናስ ናብ ገዛይ ነዓናይ” ብምባል ጉዕዞ ጀመረ። ንለስትራድ ተመልከትኩዎ። ኣብ ገጹ ናይ ሓጉስ ክምስታ ዝተዓዘብኩ መሰለኒ።

እተን ክፍልታት ከምታ ዝገደፍኩወን እየን ጸኒሐናኒ። ወ/ሮ ሃደሰን ምስቲ ኻብ ስምዒ ዝተቐርጸ ምስሊ ኽትጽበየና ጸንሐት። እቲ ቐርጺ ልክዕ ንሆልምስ ዓርኪይ እዩ ዝመስል። ናይ ሆልምስ ክዳን ተኸዲኑ ኣብ ጣውላ ተቐሚጡ ነበረ።

“ልክዕ ከምታ ዝበልኩኺ ዶ ገይርኪ ወ/ሮ ሃድሰን፧” ሓተተ ሆልምስ።

“እወ፡ ሰብ ከይርእየኒ ብኣብራኽይ እናኣንፋሓኵኩ ኣትየ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓሰርተ ሓሙሽተ ደቓይቕ ይጠውዮ ነይረ።”

“ጽቡቕ ስራሕ ኢኺ ሰሪሕኪ። እታ ጥይት ኣበይ ከም ዝዓለበት ርኢኽያ ዶ ትኹኒ፧”

“እወ፡ ነዛ ናይ ስምዒ ቕርጻ እኳ ኣበላሽያታ እያ። ብርእሱ በሲዓ ብምሕላፍ ናብ መንደቕ ተጋጭያ። ኣነ ድማ ኻብ መሬት ኣልዒለያ፡ እነሃለትልካ።” ነታ ጥይት ኣቕበለቶ።

ሆልምስ ነታ ጥይት ናባይ ኣሕለፋ። “ርኣዮ’ሞ እዚ ዋትሰን፡ ነዛ ንእሽቶ ጥይት መን ካብዛ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ዓባይ ብረት ወጺኣ ኢሉ ኽግምት ይኽእል፧ በሊ ወ/ሮ ሃድሰን ብሩኽ ምሸት፡ የቕንየለይ ከኣ፡” ተፋነዎ።

ሆልምስ ነታ ዝዓነወት ቀርጺ ምስሉ ብምጥማት፡ “እዚ ኣራጊት ሃዳኒ ነብሪ ገና ሓያል ጨማቲ እዩ ዘሎ።” በለ። “ልክዕ ኣብ ርእሲ እኳ እዩ ጨሚቱዋ፡ ኣብ ህንዲ እቲ ዝበለጸ ጨማቲ እዩ ነይሩ። ገለ ወረኡ ሰሚዕካ ትፈልጥዶ፧” ሓተተኒ።

“ፈጺመ ኣይሰማዕኩን።”

“ብዛዕባ ሞርያርቲ’ውን ሰሚዕካ ኣይትፈልጥን ኢኻ፡ ንሱ ግን ሓደ ኻብቶም ኣብ ዓለም ዝበልሑ ገበነኛታት እዩ ነይሩ። ኮሎኔል ሞራን ኣባል ናይ ሓንቲ ፍልጥቲ ስድራቤት ዓዲ እንግሊዝ እዩ። ኣብ ዝበለጸ ኣብያተ ትምህርቲ ማለት፡ ኤቶንን ኦክስፎርድን ከኣ ተማሂሩ። ድሕሪ ኣብ ሰራዊት ምጽንባሩ ናብ ህንዲ እዩ ተመዲቡ። ብዛዕባ ሃድን’ውን ገለ መጽሓፍቲ

ጽሒፉ ኣሎ። ንንውሕ ዝበለ እዋን ኣብ ለንደን ድሕሪ ሞርያርቲ ዝስራዕ ሓደገኛ ሰብ እዩ ነይሩ።”

“ዘሕዝን’ዩ፡ ዓቢ ሰብ ክኸውን ምኽኣለ ነይሩ።” በልኩዎ ርእሰይ ብምውዝዋዝ።

“ብርግጽ ምኽኣለ፡ ኣዝዩ ተባዕ እዩ። ኣብ ህንዲ ክሳዕ ሕጂ እዮም ብዛዕባኡ ዘዘንትዉ። ሓደ እዋን ንሓደ ሰባት እናበልዐ ዘሸገሮም ነብሪ ስዒቡዎ ናብ ዓቢ ትዮ ማይ ኣትዩ። ብዘኽኑ ጌጋ መንገዲ ስለ ዝሓረየ ኣብዚ ደረጃ’ዚ በጺሑ ኣሎ። ምቕት ናይ ህንዲ ኽጻወሮ ስለ ዘይከኣለ ናብ ለንደን ተመሊሱ። ኣብዚ ኽኣ ነዊሕ ከይጸንሐ ሕማቕ ሸም ኣጥረየ። ስለዚ እዩ ኽኣ ፕሮፌሰር ሞርያርቲ ኣብ ልዕሊኡ ተግዳስ ከሕድር ዘኽኣለ። ሞራን ከይደንጮየ የማናይ ኢድ ናይ ሞርያርቲ ኽኑ። ሞርያርቲ ንሞራን ኣብ ዕብይ ዝበለ ስርሓት ገበን እዩ ዘሳትፎ ዘነበረ። ኣብ 1887 ዝተፈጸመ ቕትለት ወ/ሮ ስቲዋርት ትዝክሮዶ፤ ሞራን ኣብኡ ኢድ ከም ዘነበሮ ርግጸኛ እየ። እንተ ኽኑ ሞራን ከይተሓዝ ጽቡቕ ሸፋን እዩ ተገይርሉ ነይሩ። ናይ ሞርያርቲ ጉጅለ ምስ ተታሕዙ፡ ንሞራን ዘእሰር ዘኽኑ ጭብጢ ኽርከብ ኣይተኻእለን። ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ናብ ቤት ጽሕፈትካ መጺኡ መጋረጃ ኽዓጹ ትዝክሮዶ፤ ካብ ሸው ኣትሒዘ ብዛዕባ እታ ፍልይቲ ብረት ፍርሒ ነይሩኒ። ምኽንያቱ ኣብ ዓለም እቲ ዝነፍዐ ጨማታይ ኣብ ኢዱ ኽም ዘእተዋ ፈሊጠ ስለ ዝነበርኩ። ምስ ሞርያርቲ ብምኻን ናብ ስዊዘርላንድ ተኽቲሉና። ንሱ እዩ ኽኣ ኣብ ኣጻድፍ መንጫዕጫዕታ ረይክንባክ ንስክላ ተዓዊቱለይ ዝነበረ።” ብምባል እንቕዓ ኣስተንፈሰ።

ቀጺሉ፡ “እዘን ዝሓለፋ ዓመታት ገለ ኽረኽበሉ ኢለ ጋዜጣታት ክከታተል እየ ኣሕሊፈየን። ኣብ ለንደን ነጻ ኽሳዕ ዘሎ ኽምለስ ውሕስነት ኣይነበረንን። ስለዚ ገበን ክፍጽም ይጽበዮ ነይረ። እንታይከ እየ’ሞ ኽገብር፤

ተኩሰ እንተ ቐቲለዮ ገበነኛ ክኸውን እየ። ከየእስሮ ኸኣ ብዛዕባ ዝፈጸሞም ገበናት እኹል መረጋገጺ ኣይነበረንን። ስለዚ ብዘይካ ጋዜጣታት ምክትታል ካልእ ኣማራጺ ኣይነበረንን፣ ክሳዕ ቅትለት ሮናልድ ኣድየር ማለተይ'የ። ክሕዞ ዘኽእለላ ዕድል ከም ዝረኸብኩ ፈሊጠ። ምኽንያቱ ብዘይካ ሞራን ከምኡ ዓይነት ቅትለት ክፍጽም ዘኽእል ስለ ዘይለ። ጠላዕ ክጸወቱ ምስ ኣምሰዩ ናብ ገዝኡ ተኸታቲሉዎ፡ ብዙተኸፍተ መስኮት ጨሚቱ ኸኣ ቀቲሉዎ። ኣገባብ ኣማውታ ሮናልድ እዚ ምኻኑ ፈሊጠ ንለንደን ተመለስኩ። ሓደ ኻብ ተላኣኣኽቱ ኣብ መንገዲ ምስ ዝርእየኒ ንሞራን ከም ዝሕብሮ ርግጸኛ እየ ነይረ። ንሱ ኸኣ ተቓላጢፉ ክቐትለኒ ኸም ዝፍትን ፍሉጥ እዩ። ስለዚ ኸኣ ተቐላጢፈ ነታ ናይ ስምዒ ምስሊ ኣዳለኹዋ። ናብ እንዳ ፖሊስ ከኣ መጠንቀቕታ ለኣኽኩ። ነታ ነጻ ገዛ ኽከታተሎ ኢለ እየ መሪጸያ። ኣብኣ ኹይኑ ክቐትለኒ ኽፍትን እዩ ኢለ ግን ኣይሓሰብኩን። ኢሂ ዓጊብካዶ ዋትሰን፧" ፍሽኽ ኢሉ ተመልከተኒ።

"ኣይዓገብኩን። ሞራን ንሮናልድ ኣድየር ስለምንታይ ቀቲሉዎ፧" ዘይዕግበተይ ሓበርክዎ።

"ብዛዕባኡ እኳ ቕሩብ ግምት ምሕዋስ ከድልየና እዩ።"

"ሕራይ እስኪ እንታይ ኢልካ ትግምት፧" ኣዋጠርኩዎ።

"ብዙሕ ከቢድ ኣይኮነን፣ ከም ትዝክሮ ሮናልድ ኣድየርን ኮሎኔል ሞራንን ጠላዕ ተጻዊቶም ብርክት ዝበለ ገንዘብ ተዓዊቶም ነይሮም እዮም። ሞራን ኣብ ጸወታ መታለሊ እዩ፣ እናኣታለለ ኸም ዝጸወት ካብ ነዊሕ እዋን እየ ዝፈልጦ። ስለዚ ሮናልድ ኣድየር እዚ ምስ ፈለጠ ንሞራን ምትላል ከቋርጾ ኣጠንቂቑ፣ ነቲ ዝተዓወቱዎ ገንዘብ ከኣ ኽመልሱዎ ኸም ዘለዎም ነጊሩዎ ኣሎ። ሞራን ኣብ ጠላዕ ኣታሊሉ ብዝሰዓሮ ገንዘብ

እዩ ናብራኡ ዝመርሕ ነይሩ። ስለዚ እንኮ ውሕስነቱ ንሮናልድ ኣድየር ምቕታል'ዩ። ሮናልድ ከኣ ኽመልሶ ዘለዎ መጠን ገንዘብ እናቐጸረ እንከሎ ብጥይት ተሃሪሙ ሞይቱ። ስድራኡ ብዛዕባ እቲ ዝቐጽሮ ዝነበረ ገንዘብ ከይሓትኡ ኢሉ እዩ ነቲ ማዕጾ ዓጽዩዎ ዝነበረ። ጽቡቕ ገምጋም ዶ፧" ኣእዳው ንየማንን ጸጋምን ብምዝርጋሕ ሓተተኒ።

"ልክዕ ከም ዝረኸብካዮ ርግጸኛ እየ፡" ካብ ሕሉፍ ተመኩሪይ ብምትእምማን መለስኩ።

"እቲ ሓቂ ምፍላጥና ዘይተርፍ እዩ። ድሕሪ ሕጂ ኸኣ ኮሎኔል ሞራን ኣይከሸግረናን እዩ። እታ ህብብቲ ስርሓት ጀርመን ዝኸነት ብረት ኣብ እንዳ ፖሊስ ክትተሓዝ እያ። ስለዚ ኣነ ሸርሎክ ሆልምስ ንጉዳያት ለንደን ንምፍታሕ ደጊም ነጻ ኽይነ ኣለኹ፡" ብደስታ ጨደረ።